# ኤርትራ

## ካብ ግደይ ናብ ቀላሲት ጂኦፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃ



"ፍትሒ፣ ልምዓትን ጂኦፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃን"፡ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኣብ ዝተዳለወ መደብ ምብህሃል ዝቐረበ ወረቐት

4 – 6 መስከረም 2024

ኣስመራ፣ ኤርትራ

ሃገረ ኤርትራ

ሚኒስትሪ ፍትሒ

# ኤርትራ፥

## *ካብ ግደይ ናብ ቀላሲት ጂኦፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃ*

“ፍትሒ፡ ልምዓትን ጂኦፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃን፤ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኣብ ዝተዳለወ መደብ ምብህሃል ዝቐረበ ወረቐት

4 — 6 መስከረም 2024

ኣስመራ፡ ኤርትራ

ሃገረ ኤርትራ
ሚኒስትሪ ፍትሒ

እዚ ሕታም'ዚ ብሚኒስትሪ ፍትሒ ሃገረ ኤርትራ ተሓቲሙ።.
ኣስመራ፡ ኤርትራ።

ኤርትራ፡ ካብ ግዳይ ናብ ቀላሲት ጂኦፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃ

Copyright © 2024.

መሰል ድርሰት ሕሉው እዩ።

ናይ እንግሊዝኛ፡ ዓረብ፡ ፈረንሳይ፡ ስጳኛ፡ ዳችን ሩስያን ትርጉም ቋንቋታት ናይ'ዚ ሕታም ካብ መርበብ ሓበሬታ https://www.mojeritrea.net ክርከብ ይከኣል።

# ሰንጠረዥ ትሕዝቶ


ሰንጠረዥ ትሕዝቶ I

ዝርዝር ኣሕጽሮተ ቓል V

መእተዊ VII

ቀዳማይ ክፋል፡ ኣቀዋውማ ሃገራትን ጂኦፖለቲካ መግዛእቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን 1

1. ምሽማው ንኣፍሪቃ 1

ምኽንያታት ምሽማው ንኣፍሪቃ 1

ጂኦፖለቲካዊ ስምብራት ምሽማው ንኣፍሪቃ 2

ኤርትራ ከም ግዝኣት ኢጣልያ 3

2. መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ 4

ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታን ምኽንያትን ወራር ኢጣልያ ኣብ ኤርትራን 4

ዕላማ፡ ፖሊሲን ስትራተጅን መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ 5

ቍጠባዊ ምዝመዛ ኤርትራ ብመግዛእቲ ኢጣልያ 7

ማሕበራውን ባህላውን ጽልዋታት መግዛእቲ ኢጣልያ 8

መግዛእቲ ኢጣልያን ምቛም ኤርትራዊ መንነትን 8

ሓፈሻዊ ገምጋም ናይ ነዊሕ እዋን ጽልዋ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ጂኦፖለቲካዊ ዕብየት ኤርትራ 9

**ካልኣይ ክፋል፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ንቕሓትን ጂኦፖለቲካ ዝሑል ኲናትን 11**

1. ጥልመት ብሪጣንያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ 11

2. ንኤርትራ ዘይብቕዕቲ ንምግባርን ንምምቕቓላን ዝተኻየዱ ፈተነታት ብሪጣንያ 12

ውጥን በቪን-ስፎርዛ 15

ምዕናው ኤርትራ ብብሪጣንያ 16

3. ውልዶ ንቕሓት ኤርትራዊ ሃገራውነትን፡ ተጻብኦ ብሪጣንያ ንሓርነታዊ ምንቅስቓሳትን 18

4. ክልከላ ናጽነት ኤርትራ ብኣሜሪካ፡ ውሳነ ሓፈሻዊ ጒባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቊጽሪ 390 A(V) ከምኡውን ስኑዕ ፌደሬሽን 21

እቲ ስኑዕ ፌደሬሽንን ኣፈራርሳኡን 24

**ሳልሳይ ክፋል፡ ሰውራ ኤርትራን ጂኦፖለቲካ ገድልን 27**

1. ምፍራስ ፌደሬሽንን ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎን 27

2. ኣህላኽን ነዊሕን ጒዕዞ ንስምረት 30

3. ኢትዮጵያ፡ ፈረስ ትሮይ ኣብቲ ዓቢ ጂኦፖለቲካዊ ቅልስ 32

4. ማሕበራዊ ለውጢ፡ እቲ ካልኣይ ገጽ ሰውራ ኤርትራ 36

5. ምዕዋት እቲ ዝዓበየ ዕላማ፡ ርእሰ-ውሳነን ናጽነትን 39

6. ዝምድና ምስ ካልኦት ምንቅስቓሳት ሓርነት 40

7. ድልየት ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ምትግባር 41

**ራብዓይ ክፋል፡ ልኡላዊት ኤርትራን “መኸተምታ ታሪኽን” 43**

1. ምቕያር ስርዓት ኣካዪዳ ጂኦፖለቲካ ከባቢና 43

2. ምቕያር ስርዓት ኣካዪዳ ኣህጉራዊ ረዲኤት 45

3. ዝሰመረ ትንቢት፡ ሓድሽ ተጻብኦ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ 48

4. ሕማቕ ኣብነት ናይ ጽቡቕ ኣብነት 51

5. ናይ መጻኢ ጉደና 55

**መወከሲ ጽሑፋት 59**

## ዝርዝር ኣሕጽሮተ ቓል

| | |
|---|---|
| ህወሓት | ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ |
| ህግሓኤ | ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ |
| ህግደፍ | ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን |
| ተሓኤ | ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ |
| ኢህወደግ | ናይ ኢትዮጵያ ህዝብታት ወያናይ ደሞክራሲያዊ ግንባር |
| ኦነግ | ምንቅስቓስ ሓርነት ኦሮሞ |

# መእተዊ

ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ብጂኦፖለቲካዊ ስልቲ ገዛእቲ ሓይልታት ኣብ መበል 19 ዘመን ዝተፈጥራ ሃገራት እየን። ነዚ ዘሕዝን ታሪኽ'ዚ ምቕባሉ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ሓቂ ግና ንሱ ስለ ዝኾነ ካብ ምቕባሉ ወጻኢ ካልእ ኣማራጺ የብልናን። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኰይኑ፡ ህዝብታት ናይዚ ከባቢ ብሰንኪ ጒድለት መራሕቶምን ቅንዕና ዝጎደሎም ተመራመርቲ ታሪኽ ኢና በሃልቲ ዝመሃዝዎም ምስ ኰውንነት ዘይራኸቡ ጽውጽዋያትን፡ ከቢድ ዋጋ ከፊሉ እዩ። ንኸባቢና ሓሊኹም ካብ ዝሓዙ ተደጋገምቲ ተርእዮታት ኲናት፡ ድኽነትን ድሕረትን ምሉእ ብምሉእ ሓራ ንኽንወጽእ ክብ ኢሉ ንዝተገለጸ ሓቀኛ ኰውንነት ታሪኽ ብድፍረት ምቕባሉን ብትብዓት ምግጣሙን ከድልየና እዩ። ከምዚ ምስ እንገብር ጥራይ ድማ'ዩ ንታሪኽና ኣብ ረብሓና ኣውዒልና ሓባራዊ ብሩህ መጻኢ ክንሃንጽ እንኽእል።

መግዛእቲ ኢጣልያ ነታ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ እትርከብ ሃገር ኤርትራ ዝብል ስም ሂቦም ከም ግዝኣቶም ክሕዝዋ ከለዉ ደቀባት ናይዚ ከባቢ ፍቓዶም ኣይተሓተቱን፣ ታሪኾም፡ እንተ ንጽቡቕ እንተ ንሕማቕ፡ ሓድሽ ኣንፈት ይሕዝ ምንባሩውን ኣስተውዒሎሞ ነይሮም ክበሃል ኣይከኣልን። መግዛእቲ ኢጣልያ ንደቀባት ናይዚ ኸባቢ ብግዲ ከም ዝዕስክሩ ብምግባር ኣብ ዘይምልከቶም ኲናት ከዋግእዋም ምስ ጀመሩ፡ ሓባራዊ ምረት ዝመሰረቱ ኤርትራዊ መንነት ክውለድ ጀሚሩ። ኣብ ምህናጽ ጽርግያታት፡ መስመራት ባቡር፡ መንግስታዊ ህንጻታት፡ ኣብያተ-ክርስትያንን ሓወልትታትን ዝነበረ ክቱር ጭቆና ደቀባት ዘንቀሎ ሓባራዊ ምረትውን ሓድሽ ስምዒት ሓድነት

ፈጢሩ። ንደቀባት ናይዚ ከባቢ ካብቲ ዝነብሩሉ ቦታታት ኣልዒልካ ንየኦም ኣብ ዘይበቅዕ ቦታ ብምስፋርን ከም ኣገልገልቲ ገዛ፡ ሸቃሎ ፋብሪካታትን ዝተሓተ ናይ ጽሕፈት ስራሕ ከም ዝዓዩ ምግባር ዝፈጠሮ ብድሆውን ንኤርትራውነት ወሊዱ፡ ደሞምን ረሃጾምን ኸኣ ንኤርትራ ፈጢሩ።

ጥልያን ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ተሳዒሮም ካብ ኤርትራ ምስ ወጹ፡ ኤርትራውያን ብየዋህነት፡ ዋናታት መጻኢኦምን ሃገሮምን ዝኾኑ መሲልዎም ነበረ። እዚ ግና ኣይኰነን። ናይ ዝሑል ኲናት ጂኦፖለቲካ ምትህልላኽ ዓበይቲ ሃገራት፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ኣዝዩ መሪር ግና ኣገዳሲ ትምህርቲ ኣስኒቑ። ንሱ ድማ ናጽነትካ ፈትዩ ዝህበካ የልቦን፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ሓይሊውን ከይተረፈ ተጠቂምካ ንናጽነትካ ባዕልኻ ጥራይ ኢኻ ክትጭብጦ እትኽእል። ክንዲ ዝኾነ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስቶም ኣዝዩ ነዊሕ ግዜ ዝወሰዱ ቃልስታት ዓለም ዝስራዕ ሰውራ ጀሚሩ። ሕመረት ሰውራ ኤርትራ ኣንጻር ጸላኢ ገጢምካ ናጽነት ምጭባጥ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣንጻር'ቲ ጉድለት ንቕሓት ዝጠንቀኡ ድሑር ኣተሓሳስባታትውን ዝቐንዐ ነበረ። በዚ ምኽንያት፡ ሰውራ ኤርትራ፡ ናጽነት መላእ ሃገር ኣብ ምጭባጥ ጥራይ ከይተሓጽረ ብመሪር መስዋእቲ ብዝተኾልዐ ብጻይነት ኣቢሉ ጥሙር ኤርትራዊ ሃገራውነት ከደልድልውን ክኢሉ።

ሰውራ ኤርትራ ሓደ ካብቶም ደማዊ ቃልስታት ናይ ከባቢና ኰይኑ፡ ኣሕዋት ንዝኾኑ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣለውና ብዝብልዎም ጸጋታት ሰፍ ዘይብል ዋጋ ዘኽፈለን ኵሉ መዳያዊ ዕድላቶም ዝቘጸየን እዩ። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተዓዊቱ፡ ናጽነት መላእ ሃገር ምስ ተረጋገጸ፡ ካብ ሕሉፍ ታሪኽ ተበጊስካ ህዝቢ ናይዚ ከባቢና ክርህዎ'ዩ ዝብል ተስፋታት ነይሩ። ይኹን እምበር፡ ብሰንኪ እቶም ድሑር ኣተሓሳስባታትን ግጉይ ንባብ ታሪኽን ዘለዎም ወገናት፡ ልክዕ ከምቶም ኣብ ታሪኽ ተመሳሳሊ ጉድለት ዝፈጸሙ ኣያታቶም፡ ንገዛእ ርእሶም ከም ዓቢ ሓይሊ ብምውሳድ ህዝቢ እዚ ከባቢ ነቲ ተስፋ ዝገበረሉ ብሓባራዊ ጸዓት ዝተረጋገጸ ሰላም፡ ፍትሕን ልምዓትን ከም ዘየስተማቕር ገበርዎ።

ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ድሒሩ ዝተወልዐ ኲናትውን ዝያዳ ደማውን ኣዕናውን ነበረ። ይኹን እምበር፡ ንኣጠማምታ ሃገራት ኣብ ምውሓስ ድሕነተንን መደባት ልምዓተንን ከም ነጥበ-መቐይሮ ይውሰድ። ሃገራት፡ ውሽጣዊ ብድሆታተን ብውሽጣዊ ኣገባባት ከም ዝፍታሕን፡ ልምዓትን ዕብየትን ድማ ንሰላም፡ ፍትሕን ዕብየትን ኣብ ምውሓስ ብዝግበር ሓባራዊ ጻዕሪ ጥራይ ይረጋገጽ ዝብል ንቕሓት ተፈጢሩ።

# ቀዳማይ ክፋል፡ ኣቀዋውማ ሃገራትን ጂኦፖለቲካ መግዛእቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን

## 1. ምሽማው ንኣፍሪቃ

ምሽማው ንኣፍሪቃ (Scramble for Africa) ኣብ ጂኦፖለቲካዊ ኣቀዋውማ መሬት ኣፍሪቃ ዓቢ ስምብራት ዝገደፈ ታሪኻዊ ተርእዮ እዩ። እዚ ታሪኻዊ ተርእዮ'ዚ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ኤውሮጳዊ ነቕጣ ንግድ ምቛም፡ ምኽፋት መትረብ ስወጽ፡ ቀዋሚ ግዝኣት ምውሓስ ብዝብሉን ካልኦት ዝተሓሳሰኹ ምኽንያታትን ዝተደረኸ ነበረ።

### ምኽንያታት ምሽማው ንኣፍሪቃ

ተመራመርቲ ታሪኽ፡ ካብ 1880 ክሳዕ 1919 ዘሎ ግዜ "ዘመን ምርግጋእ" (era of pacification) ብምባል ይገልጽዎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣፍሪቃ በተን ናይቲ እዋን'ቲ ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት ኤውሮጳ ተመቓቒላ፡ ተወሪራን ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቊጽጽረን ኣትያን ነበረት። ቀንዲ ምኽንያት ምሽማው ንኣፍሪቃ ኣብ መንጎ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳን ጀርመንን ዝነበረ ውድድር ኰይኑ ናብቲ ካብ 1884-85 ዝነበረ ብበርሊን ኮንፈረንስ ዝፍለጥ ርክብ ኣምሪሑ፤ ኣብ መወዳእታ ኸኣ እቲ ንምሽማው (ምምቕቓል) ኣፍሪቃ ዝምልከት ሰነድ ተዳልዩ። ዝሰዓቡ ዓመታት ናይቲ ብ'ዘመን ምርግጋእ' ዝፍለጥ እዋን፡ ኣብቲ ሰነድ ምሽማው ዝሰፈረ ምምቕቓል ኣፍሪቃ ኣብ

ግብሪ ንምውዓል ዝተኻየዱ መስርሓት ምውፋር ሰራዊት፡ ግብራዊ ቍጽጽር ናይቶም ብወራር ዝተታሕዙ ከባቢታትን፡ ንምዝመዛ ጸጋታት ግዝኣታቶም ዘዐውት ምምሕዳራውን ትሕተ-ቕርጻውን መደባት ምክያድን የጠቓልል።

ምሸማው ንኣፍሪቃ ዝተሓላለኸን ብዙሕ ዝገጽታኡን ታሪኻዊ ተርእዮ እዩ። ብፖርቱጋል፡ ዳችን ብሪጣንያን ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝተደኰኑ ነቑጣታት ንግዲ፡ መሰረት ምሸማው ኣፍሪቃ ነበሩ። እዞም ነቑጣታት ንግዲ እዚኣቶም፡ ኣብ ፈለማ ንምዝመዛ ባህርያዊ ጸጋታትን ምምስራት መርበባት ንግድን ዝምልከቱ እኳ እንተነበሩ፡ ኣማስያኡ ግና ኣብቲ ከባቢ ቀዋሚ ዝኾነ ግዝኣታዊ ቍጽጽር ክህሉ ኣለዎ ዝብል ድልየት ኣለዓዓሉ። ምኽፋት መትረብ ስወጽ ኣብ 1869፡ ንምሸማው ኣፍሪቃ ዝደረኸ ካልእ ኣገዳሲ ረቛሒ ነበረ። ምኽፋት ናይዚ መትረብ'ዚ ኣብ መንጎ ኤውሮጳን ኤስያን ቀጥታዊ መስመር ባሕሪ ዘርሓወ ኰይኑ፡ ንቐይሕ ባሕሪ ኣገዳስነት ዘለዎ ስትራተጂያዊ መተሓላለፊ ገበሮ። ብተወሳኺ፡ ፖለቲካውን ቍጠባውን ዓብላልነት ምውሓስ፡ ምስፋሕ ኤውሮጳዊ ጽልዋታትን ንኽፍለ-ዓለም ኣፍሪቃ ምስልጣን (ምምዕባል) ዝብሉ ምኽንያታት ሓያላት ኤውሮጳ ኣብዚ ክፍለ-ዓለም'ዚ ቀዋሚ ግዝኣት ንኽህልዎም ደረኹ።

## ጂኦፖለቲካዊ ስምብራት ምሸማው ንኣፍሪቃ

ምሸማው ንኣፍሪቃ ኣብ ጂኦፖለቲካዊ ኣቀዋውማ መሬት ኣፍሪቃ ዓቢ ስምብራት እዩ ገዲፉ። ገዛእቲ ሓይልታት ኤውሮጳ ብሃውሪ ዝገበርዎ ምምቕቓል ክፍለ-ዓለም ኣፍሪቃ ንማሕበራዊ፡ ቍጠባውን ፖለቲካውን ኣቃውማ ናይቲ ከባቢ ግምት ዘይሃበን፡ ዝተፈጥረ ሰብ-ሰርሖ ዶባት ብልማድ ንዝጸንሐ ፖለቲካዊ ኣቃውማ ዝዘረገን ነበረ። እዚ ድማ ጂኦፖለቲካዊ ውጥረትን ግርጭታትን ከም ዝፍጠሩን ጸጋታት ንምርካብ ወይ ስትራተጂያዊ ከባቢታት ንምቍጽጻር ዝዓለመ ምቛም ሓደስቲ ግዝኣታት ኣስዒቡ።

ምሸማው ንኣፍሪቃ ኣብ ቍጠባውን ቴክኖሎጂያውን ዕብየት ክፍለ-ዓለም ኣፍሪቃ ኣገዳሲ ግደ ተጻዊቱ። ገዛእቲ ሓይልታት ኤውሮጳ፡ ንደቀባት ናይቲ

ከባቢ ብምድቃስ፡ ንባህርያዊ ጸጋታትን ሕርሻዊ ዓቕምታት ግዝኣታቶም መዝሚዞሞ። ከም ዕደና፡ ምህናጽ መስመራት ባቡርን ወደባትን ዝበሉ ስርሓት ትሕተ-ቕርጺ ኣብ ምስላጥ ንግድ፡ መጓዓዝያን ከምኡውን ኣብ ጂኦፖለቲካን ቊጠባን ኣፍሪቃ ዓቢ ጽልዋ ኣሕዲሩ።

## ኤርትራ ከም ግዝኣት ኢጣልያ

ኤርትራ፡ ሓንቲ ካብተን ብሰበብ ምሽማው ንኣፍሪቃ ኣብ መወዳእታ ናይ መበል 19 ዘመን ብገዛእቲ ሓይልታት ኤውሮጳ ዝተፈጥረት ሃገር እያ።

ኤርትራ፡ ብቐንዱ ብሰንኪ'ቲ ኣብ መንጎ ፈረንሳን ብሪጣንያን ዝነበረ ወጥሪ፡ ኣብ 1890 ከም ግዝኣት ኢጣልያ ቖመት። ጂኦፖለቲካዊ ውድድር እዘን ክልተ ሓይልታት ምስቲ ኣብቲ እዋን'ቲ (ካብ 1888 ክሳዕ 1892) ዘጋጠመ ብ"ዘመነ ኣካሒዳ" ዝፍለጥ ከቢድ ጥሜት፡ ተኸታተልቲ ወራራት መሳፍንቲ ትግራይ፡ ሃይማኖታዊ ተልእኾ ካቶሊካዊት ሚስዮናውያንን ጽልዋ ኩባንያ መራኽብ ሩባቲኖ ኣብ ወራር ኢጣልያ ንኤርትራ ግደ ነይሩዎም።

መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቊጠባውን ቴክኖሎጅያውን ምዕባለታት ኤርትራ ስምብራት ገዲፉ። ኢጣልያ ዜጋታታ ኣብ ኤርትራ ብምስፋር፡ ትሕተ-ቕርጺ ብምምዕባል፡ ባህሪያዊ ጸጋታት ብምጉሕጓሕ፡ ስርሓት ሕርሻ ብምስፋሕን መስመር ንግድ ቀይሕ ባሕሪ ንምዕብላል ወደባት ብምህናጽን ጂኦፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊን ቊጠባውን ረብሓታታ ኣብ ምውሓስ ተጸሚዳ ነበረት።

ንኤርትራውያን ወተሃደራት ምዕስካር ዝብል መግዛእታዊ ስትራተጂ ኢጣልያ፡ ቀንዲ ኣካል ናይቲ ንኸባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናይ ምቊጽጻር ጂኦፖለቲካውን ስትራተጂያውን ውጥን ኢጣልያ ነበረ። መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪካ ንኸስፋሕፍሕ ዘንቀዶ ትልሚ ኣብ ምትግባር፡ ንኤርትራ ስትራተጂያዊት መንጠሪ ባይታ ገይሩዋ። እዚ ድማ ኣብ ጂኦፖለቲካዊ ምዕባለታት ናይዚ ከባቢ ከቢድ ስምብራት ሓዲጉ።

## 2. መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ

### ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታን ምኽንያትን ወራር ኢጣልያ ኣብ ኤርትራን

መወዳእታ ናይ መበል 19 ዘመን፡ ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣገደስቲ ለውጥታት ዝተራእየሉ እዋን ነበረ። ምውዳቕ ማህዳውያን፡ ምቕልቃል ሃጸያዊ ግዝኣት ኢትዮጵያ፡ ምስፍሕፋሕ ግዝእቲ ሓይልታት ኤውሮጳ ከም ቀንዲ ምዕባለታት ናይ'ዚ ከባቢ ይጥቀሱ። እዞም ለውጥታት እዚኣቶም፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ከቢድ ስምብራት ኣብ ዝሓደጉ ተኸታተልቲ ውግኣት መሰረት ዝገበሩ ነበሩ። ውግእ ጉንደት (1875) ኣብ መንጎ ምስርን ሃጸይ ዮውሃንስን፣ ውግእ ዓድዋ ውግእ ዶጋሊ (1887) ኣብ መንጎ ኢጣልያን ራእሲ ኣሉላን፣ ውግእ ኣቑርደት (1890፡ 1893)ኣብ መንጎ ኢጣልያን ማህዳውያንን፣ ውግእ ዓድዋ (1896) ኣብ መንጎ ኢጣልያን ሃጸይ ሚኒልክን ከም ኣብነት ናይቶም ዝተኻየዱ ውግኣት ይጥቀሱ። እዞም ተኸታተልቲ ውግኣትን፡ ከም ዝተናውሐ ምጥፋእ ዝናብ (ደርቂ)፡ ሕማም ጉልሓይን ወራር ኣንበጣን ዝኣመሰሉ ባህርያዊ ጉድኣታትን ተደማሚሮም ማሕበረ-ቍጠባዊ ህይወት ኤርትራውያን ብምዝራግ፡ ንወራር ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ጥጡሕ ባይታ ፈጠሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዓብላልነት ናይተን ከም ፈረንሳን ብሪጣንያን ዝበላ ግዝእቲ ሓይልታት ኤውሮጳ ምብዳህ ዝብል ጂኦፖለቲካውን ስነ-ሓሳባውን ኣጀንዳ፡ ንወራር ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ተወሳኺ ዕድል ዝፈጠረ ምኽንያት ነበረ።

ንድሕሪት ምልስ ኢልና ምስ እንምልከት፡ ናይ 1861 ሕብረት ኢጣልያ፡ ንዝተፈላለዩ ግዝኣታት ኣብ ትሕቲ ንግስነት ኢጣልያ ብምሕባር እዩ ተኻዪዱ። ይኹን እምበር፡ እዘን ዝሓበራ ግዝኣታት ከም ድኽነት፡ ሽቕለት ኣልቦነትን መሃይምነትን ዝበሉ ብድሆታት ስለ ዝነበሩወን ብዙሓት ኢጣልያውያን ሃገሮም ገዲፎም ንኽስደዱ ተገደዱ። ነዚ ፖለቲካዊ ድኽመት ብምርዳእ፡ ኢጣልያውያን ናይ ግዝኣት ህርፋኖም ንምርዋይ ደገፍ ዓባይ ብሪጣንያ ንኽሓቱ ተቐሲቦም ነበሩ።

ኣብ 1869 ጁሰፐ ሳፔቶ ዝተባህለ ኢጣልያዊ ሚስዮናዊ፡ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ (ዓሰብ) ንእሽቶ መሬት ብስም ንግስነት ኢጣልያ ዓዲጉ። ኢጣልያ፡ ንተቐናቐንቲ ሓይልታት ኤውሮጳ ብምስጋእ፡ ነዚ ብስማ ዝተዓደገ መሬት'ዚ ግዝኣታ ምዃኑ ንኸተፍልጥ ኣብ ፈለማ ኣይደፈረትን። ኣብ ዝሰዓቡ ዓሰርተ ዓመታት ግና፡ ነዛ ኣስታት 630 ት/ኪሜ ዝስፍሓታን ከባቢ 1,253 ተቐማጦ ዝነበርዋን ንእሽቶ ግዝኣት ዓሰብ ወግዓዊት ግዝኣት ኢጣልያ ኮነት። ኣብ ዓሰብን ከባቢኣን ግዝኣታ ድሕሪ ምድልዳል፡ ኣብ 1884 ኣምባሳደር ኢጣልያ ኣብ ሎንዶን፡ ኢጣልያ ንወደብ ምጽዋዕ ክትሕዛ ትደሊ እንተኾይና ጸሓፊ ጕዳያት ወጻኢ ብሪጣንያ ከም ዝሓተቶ ንማንቺኒ ሓበሮ። ኢጣልያ ነዚ ዕድመ'ዚ ተቐቢላ ብዘይ ተቓውሞ ሰራዊት ምስሪ ንምጽዋዕ ኣብ 1885 ተቈጻጸረት። እዚ ንግዝኣት ኢጣልያ ኣብዚ ኸባቢ ዘመልከተ ኰይኑ፡ ኣብ 1890 ኢጣልያ ንምሉእ ኤርትራ ከም ግዝኣታ ተቘጻጸረታ።

## ዕላማ፡ ፖሊሲን ስትራተጅን መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ

መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ፡ ንመሬትን ህዝብን ብምቍጽጻር ግዝኣቶም ንምድልዳል ብዝኽተኽተልዎም ዝተፈላለዩ ፖሊሲታትን ስትራተጅን ይልለ። መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ብቐንዱ ሰለስተ ዓበይቲ ሸቶታት ንምዕዋት ዝዓለመ ነበረ። ቀዳማይ፡ ኤርትራ ንኤውሮጳውያን ዝሰማማዕ ክሊማ ዘለዋ፡ መሬታ ድማ ስቡሕን ንመስኖኣዊ ሕርሻ ምቹእ ምዃኑን ብምግምጋም ምስፋር ኢጣልያውን ሓረስቶት ኣብ ኤርትራ ከም ዕላማ ተወስደ። ነዚ ዕላማ ንምዕዋት ዘገልግል ሰፊሕን ስቡሕን መሬት ካብ ኤርትራውያን ሓረስቶት ብምህጋር፡ ዳርጋ ፍርቂ ዝሕረስ መሬት ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር መግዛእታዊ መንግስቲ ኣእተዎ። ብተኸታተልቲ ድንጋገታት ኣቢሉ ድማ ከም ከባቢታት ገማግም ባሕሪ፡ ጫካታትን፡ ምድሪ መታሕትን ዝበሉ ስፍራታት መሬት መንግስቲ (*terre dominiali*) ክኾኑ ተወሰነ።

ካልኣይ ዕላማ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ንፋብሪካታት ኢጣልያ ዝኸውንን ተወዳደርቲ ዝኾኑ ፍርያት ናብ ዕዳጋ ኤውሮጳ ንምቕራብ ዘገልግልን ጥረ ነገር (ባህሪያዊ ሃብቲ) ምርካብ ዝብል እዩ። ነዚ ዕላማ'ዚ ንምትግባር ንኣሽቱ

ፋብሪካታት ኣብ ኤርትራ ተተኺሎም። እዞም ፋብሪካታት ኣብ ዕብየት ቍጠባ ኤርትራ ኣገዳሲ ኣበርክቶ እኳ እንተዘይነበሮም፡ ፍርያት ኢጣልያ ኣብ ዕዳጋታት ኤርትራን ምብራቕ ኣፍሪቃን ኣብ ምትእትታው ግና ከም መራኸቢ ኣገልጊሎም። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ምህናጽ ጽርግያታት፡ መስመራት ባቡርን ወደባትን ጥረ ነገራትን ምህርትን ካብን ናብን ኣብ ምጕዕዓዝ ሓጋዚ ተራ ነበሮም።

ሳልሳይ ዕላማ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ክንዮኡን ንዝነበሮም ውጥን ምስፍሕፋሕ ንኤርትራ ከም መንጠሪ ባይታ ክጥቀሙላ ዝብል ነበረ። ናይ ቀደም ሓያልነት ግዝኣት ሮማውያን ብሓደስቲ ግዝኣታት ኣቢልካ ንምዅልዑን፡ ኢጣልያ ዝረብሕ ግዝኣታት የብላን ብምባል ዝቐርቡ ንዝነበሩ ምንጽኣሳት ንምብዳህን፡ ኢጣልያ ብፍላይ ንኢትዮጵያ፡ ሶማልያን የመንን ናይ ምውራር ልዑል ሕልሚ ነበራ። ምስ ምምጻእ ፋሽስታዊ ስርዓት ቤኒቶ ሞሶሊኒ፡ እዚ ናይ ምስፍሕፋሕ ሕልሚ ብዝያዳ ሓዪሉ፡ ኣብ 1936 ኤርትራ፡ ሶማልያን ኢትዮጵያን ዘካተተ ግዝኣት ኢጣልያዊ ምብራቕ-ኣፍሪቃ ፈጢሩ።

ስለዚ፡ ኵሎም እቶም ፖሊሲታት ልምዓትን ተዛመድቲ ንጥፈታትን መግዛእቲ ኢጣልያ ክብ ኢሎም ንዝተገለጹ ሰለስተ ዓበይቲ ዕላማታት ኣብ ምዕዋት ዘተኰሩ ነበሩ። ገለ ካብቶም ካብ መወዳእታ ናይ 1880ታት ኣትሒዞም ኣብ ኤርትራ ዝተኻየዱ ዓበይቲ መደባት መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ 1887 ዝተጀመረ ምዝርጋሕ መስመር ባቡር ኰይኑ፡ እቲ ቀዳማይ መስመር ኣብ 1888 ዝተዛዘመ ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ምስ ሰሓጢ ዘራኽበ 27 ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ መስመር ባቡር ነበረ። እዚ መስመር'ዚ ከም ዝሰፍሕ ብምግባር ኣብ 1911 ናብ ከተማ ኣስመራ በጺሑ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሓደ ምእኩል መንግስቲ ንኽትመሓደር ዝሓገዙ ከም ወደባት፡ ጽርግያታት፡ መራኸቢታት ቴሌፎን፡ ፋብሪካታት፡ ማእከላት ምምሕዳር፡ ነቑጣታት ፖሊስ ወዘተ ከም ዝዋደዱ ተገብሩ። ዝበዝሑ ናይ ታሪኽን ምሁራትን ካልኦት ክኢላታትን፡ ንቕሓት ፍሉይ

ኤርትራዊ መንነት ኣብዚ እዋን'ዚ ከም ዝተወልደ ይሰማምዑ። መጠነ-ሰፊሕ ዕስክርና ኤርትራውያን ኣብ መሳርዓት ሰራዊት መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ነቶም ኣብ ኲናት ኢትዮጵያን ሊብያን ዝተሳተፉ ዓሳክር ሓባራዊ ኤርትራዊ መንነት ከም ዘጥርዩ ገበሮም።

መግዛእቲ ኢጣልያ ዕብየት ናይ ዓበይቲ ዝበሃሉ (ብፍልጠቶም ወይ ተሰማዕነቶም) ኤርትራውያን ናይ ምድራት ፖሊሲ ነበሮ። እቲ ፋሺስታዊ መንግዝቲ፡ ነቶም ልዕሊ ራብዓይ ክፍሊ ዕድል ትምህርቲ ንኤርትራውያን ከፊቶም ዝነበሩ ሚስዮናውያን ከንሻ፡ ኣብ 1932 ካብ ኤርትራ ሰጒጒዎም። ኤርትራውያንን፡ ኤርትራዊ ዘርኢ ዘለዎም ሓንፈጻትን ዕድል ትምህርትን ካልኦት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንኸይረኽቡ ብሰበ-ስልጣን ናይቲ መግዛእታዊ ስርዓት ተደሪቶም ነበሩ።

## ቁጠባዊ ምዝመዛ ኤርትራ ብመግዛእቲ ኢጣልያ

ከም ኣካል ናይቲ ንኤርትራን ህዝባን ናይ ምምዝማዝ ስትራተጂ፡ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ተወዳዳርነት ፍርያት ኢጣልያ ንምድንፋዕ ንኤርትራ ከም ምንጪ ባህርያዊ ጸጋታት ንኽጥቀመላ ደኣ እምበር፡ ኣብ ኤርትራ ርእሱ ዝኸኣለ ዉሁድ ቍጠባ ናይ ምህናጽ ዕላማ ኣይነበሮን። በዚ መሰረት፡ ልምዳዊ ማሕበረ-ቑጠባዊ ኣገባባት ዝዘርግ ፖሊሲ የተግብር ነበረ። ንኣብነት፡ ሰፊሕ መሬት ሕርሻ ካብ ኤርትራውያን ሓረስቶት ኣሕዲግካ ንኢጣልያውያን ሰፋሮ ምሃብ ደቀባት ኤርትራውያን ምንጪ መነባብሮኦም ከም ዝስእኑ ተገብሩ።

ምምሕዳር መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ረብሓ ሰፋሮ ኢጣልያውያንን፡ መግዛእታዊ ምምሕዳርን ዝውዕል ህዝቢ ኤርትራ ከቢድ ግብሪ ይኸፍል ነይሩ። ኤርትራውያን ብኣዝዩ ውሑድ ክፍሊት ኣብ ህንጻት ጽርግያታት፡ መስመራት ባቡርን ካልኦት ናይ ትሕተ-ቕርጺ ፕሮጀክታት ከም ዝዓዩ ብምግባር ስትራተጂ ግዱድ ሽቕለት ይኽተል ነበረ። ከም ወርቂ፡ ዚንክ፡ ነሓስን ካልእን ዝበሉ ዕደናታት ባህርያዊ ጸጋታትን ሕርሻዊ ምህርትን ኤርትራ፡ ኣብ ምድንፋዕ ቍጠባ ኢጣልያ ኣገዳሲ ተራ ተጻዊቶም። ብሓፈሻ

ቅጡባዊ ምዝመዛ ኤርትራ፡ ኣብ ማሕበረ-ቅጡባውን ፖለቲካውን ምዕባለ ኤርትራ ዓቢ ስምብራት ገዲፉ።

## ማሕበራውን ባህላውን ጽልዋታት መግዛእቲ ኢጣልያ

መግዛእቲ ኢጣልያ ብርክት ዝበሉ ኣገደስቲ ቅጡባዊ ለውጥታት ኣተኣታትዩ እዩ። እዞም ለውጥታት እዚኣቶም ብቐንዱ ኣብ ምዝመዛ ባህርያዊ ጸጋታትን ምትእትታው ስርዓተ-ርእሰማልነት ዘተኰሩ ነበሩ። ወፍሪ ርእሰማል ኢጣልያውያን ብዝያዳ ኣብ ምምጻእን ምልኣኽን ደኣ እምበር ኣብ ንጥፈታት ኣፍራይነት ዝቐንዐ ብዘይምንባሮም፡ ምስቶም ካልኦት ደረትቲ ፖሊሲታት ተደሚሮም ንህዝቢ ኤርትራ ዘምጽእዎ ዝጠቅም ረብሓ ኣይነበረን።

መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ፡ ንማሕበራውን ባህላውን ኣዋውማ ሕብረተሰብ ኤርትራውን ኣዝዩ ጸልዩዎ ነበረ። ንልምድን ክብርታትን ኢጣልያውያን፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝርዕሞም ምግባር ንዝብል ፖሊሲ ብምኽታል ቋንቋ፡ እምነት፡ ልምዳዊ ኣካይዳታትን ኢጣልያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን፡ ሓይሊ ከይተረፈ ብምጥቃም፡ ክስርጽዋ ፈቲኖም። እዞም ፈተነታት እዚኣቶም በብቕሩብ ንዝጸንሐ ኤርትራዊ ባህሊ ብምብሕጓጕ ኤርትራውን ኢጣልያውን ረቛሕቲ ዘካተተ ሕውስዋስ ባህሊ ከም ዝቕልቀል ገይሩ። ማሕበራዊ ኣቃውማ'ውን፡ ዝለዓለ ቦታ፡ ስልጣንን ሓለፋታትን ብዝረኸቡ ገዛእቲ ኢጣልያውያንን፣ ኵሉ ዝተሓረሞምን ብቐጻሊ ኽኣ ዝምዝመዙን ደቀባት ኤርትራውያን ብዝብሉ ቐጸላታት ዝቖመ ነበረ።

## መግዛእቲ ኢጣልያን ምቛም ኤርትራዊ መንነትን

መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ባህሊ፡ ልምድን ማሕበራዊ ክብርታትን ከቢድ ስምብራት እኳ እንተገደፈ፡ ውሁድ ኤርትራዊ መንነት ኣብ ምፍጣር ግና ኣበርክቶ ነይሩዎ። መሰረታዊ ዕላማ ናይቲ ደቀባት ብቛንቋ ጥልያን ክመሃሩ ዝብል ፖሊሲ፡ ኤርትራውያን ምስ ሰብ መዚ ገዛእቲ ኢጣልያ ብቐሊሉ ክረዳድኡን ክወሃሃዱን ዝብል እኳ እንተነበረ፡ እዚ ናይ

ቋንቋ ፖሊሲ'ዚ ክንዮ ዝተሓስቦ ዕላማ፡ ደቀባት ኤርትራውያን ብሓደ ቋንቋ ክረዳድኡን ክወሃሃዱን ስለ ዝኽኣሉ፡ ኤርትራዊ መንነትን ሃገራውነትን ኣብ ምፍጣር ኣገዳሲ ተራ ነበሮ።

መግዛእቲ ኢጣልያ ዘተኣታተዎ ስርዓተ ትምህርቲ፡ ንደቀባት ድሩት እኳ እንተነበረ ካብዚ ዝወሃብ ዝነበረ ትምህርቲ ሓድሽ ፍልጠትን ጥበብን ይረኽቡ ብምንባሮም ደርቢ ናይ ምሁራት ኤርትራውያን ተፈጥረ። እዞም ምሁራት ኤርትራውያን ኣብ ዝበዝሕ እዋን ኣብ መንጎ ዝዓበዩሉ ባልህልን ጽልዋ ኢጣልያውያንን ይቕርቀሩ እኳ እንተነበሩ፡ በቲ ዝተፈጥረ ዕድል ትምህርቲ ብዛዕባ ታሪኽም፡ ባህሎምን ዘይፍትሓውነት መግዛእትን ንቕሓቶም ከበርኽ ከኣሉ። ከምዚ ዝበለ ምንቅቓሕ ድማ ኤርትራዊ ሃገራውነት ኣዕብዩ፡ ህንጡይነት ንመሰል ርእሰ-ውሳነን ናጽነትን ከኣ ፈጢሩ።

ምዕስካር ደቀባት ኣብ ሰራዊት መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ንኤርትራዊ መንነትን ሃገራውነትን ዝደረኸ ካልእ ረቛሒ ነበረ። ደቀባት ዓሳክር፡ ካልእ ዓለምን ዝተፈላለዩ ባህልታትን ንኽፈልጡ ዕድል ስለ ዝተፈጥረሎም፡ ሓባራዊ ምረት ዕስክርና ተወሲኽዎ ኣብ መንጎኦም ሕብረት ንኽፈጥሩ ሓጊዙ። ክቱር ምረት ዕስክርና ኢጣልያዊ መግዛእቲ ከም ዝጸልኡን ሓያል ኤርትራዊ ሃገራውነት ከም ዘጥርዩን ድማ ገበረ። በዚ ምኽንያት ገለ ካብኣታቶም ንሰራዊት ኢጣልያ ራሕሪሖም ምስ ተቓወምቲ መግዛእቲ ኢጣልያ ተሰለፉ። ኣብ ሰራዊት ኢጣልያ ንደቀባት ዓሳክር ዝወሃብ ዝነበረ ወተሃደራዊ ስልጠና ኣብ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ገለ ኣበርክቶ ነይሩዎ።

## ሓፈሻዊ ገምጋም ናይ ነዊሕ እዋን ጽልዋ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ጂኦፖለቲካዊ ዕብየት ኤርትራ

መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ኣብ ጂኦፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዓቢ ስምብራት እዩ ገዲፉ። ብሃውሪ ምሕንጻጽ ዶባት ኤርትራ፡ ናይ ኢጣልያን ኤርትራን ሓድግታት ዘለዎ ምፍጣር ዝተሓናፈጸ ባህሊ፡ ህዉኽ ውሳነ ብዛዕባ መጻኢ ኤርትራ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለምን፡ ኣብ ከባቢና ዝተሓላለኸን ዘይርጉእን ጂኦፖለቲካዊ ኩነት ፈጠረ። መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ኤርትራ

ብተዛማዲ ሓጺር ዕምሪ እኳ እንተ ነበሮ፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝሰረረ ስምብራት ግና ሓዲጉ። ተራ ኢጣልያዊ መግዛእቲ ኣብ ምፍጣር ኤርትራዊ መንነትን፡ ስዒቡ ዝመጸ ቃልሲ ንናጽነትን፡ ንሃገራዊ መስመር ኣብ ምቕራጽን ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዝህሉ ዝምድናን ኣብ ምምእዛንን ኣገዳሲ ረቋሒ ነበረ። ዘላቒ ርግኣትን ምሕዝነትን ከባቢና ኣብ ምዕዋት ንብድሆታት መግዛእትን ህሉው ወጥሪ ከባቢናን ኣብ እንምርምረሉ እዋን፡ ነዚ ታሪኽ'ዚ ብዕምቈት ተረዲእካ ምዕያይ ግድነት ይኸውን።

# ካልኣይ ክፋል፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ንቕሓትን ጂኦፖለቲካ ዝሓዘል ኩናትን

## 1. ጥልመት ብሪጣንያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ

ሰራዊት እንግሊዝ፡ ኣብ እዋን ኩናት ኣንጻር ሰራዊት ኢጣልያ፡ ንኤርትራውያን ናጽነት ከም ዘውህብ ዝሕብር መብጽዓታት ይገብር እኳ እንተነበረ፡ ሰራዊት ኢጣልያ ምስ ተሳዕረ ግና “ምምሕዳር ዝተታሕዘ መሬት ጸላኢ.” (Occupied Enemy Territory Administration) ብዝብል ስም ንኤርትራ ከመሓድር ጀመረ። ኣብ ትሕቲ እዚ ምምሕዳር'ዚ ግዝኣት ኢጣልያ ዝነበራ ኢትዮጵያን ሶማልያንውን ተኻቲተን ነበራ። በዚ ምኽንያት ናጽነት ኤርትራ፡ ኣካል ኣጀንዳ ብሪጣንያ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከም ዘይኰነ ግሁድ ኮነ። እንግሊዝ ካብ ፈለማውን እንተኾነ ንዝኣተዎ መብጽዓ ናይ ምፍጻም ዕላማ ኣይነበሮን። ብኣንጻሩኳ ደኣ፡ ንኤርትራ ንምምቕቓል፡ ህዝባ ንምብትታንን ኤርትራዊ መንነት ንምሕካኽን ክዓዪ ጀመረ።

ድሕሪ ስዕረት መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ፈለማ፡ ወግዓዊ ዝኾነ ስርዓት ብሪጣንያ ስለ ዘይተተኽለ ነቶም ዝጸንሑ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ፋሺስት ኢጣልያ ኣብቲ ሒዞምዎ ዝነበሩ መንግስታዊ ስርሓት ከም ዝቕጽሉ ገበረ። ንዓሌታዊ ምሕደራ ኢጣልያ ስለ ዘይቀየሮ ድማ “ንደቀባት ዝተኸልከለ” (Vietato per Nativi) ዝብሉ ምልክታታት ከምቲ ዝነበርዎ ኣብ መእተዊ

ሲነማታት፡ ሆቴላት፡ ኣብያተ-መግብን ኣብያተ-መስተን፡ ከም ዝረኣዩ ተገብሩ። ስርዓት ብሪጣንያ ፈላሊኻ ግዛእ ብዝብል ፖሊሲ፡ ንህዝቢ ብዓሌት፡ እምነት፡ ቋንቋ፡ ኣውራጃን ከባብን ከም ዝፈላለ ብምግባር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ከቢድ ግፍዒ ፈጺሙ።

ዕብለላ ሰብ ስልጣን ኢጣልያውያን ከም ዝቕጽል ምግባር፡ ካልእ ንኤርትራውያን ዘቈጥዐ ኣካይዳ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ብሪጣንያ ነበረ። እዞም ኢጣልያውያን ሰብ ስልጣን ኣንጻር ኤርትራውያን ሕነ ናይ ምፍዳይ ስጕምትታት ይወስዱ ብምንባሮም ቍጥዐ ኤርትራውያን ከም ዝገድድ ስለ ዝገበረ ንገዛእ ርእሰኻ ምምሕዳር ንዝብል ሓድሽ ባህጊ ድፍኢት ኮነ። ብተመሳሳሊ ኢጣልያዊ ኣብያተ-ፍርድን ደያኑን ክሳዕ 1950 ከም ዝቕጽሉ ምግባር፡ ከምኡውን ካልኦት ሰብ መዚ ወተሃደራዊ ፖሊስን፡ ወተሃደራት ሱዳን ከም ኣካላት ጸጥታን ፖሊስን ይነጥፉ ብምንባሮም ነቲ ዝነበረ ወጥሪ ከም ዝጋደድ ብምግባር ኣብ መንጎ ሚያዝያ 1941 ክሳዕ ነሓሰ 1946 ዘሎ ግዜ ብርክት ዝበሉ ምግጫዋት ተኸስቱ።

ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ከም እትኣቱ ምግባር፡ መርኣያ ቅሉዕ ጥልመት ብሪጣንያ ኰይኑ፡ ናይቶም ብተመሳሳሊ ኣገባብ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ዝተፈጸሙ ተኸታተልቲ ጥልመታት መፈለምታ ነበረ። እዚ ጥልመት'ዚ ምኽንያት ዘይዕግበትን ጥርዓናትን ኤርትራውያን ምንባሩ ኣብ ጸብጻባት ዋና ወተሃደራዊ ኣመሓዳሪ ኤርትራ ዝነበረ ስቴፋን ሎንግሪግ ተገሊጹ ኣሎ። ሓድጊ ናይዞም ጥልመታት እዚኣቶም፡ ንሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ጸልዩ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ኣቃውማ ከባቢና ድማ ነባሪ ስምብራት ሓዲጉ።

## 2. ንኤርትራ ዘይብቕዕቲ ንምግባርን ንምምቕቓላን ዝተኻየዱ ፈተነታት ብሪጣንያ

ከባቢ 1940ታት ኣብ ዓለማዊ ሚዛን ሓይሊ ዓቢ ለውጢ ዝተራእየሉ እዋን ነበረ። ካልኣይ ኲናት ዓለም ብስዕረት ሓይልታት ኣክሲስ ተዛዚሙ። ኣብ

ውሽጢ ሓይልታት ኪዳን'ውን ምስ ምንቅልቃል ዓብላልነት ብሪጣንያ፡ ኣሜሪካ ከም ሓዳስ ዓለማዊ ሓይሊ ተቐልቀለት። ኣብዚ እዋን'ዚ ጎረባብቲ ኤርትራ ዝኾና ሃገራት ስዑዲ ዓረብን ሰሜን የመንን ናጻ ሃገር ኰይነን፡ ደቡብ የመን ግና ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ብሪጣንያ ነበረት። ጅቡቲ ግዝኣት ፈረንሳ፡ ሱዳን ግዝኣት ብሪጣንያ፡ ኢትዮጵያ ድማ ሽዑ ካብ ወራር ኢጣልያ ሓራ ኰይና ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት ብሪጣንያ ነበራ።

መንግስቲ ብሪጣንያ ንኤርትራ ብምቁጽጻር ጥራይ ዕጉብ ኣይነበረን፣ ንኤርትራ ናይ ምምቕቓል ውጥንውን ነበሮ። ኣብ መንጎ ቃልን ተግባርን ዘሎ ፍልልይ ኣነጺሩ ብዘርኢ ኣገባብ፡ መንግስቲ ብሪጣንያ ንኤርትራ ከም ፖለቲካዊ ኣካል ዝሓኽኽ (ዝድምስስ) ውዲት ተበላሓተ። እዚ ውዲት'ዚ ንኤርትራ ብእምነትን ከባቢታትን ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሱዳንን ምምቃል ዝብል ነበረ። መሰረታዊ ሓሳብ ናይዚ ውዲት'ዚ ንኤርትራ ናብ ሰለስተ ማለት መብዛሕትኡ ሰዓቢ ምስልምና ዝኾነ ምዕራባዊ መታሕት፡ ሰሜናዊ ከበሳታትን ሰሜናዊ ገማግም ባሕርን ንሱዳን፣ መብዛሕትኡ ሰዓቢ ክርስትና ዝኾነ ማእከላይ ዝባውንቲ፡ ዝበዝሐ ሰዓቢ ምስልምና ዝኾነ ማእከላይ ገማግም ባሕርን ወደብ ምጽዋዕን ምስ ሃገረ ትግራይ ክጽንበር ወይ ከም ክፍሊ ሃገር ኣብ ምምሕዳር ኤውሮጳ ክኣቱ፣ ደንካልያን ወደብ ዓሰብን ድማ ንኢትዮጵያ ክወሃብ ዝብል ነበረ። ክብ ኢሉ ንዝተገለጸ ውዲት ምምቕቓል ኤርትራ፡ ከተማታት ኣስመራን ምጽዋዕን ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር መንግስቲ ብሪጣንያ ክጸንሓን ብመተሓላለፊ መስመር ኣቢሉ ምስ ሱዳን ክራኽባን ዝብል ፈላሚ ለውጢ (መኣረምታ) ተገብረሉ።

እዚ ናይ ምምቕቓል ውዲት'ዚ ኣብ 1942 ተወጢኑ ኣብ 18 ግንቦት 1943 ድማ ጸደቐ። ንመሰረታዊ ዕላማ ምምቕቓል ኤርትራ ዓቂቡ ዝተፈላለዩ ምምሕያሻት ክግበሩሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ሚያዝያ 1946 ወግዓዊ ፖሊሲ ብሪጣንያ ኮነ። ብሪጣንያ ነዚ ውጥን'ዚ፡ ኤርትራ ብዓሌታት ዝተመቓቐለትን ብቑዕ ቊጠባ ዘይብላን ስለ ዝኾነት ክትመቓቐል ዝብል ውሳነ ንኽወሃበሉ፡ ኣብ ሚያዝያ 1949 ናብ ሳልሳይ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት

ኣቕረበቶ። እዚ ውጥን ንረብሓን ሕቶታትን ካልኦት ዝምልስ ደኣ እምበር ንመሰል ኤርትራን ኤርትራውያንን ግዲ ዘይገበረ እማመ ነበረ።

ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ 8 ሚያዝያ 1945 ብወግዒ ምስ ተዛዘመ፡ መራሕቲ ናይተን ተዓወትቲ ዝኾና ሰለስተ ሓይልታት ዊንስተን ቸርችል፡ ዮሴፍ ስታሊንን ሃሪ ትሩማንን ካብ ሓምለ 17 ክሳዕ 2 ነሓሰ ኣብ ፖትስዳም፡ ጀርመን ተራኺቦም ምስ ኢጣልያ ውዕል ሰላም ንምኽታምን መጻኢ ግዝኣታት ኢጣልያን ንምውሳንን፡ ንሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ናይዘን ሰለስተ ሃገራት፡ ፈረንሳን ቻይናን ዘካተተ ቤት ምኽሪ ንኽቖውም ተሰማምዑ። እዚ ቤት ምኽሪ ሚኒስተራት ቀዳማይ ርክቡ ካብ መስከረም 11 ክሳዕ 2 ጥቅምቲ 1945 ኣብ ሎንዶን፣ ካልኣይ ርክቡ ድማ ካብ ሚያዝያ 25 ክሳዕ 16 ግንቦት 1946 ኣብ ፓሪስ ኣቃነዐ። ብሪጣንያ ንውጥን ምምቕቓል ኤርትራ ብወግዒ ኣብቲ ናይ ፓሪስ ርክብ ኣቕረበቶ። ብኢጣልያ ተታሒዙ ንዝነበረ ግዝኣታት ኣመልኪቱ ዝተኻየደ ልዝብ ኣብ ሕቶ ግዝኣትን ተወዳደርቲ ሃገራዊ ሕልምታትን ዝተጓተተ ነበረ። ውዕል ሰላም ምስ ኢጣልያ ግና፡ ኣብ 10 ለካቲት 1947 ተፈጺሙ፡ 15 መስከረም 1947 ድማ ተግባራዊ ኮነ። እዚ ውዕል'ዚ፡ ኢጣልያ ንዅሉ'ቲ ናይ ቀደም ግዝኣታታ ብወግዒ ክትሓድግ፡ እዞም ናይ ቀደም ግዝኣታት ኢጣልያ በተን ኣርባዕተ ሓያላት ሃገራት (ሕብረት ሶቬት፡ ብሪጣንያ፡ ኣሜሪካን ፈረንሳን) ክውገኑ፡ እዘን ሓያላት ሃገራት እዚኣተን ክሰማምዓ ምስ ዘይክእላ እቲ ጉዳይ ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክቐርብ ዝብል ትሕዝቶ ነበሮ።

ምስ ኢጣልያ ዝተኸተመ ውዕል ሰላም ንኢጣልያ ካብ ጸላኢት ናብ መጻምዲ ብምቕያር ኣብ ምውጋን ናይ ቀደም ግዝኣታታ ድምጻ ንኽተስምዕ ዕድል ከፈተላ። መርገጺ ኢጣልያ፡ ኣብ ፈለማ፡ ብብሪጣንያ ንዝቐረበ ውጥን ምምቕቓል ኤርትራ ዝቃወምን ኤርትራ ናጽነታ ንኽትረክብ ዝምጉትን ነበረ። ጸኒሑ ግና፡ ኢጣልያ ነቲ ውጥን ምምቕቓል ኤርትራ ኽትቅበል ኣምሳያኡ ንእማመ መጕዚትነት ሶማልያን ትሪፖሊታንያን ደገፍ ብሪጣንያ ኽትረክብ ተሰማምዐት። በዚ መሰረት፡ ኣብ መንጎ ሚኒስተራት ጉዳያት

ወጻኢ ብሪጣንያ ኣርነስት በቪንን ናይ ኢጣልያ ካርሎ ስፎርዛን ዝተበጽሐ (ናብ ውጥን ቤቪን-ስፎርዛ ዝመርሐ) ስምምዕ፡ ኣብ ራብዓይ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብ10 ግንቦት 1949 ደገፍ ረኸበ።

## ውጥን በቪን-ስፎርዛ

ውጥን በቪን-ስፎርዛ፡ ንምውጋን ናይ ቀደም ግዝኣታት ኢጣልያ ብዝምልከት ተወሃሂዱ ዝቐረበ እማመ ነበረ። በዚ መሰረት፡ ሶማልያን ሊብያን ንዓሰርተ ዓመት ኣብ ትሕቲ መጉዚትነት ኢጣልያ ጸኒሐን ናጽነተን ክረኽባ፣ ሰለስተ ክፋላት ሊብያ ዝኾና ከባቢታት ትሪፖሊታኒያ፡ ሲረናይካ ከምኡውን ፌዛን ኣብ ትሕቲ መጉዚትነት ኢጣልያ፡ ብሪጣንያን ፈረንሳን ክጸንሓ፣ ኤርትራ ድማ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሱዳንን ክትምቀል ዝብል እማመ ቀረበ። ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣቐዲሙ ኣብ ውጥን ብቪን-ስፎርዛ ንዝተጠቕሱ ነፍስወከፍ ግዝኣታት፡ ጸኒሑ ኸኣ ኣብቲ ውጥን ብሓፈሻ ድምጺ ሃበ። በዚ መሰረት ንምምቃል ኤርትራን ክልተ ከባቢታት ሊብያ ዝኾና ሲረናይካን ፌዛንን ክቕበሎ እንከሎ፡ ንሶማልያን ሳልሳይ ከባቢ ሊብያ ንዝኾነት ትሪፖሊታንያ ብዝልምከት ግና ተወንዚፉ ክጸንሕ ወሲኑ። ካብዚ ብምብጋስ፡ ንነፍስወከፍ ግዝኣት ኢጣልያ ነበር ኣመልኪቶም ዝተዋህቡ ድምጽታት ንጎድኒ ብምግዳፍ ንምውጋን ግዝኣታት ኢጣልያ ነበር ብሓፈሻ ውሳነ ክወሃበሉ ብምባል፡ 37 ድምጺ ተቓውሞ፡ 14 ድምጺ ደገፍ፡ 7 ድማ ዝኾነ ድምጺ ስለ ዘይሃቡ ውጥን ብቪን-ስፎርዛ ተነጽገ።

ብምንጻግ ውጥን በቪን-ስፎርዛ ንኤርትራ ካብ ምምቕቓል ደሓነት። በዚ መሰረት፡ ግዝኣታዊ ሓድነት ኤርትራ እኳ እንተ ተዓቀበ፡ ንኤርትራ ሽዑ ካብ መግዛእቲ ከላቕቕ ይኽእል ንፍትሓዊ ባህጊ ናጽነት ህዝባ ከዐውት ግና ኣይከኣለን። ነቲ ጉዳይ ከም ዘውንዘፍ ብምግባር፡ ንሕቶ ምውጋን ኤርትራ ዘይንጹር ገበሮ።

## ምዕናው ኤርትራ ብብሪጣንያ

ብ5 ጥሪ 1943 መንግስቲ ብሪጣንያ ምስ ካልኦት 16 ኣባላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኾና መንግስታትን ኮሚተ ፈረንሳን ብምኽኒን ንዝምታ ናይቶም ብወራር ዝተታሕዙ ግዝኣታት ኤውሮጳ ብሓይልታት ኣክሲስ ምምካትን ምስዓርን ዝምልከት ወግዓዊ ስምምዕ ፈጺመን። በዚ ስምምዕ መሰረት፡ ብስርዓት ናዚ ኣብ ዝተታሕዙ ግዝኣታት ንዝካየዱ ኵሎም ንምስግጋር ንብረት ይኹን መሰል ዝምልከቱ ስምምዓትን ረብሓታትን ንኽስርዛን ዘይሕጋዊ ክገብራን ዘኽእለን መሰል ወሰዳ። ይኹን እምበር፡ መንግስቲ ብሪጣንያ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩ ንዝነበረት ኤርትራ ንኽትዝመት ኣፍቀደ። ብናዚ ኣብ ዝተታሕዘ ግዝኣት ኤውሮጳን፡ ብብሪጣንያ ኣብ ዝተታሕዘ ግዝኣት ኤርትራን ንሓደ ዓይነት ጉዳይ ዝተፈላለዩ መለክዒታት ተጠቂሙ።

ወተሃደራዊ ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ንጃምላዊ ዝምታን ዕንወትን ኢንዱስትሪታት፡ ኣፍረይቲ ጸጋታትን ዓበይቲ ንብረታትን ኤርትራ ብዕቱብ የወሃህድ ነበረ። እዚ ብ"ውርደት ስልጣነ ብሪጣንያ" (disgrace to British civilization) ዝፍለጥ ወፍሪ ደይመደይ ኢሉ ብሚልዮናት ዶላራት ዝግመት ሃብቲ ኤርትራ ከም ዝዝመት፡ ዝበታተንን ዝዓኑን ገበረ። መሓውር ኢንዱስትሪታት፡ ዕፍሪታት፡ መዓሸጊታት መራኽብ፡ ህንጻታት፡ መኽዘናት፡ ቢንቶታት፡ ፋብሪካታት፡ ማሽነሪታት፡ መራኽብን ኣብ ከተማታት ኣስመራ፡ ምጽዋዕ፡ ደቀምሓረ፡ ጉራዕ፡ ማይ ሓባር፡ ዓሰብን ዙላን ዝነበሩ መሳለጥያታት ተበታቲኖም ተሸጡ። ኢጣልያውያን ግዝኣታዊ ዕብየቶም ንምግላጽ ንዝሃነጽዎ፡ ብሪጣንያ ግዝኣታዊ ዝርጋኖም ብዝገልጽ ዘመትዎን ኣዕነውዎን።

እቶም ዓበይቲ ዕንወታት ዝበሃሉ፡ ካብን ናብን ኣስመራ ምጽዋዕ ዝኸይድ ተለፈሪካ፡ 16 ዓበይቲ መራኽብ፡ ኣብ ምጽዋዕ ዝነበረ ተንሳፋፊ መዓሸጊ መራክብ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ተኸዚኑ ዝነበረ 20 ሚልዮን ዶላር ዝዋግኡ ንብረት ይርከብዎም። ወተሃደራዊ ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ተንሳፋፊ

መዓሸጊ መራኸቢ ብ500,000 ፓውንድ ንፓኪስታን፣ መብዛሕትኡ ካልእ ንብረት ናብ ህንዲ፡ ፓኪስታን፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ሱዳን፡ የመን ከምኡውን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ናብ ዝነበሩ ነጋዶ ኢጣልያን ዓረብን ሸጠ።

መግዛእቲ ብሪጣንያ ቍጠባዊ ዕድላት ኤርትራ ኣጸቢቓ ተረዲእዎ ነበረ። ኣብ 1943 ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝተኻየደ ምርኢት ኢንዱስትሪ፡ ኤርትራ ናብ ዝሰፍሐ ዕዳጋታት ማእከላይ ምብራቕ ፍርያት ኢንዱስትሪ ናይ ምቕራብ ተኽእሎኣ ዘግሃደ ነበረ። ኣብ ዝሰዓቡ ክልተ ዓመታት ሰደድ ኤርትራ ካብ 494,000 ፓውንድ ኣብ 1943 ናብ 1,678,000 ፓውንድ ኣብ 1945፡ ብ240 ሚእታዊት ዕብየት ኣርኣየ። ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ነዚ ዓቕሚ'ዚ ከም ዝድንፍዕ ኣብ ክንዲ ምግባር፡ ንኤርትራ ናይ ምምቕቓል ትልሙ ንምስላጥ፡ ኣገደስቲ ንዝበሃሉ ትካላት ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩ ንኽኣትዉ ብምእዛዝ ንዕብየት ቍጠባ ኤርትራ ዓንቀጾ።

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ፍርያት ጡዋ ኣገዳሲ ሕርሻዊ ሃብቲ ነበረ። ኣቐዲሞም ካብ ዝተኻየዱ ዳህሳሳት ኣብ ኤርትራ ብርኩት ዓቕሚ ማዕድናት ምህላዉ ኣርኣየ። ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ደይመደይ ኢሉ ንጽላታት ሕርሻ፡ ኣግሮ-ኢንዱስትርን ዕደናን ኣልሚሱ፡ ኣብ ምብርባር ቑጠባ ወሳኒ ግደ ክህልዎ ንዝኽእል ዳህሳስ ወርቅን ካልኦት ማዕድናትን ኣዳኺሙ፡ ቍጠባዊ ቅልውላው ንኽስዕብ ሓሊኑ ጡዋ ንኽይፈሪ ከልኪሉ። ካብዚ ሓሊፉ፡ ምምሕዳር እንግሊዝ፡ ህዝቢ ትሑት ናይ ምኽፋል ዓቕምን ኣታዊታቱ ድማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳንቈልቈለ ይኸይድ ምንባሩ እንዳፈለጠ፡ ናይ ኣገልግሎታት፡ ኣታዊታት፡ ንብረትን ምምሕዳርን ብዝብሉ ምኽንያታት ሰፍ ዘይብል ግብሪ ሰለዐ። ኤርትራውያን ናይ ትምህርትን፡ ሕክምናን ክፍሊት ከምኡውን ንምምሕዳር ደገፍ ዝኸውን ወፈያን ከም ዝፍጽሙ ገበረ።

ድምር ውጽኢት ናይዚ ኹሉ ዝምታ፡ ዕንወትን ምስላዕ ከቢድ ግብርን፡ ሃብቲ ኤርትራ ናብ ዓባይ ብሪጣንያ ንምግዓዝ ዝዓለመ ነበረ። ከም ሳዕቤኑ፡ ኢጣልያውያን ዝሰረትዎ ቍጠባ ኤርትራ ብቕጽበት ክወድቕን፡ ብተዛማዲ ምዕቡል ዝነበረ ቍጠባ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ዝስስን ንድሕሪት ተመልሰ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ መጠነ-ሰፊሕ ሽቕለት ኣልቦነት፡ ድኽነትን ማሕበራዊ ዘይምስናይን'ውን ሰዓበ።

ከምዚ ዝበለ ዝምታ፡ ክንዮ ምግሓጥ ሃብቲ ናይታ ኣብ ጸበባ ዝነበረት ኤርትራ፡ ስትራተጂ ምብትታን ኤርትራውን ነበሮ። ኮነ ኢልካ ዝተፈጥረ ምንቍልቛል ቍጠባ፡ ናጽነት ኤርትራ ክትግበር ከም ዘይክእልን፡ ስነ-መጎት ምብትታን ኤርትራ ቕኑዕ ምንባሩን ንምርኣይ ዝዓለመ ከኣ ነበረ።

መንግስቲ ብሪጣንያ፡ ኤርትራ ናጻ ሃገር ንኽትከውን ብፖለቲካውን ቍጠባውን ምኽንያታት ብቕዕቲ ኣይኮነትን ንዝብል ምጕት፡ ኮነ ኢልካ ንዝሰዓበ ቍጠባዊ ቅልውላው፡ ፖለቲካዊ ዘይምቅዳውን ማሕበራዊ ዘይርጉእነትን ከም መርትዖ ኣቕረበ። እቲ ዘገርም፡ ብሪጣንያ ከምዚ ዝበለ ምጕት ኣብ ዘቕረበትሉ ግዜ ዓብላልነታ ዘኽትመሉ፡ ኢትዮጵያ ካብ ግዝኣት ኢጣልያ ሓራ ዝኾነትሉን ናይ ለውጢ ንፋስ ሃገራዊ ናጽነት ኣብ ዝነፍሰሉን እዋን ምዃኑ እዩ። እዚ ውዲት'ዚ ኣብ ኣቃውማን ዝንባለታትን ፖለቲካዊ ውዳበታት ኤርትራ ከምኡውን ኣብ ምስፋሕ ማሕበራዊ ፍልልያት ጽልዋ ኣሕዲሩ ነበረ። ምስ ትልሚ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ፡ ይመሳሰል ዝብል ግጉይ ርድኢት ፈጢሩ እኳ እንተነበረ፡ ኣብ መወዳእታ ግና ውዲት ምምቕቓል ኤርትራ ዘድልዮ ደገፍ ክረክብ ስለ ዘይከኣለ ከይተዓወተ ተረፈ።

## 3. ውልዶ ንቕሓት ኤርትራዊ ሃገራውነትን፡ ተጻብኦ ብሪጣንያ ንሓርነታዊ ምንቅስቓሳትን

ዝኾነ ባዕዳዊ መግዛእቲ፡ ዓብላልነቱ ንምርግጋጽ፡ ብወራር ኣብ ዝሓዞ ከባቢ ንዝጸንሖ ባህሊ ብምዕናው ንሓድነት ህዝቢ ዝብትን ሓድሽ ባህሊ 'ከባብያውነትን' 'ምፍንጫልን' ከስርጽ'ዩ ዝፍትን። መግዛእቲ ብሪጣንያውን ንህዝቢ ኤርትራ ብብሄር፡ ከባቢታትን እምነት ናይ ምክፍፋል ውጥን ሓንጺጹ። በዚ መሰረት፡ ዝበጋገሱ ንዝነበሩ ሃገራዊ ምንስቓስቓሳትን ምቛም ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ኣብ እምነት፡ ከባብን ቋንቋን ምርኰስ ዝገበሩ ንክኾኑ የተባብዕ ነበረ። ንጕዳይ ኤርትራ ኣመልኪቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝካየዱ

ዝነበሩ ክትዓትን፡ ሃገራዊ ምንቅስቓሳትን ብሄር፡ እምነትን ከባብን ከም መወከሲ ተጠቒሞም ከም ዝካየዱ ብምግባር መሰረት ምብትታን ኤርትራ ንክኸንዎ ጸዓረ። ነዚ ንምትግባር፡ ኣመሓዳሪ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ኣብ ጥቅምቲ 1943 ኤርትራውያን ተወዲቦም ብዛዕባ ጕዳይ ሃገሮም ንኽዝትዩን ፖለቲካዊ ሰልፍታት ከቑሙን ዝብል ተኾታኺ ፍቓድ ሃበ።

ኣመሓዳሪ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ኣብ ነሓሰ 1944 ብኤርትራዊ፡ ክርስትያን፡ ተዛራቢ ቋንቋ ትግርኛ፡ ከም ዝተጻሕፈ ኣምሲሉ ኣብታ ብቋንቋ ትግርኛ እትሕተም 'ሰሙናዊ ጋዜጣ' ሓደ ዓንቀጽ ጸሓፈ። እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኤርትራ ኣብ ክልተ ቀንዲ እምነታት፡ ህዝብን ባህልን ዝተፈላለየት፣ ኣብ ከበሳ ዝቕመጡ ተዛረብቲ ቋንቋ ትግርኛ ዝኾኑ ክርስትያን፡ ኣብ መታሕት ዝነብሩ ድማ ዝበዝሑ ተዛረብቲ ቋንቋ ትግረ ወይ ዓረብን ሰዓብቲ ምስልልና እዮም። እዚ ዓንቀጽ፡ ንፍሕሶ ብሪጣንያ ከም ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ብምምሳል፡ ህዝቢ መታሕት ምስቶም ብትምህርቲ፡ ንግድን እምነትን ዚመስልዎም ሱዳናውያን ክሓብሩ ይደልዩ፣ ህዝቢ ከበሳ ኸኣ ምስቶም ብብሄር፡ እምነት፡ ባህሊ፡ ታሪኽ፡ ትምህርቲ፡ ልምድን ዝመስልዎምን ታሪኻዊ ዝምድና ንግስነት ኣኽሱምን ዘለዎምን ተጋሩ ስሜን ኢትዮጵያ ክሓብሩ ይደልዩ ብምባል ይገልጽ። ዕላማ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ንውዲት ምምቕቓል ኤርትራ ባይታ ንምንጻፍ ንህዝቢ ኤርትራ መታሕት-ከበሳ፡ ክርስትያን-ኣስላም፡ ተዛራቢ ቋንቋ ትግርኛ-ቋንቋ ትግረ/ዓረብ ብዝብል ክመቓቕል፡ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ኣብዞም ትሕተ-ሃገራዊ ዝኾኑ ኣተሓሳስባታት መሰረት ገይረን ክቖማን፡ ሃገራዊ ሓድነት ንምድኻምን ነበረ።

ዓባይ ትግራይን፡ ንምዕራባዊ መታሕት ፈሊኻ ምስ ሱዳን ምጽንባርን ዝብሉ ትልምታት ኣንጻር ሓድነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዝቖንዑ ነበሩ። ከምዚ ዝበለ ምምቕቓል ኤርትራ ንታሪኻዊ መስርሕ ምቛም ግዝኣታዊ ሃገር ዝግልብጥ፡ ንመስርሕ ምቛም ኤርትራ ዘፍርስን ኤርትራዊ መንነት ዝሓክኽን ነበረ። በዚ ምኽንያት፡ ምምሕዳር ብሪጣንያ ስዉር ዕላማ ምብትታን ኤርትራ

ንኸዐውት፡ ንናይ ከበሳ ደገፍቲ ሕብረትን፡ ሰዓብቲ ኣልራቢጣ ኣል ኢስላሚያ ናይ መታሕትን የተባብዕ ምንባሩ፣ ብተንኰል ንቋንቋታት ትግርኛን ዓረብን ኣብ ስርዓተ-ትምህርቲ ኤርትራ ምትእትታዉን ንከባቢታት ኤርትራ ከም ዝደኪ ምግባሩን ደይመደይ ኢሉ ፖሊሲ 'ፈላሊኻ ግዛእ' ይኽተል ምንባሩ ኢጣልያ ትወቅስ ነበረት።

መንግስቲ ብሪጣንያ ግና ማሕበራዊ ፍልልያት ምስፋሕ፡ ሃይማኖታዊ ግርጭታት ምንህሃር፡ ንማሕበራዊ ዝምድናታት ምጻባእን ንዝነበረ ፖለቲካዊ ሃዋህው ስራሐይ ኢሉ ቀጸሎ። ከም ኣብነት፡ ሃገራዊ ሓድነትን ማሕበራዊ ስኒትን ንምዝራግ፡ ወተሃደራት ሱዳን ኣብ ልዕሊ ክርስትያን ዝኾኑ ሲቪል ኤርትራውያን ይፍጽምዎ ንዝነበሩ ግፍዕታት ኣብ ክንዲ ምክልኻል፡ ሸለል ኢሉ ይሓልፎም ነበረ። ብተመሳሳሊ፡ ብኢትዮጵያ ዝድገፉ ሸፋቱ ኣብ ልዕሊ መራሕትን ደገፍትን ሰልፊ ናጽነት ዘካይድዎ ንዝነበሩ ቅሉዕ ቅትለትን ምፍርራህን፡ ምምሕዳር ብሪጣንያ ሸለል ይብሎ ብምንባሩ፡ ሰላማዊ ናይ ፖለቲካ ውድድር ብምጥፋእ ራዕድን ማሕበራዊ ቅልውላውን ከም ዝፍጠር ገበረ።

ብኣንጻር እዞም ኵሎም መናውራታት፡ ኣብ ፍሉጥ ዝኾነ ውዕል መግዛእታዊ ዶባት ዝተሰረተ፡ ንናጽነት ሕብርቲ (ሓንቲ) ኤርትራ ዝጠልብ ውልዶ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ተፈጥረ። እዚ ሃገራዊ ምንቅስቓስ'ዚ፡ ንረብሓታት መግዛእቲ እንግሊዝን ናይ ምስፍሕፋሕ ዕላማ ኢትዮጵያን ብምቅዋም ንምምቕቓል ኤርትራ ይኹን ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ንዝብሉ ውዲታት ከም ዘይቅበሎም ኣነጸረ። ንናይ ሓባር መጻኢ ህዝቢ ኤርትራ ምክልኻል ዝብል ርእይቶ ህዝቢ ብምሕያል፡ ንቕሓት ኣብ ሓባራዊ ረቛሕቲ ኤርትራዊ ሃገራዊ ብምዕባይን፡ ንምንቅስቓስ ሃገራዊ ተቓውሞ ብምብርባርን ኣንጻር ኤርትራን ህዝባን ንዝቐንዐ ውጥን ምምቕቓል ክብድህ ከኣለ።

## 4. ክልከላ ናጽነት ኤርትራ ብኣሜሪካ፡ ውሳነ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቍጽሪ 390 A(V) ከምኡውን ስኑዕ ፈደሬሽን

ዓሰርተ ዓመት ድሕሪ ዝወሰደ ሓያል ቃልሲ ኣንጻር መግዛእቲ ብሪጣንያንን፡ ሃጸያዊ ውዲት ዓብሊሉ ኣብ ዝነበረሉ እዋንን፡ ጉዳይ መሰል ርእሰ-ውሳነ ኤርትራውያን ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቀረበ። ነዚ ጉዳይ'ዚ እተጻሪ ኮሚተ ድማ ቖመት። ይኹን እምበር፡ ህዝቢ ኤርትራ ንርእሰ-ምምሕዳር ዘሎዎ ድልየት ንኸይገልጽ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ይኹን ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዙሕ ብድሆታት ገጠሞ። እዚ ድማ፡ እታ ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኲናት ዓለም ኀብለል ኲይና ዝወጸት ኣሜሪካ ምስ ተሓባበርታ፡ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ኣቘዲመን - ንመጻኢ ህዝቢ ኤርትራ ዝውስን - መርገጺ ወሲደን ብምንባረን እዩ። መርገጺ ናይዘን፡ ኣሜሪካ ዝመራሒተን፡ ሃገራት ድልየት ናጽነት ኤርትራውያን ክንጸግ ኣለዎ ዝብል ከኣ ነበረ።

ተገዳስነት ልዕለ-ሓያላን ሃገራት ኣብ ኤርትራ ብዝተፈላዩ ምኽንያታት ዝተደረኸ ነበረ። ኤርትራ፡ ንማእከላይ ባሕርን ህንዳዊ ውቅያኖስን ኣብ ዘራኽብ ቀይሕ ባሕሪ ከምኡውን ጥቓ እቲ ብነዳዲ ሃብታም ዝኾነ ማእከላይ ምብራቕ ዝርከብ ስትራተጅያዊ ቦታ ምህላዋ ነዘን ሃገራት እዚኣተን ዝሰሓበ ምኽንያት ነበረ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ንንጥፈታት ጸላኢ ይኹን ፈታዊ ኣብ ምክትታል ርእሰ-ከተማ ኣስመራ ከም መቈጻጸሪት ፍሉይ ብልጫ ዝነበራ ከተማ ምዃና ንኤርትራ ኣገዳሲት ዝገበረ ካእል ረቛሒ እዩ።

ኣሜሪካ፡ ኣብ ምዝዛም ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ ከም ማእከል መራኸቢ እዋን ውግእ ንኸገልግላ ንራድዮ ማሪናዮ ኣብ 1942 ተቘጻጸረቶ። ብምቕጻል፡ ቀንዲ ወተሃደራውን መከታተልን ማእከል ንዝነበረ መዓስከር ቃኘው (Kagnew Station) ኣብ 1953 ኣቘመት። ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣን ብራኸን ከተማ ኣስመራ፡ ከምኡውን ምስ ከተማ ሞስኮ ኣብ ሓደ መስመር ማእገር ስለ እትርከብ፡ ኣሜሪካ ንርክባት ክሬምሊን ኣብ ምክትታል ፍሉይ ብልጫ (ዕድል) ረኸበት። በዚ ምኽንያት፡ ኣንጻር እቲ ሕብረት ሶቬት ኣብ

ማእከላይ ምብራቕን ደቡባዊ ማእከላይ ባሕርን ክትገብሮ እትኽእል ምስፍሕፋሕ፡ ኤርትራ ቀንዲ ኣካል ወተሃደራዊ ስትራተጂ ኣሜሪካ ኰነት።

ምቛም መዓስከር ቃኘው፡ ንምትእትታው ኣሜሪካ ኣብ ጒዳይ ኤርትራ ኣፍደገ ዝኸፈተን፣ ንኽባቢና ናይ ምዝራግ ጽልዋ ዘለዎ፡ ናይ ነዊሕ እዋን ህላወ ኣሜሪካ ኣብ ከባቢና ዝፈጠረን ነበረ። ንጒዳይ ናይ ቀደም ግዝኣታት ኢጣልያ ብዝምልከት ኣብ መንጎ ዓበይቲ ሃገራት ኣብ ዝነበረ ምትህልላኽ፡ ነዚ ኣገዳሲ መዓስከር ናይ ምዕቃብ ድልየት ኣሜሪካ ናብ ፖለቲካዊ ውሳነ ኣምሪሑ። እዚ ፖለቲካዊ ውሳነ'ዚ፡ ንሕጋዊ መሰል ርእሰ-ውሳነ ኤርትራውያንን ርግኣት ከባቢናን ጎስዩ፡ ኣብ መቓን ዝሑል ኲናት፡ ንስትራተጂያዊ ረብሓ ኣሜሪካ ዘቐደመ ነበረ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ጸሓፊ ጒዳያት ወጻኢ ኣሜሪካን፡ ኣብ ሓምሻይ ሓፈሻዊ ጒባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወኪል መንግስቲ ኣሜሪካ ዝነበረን ጆን ፎስተር ዳላስ ብቓላቱ፡

> *ብዓይኒ ፍትሒ ክርአ ከሎ፡ ርእይቶ (ሓሳብ) ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ ነይሩ። ይኹን እምበር፡ ንስትራተጂያዊ ረብሓ ኣሜሪካ ኣብ ዞባ ቀይሕ ባሕርን ንምኽባር ኣህጉራዊ ሰላምን፡ ኤርትራ ምስታ መሓዛና ዝኾነት ኢትዮጵያ ክትሓብር ኣገዳሲ ይኸውን፡ ኢሉ።*

ኣሜሪካ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕርን ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃን ንዘለዋ ረብሓ ብሜላታት ሓድሽ መግዛእቲ (neocolonialism) ንምትግባር፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ እቲ ምእዙዝ መሓዛይ እትብሎ ፊውዳላዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ንኽግዛእ ክትሰርሕ ጀመረት። በዚ መሰረት፡ ንኤርትራ በቲ ስኑዕ ፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ድሕሪ ምቕራና፡ ኣሜሪካ ኣብ 1953 ንዕስራን ሓሙሽተን ዓመታት ዝጸንሕ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ስምምዕ ምስ ኢትዮጵያ ኸተመት። እዚ ስምምዕ'ዚ፡ ኣሜሪካ ነቲ ኣገዳሲ ዝኾነ መዓስከር ቃኘው ኣብ ኤርትራ ንኽትምስርት ኣኽኣላ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ኣብ መሬት ኤርትራ፡ እስራኤል

ኣብ ከባቢ ባብ ኤል መንደብ ዝርከባ ደሴታት ሓሌብን ፋጥማን ናይ ስለያ መዓስከራት ብምቛም ንንጥፈታት ማእከላይ ምብራቕ ክትከታተል ኢትዮጵያ ኣፍቀደትላ።

ክፋል ኤርትራ ምስ ናይ ሱዳን ግዝኣታ ናይ ምጽንባር ውዲት ምስ ፈሸላ፡ ብሪጣንያ ምስ ናይ ኣሜሪካ ዝመሳሰል መርገጺ ወሰደት። ሰበ ስልጣን ብሪጣንያ፡ ነቲ ባዕላቶም ዝፈጠርዎ ፖለቲካዊ ቅልውላውን ቍጠባዊ ጸገማትን መሰረት ገይሮም፡ ኤርትራ ቍጠባዊ ብቕዓትን ፖለቲካዊ ርግኣትን ስለ ዘይብላ ናጻ ሃገር ክትከውን ኣይትኽእልን ዝብሉ ጸብጻባት ኣቕረቡ። ምስ ዕላማታት ናይዞም ገዛእቲ ተሳንዩ፡ ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ኤርትራ ብታሪኽ ንኣሽሓት ዓመታት ኣካል ዓባይ ኢትዮጵያ ከም ዝኾነትን ኣፍደገ ባሕሪ ንህልውና ኢትዮጵያ ወሳኒ ምዃኑን ከም ምኽንያት ብምቕራብ ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ ንኽትከውን ብድፍረት ክሓትት ጀመረ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ፍጹም ዓብላልነት ኣሜሪካን መሻርኽታን ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣዝዩ ቅሉዕ ነበረ። ንሕጋዊ ጻውዒት (ምሕጽንታ)፡ ናይተን ብዝያዳ ማሕበርነታዊ ስነ-ሓሳብ ዝኽተላ፡ ኣባል ሃገራት ዕሽሽ ብምባል ድማ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሃጸያዊ መግዛእቲ ሃይለስላሴ ምስ ኢትዮጵያ ብፈደሬሽን ንኽትሓብር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወሰነ። ድሕሪ ናይ ኣስታት ሰብዓ ዓመታት መግዛእቲ፡ ኤርትራ መሊሳ ኣብ ትሕቲ ካልእ ባዕዳዊ መግዛእቲ ከም እትቖረን ተገብረ።

ምስጢራዊ ጸብጻባት መንግስቲ ብሪጣንያ ከም ዘመልከቶ፡ 75% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነት ይደሊ እኳ እንተነበረ፡ ደገፍ ኣሜሪካ ብዝነበሮ ውሳነ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቍጽሪ 390(V) A (1950) ኣቢሉ ግና ኤርትራ ብፈደሬሽን ምስ ኢትዮጵያ ከም እትሓብር ተገብረ። ንህዝቢ ኤርትራ መሰል ርእሰ-ውሳነ ምኽልካል፡ ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ኣፍሪቃ ሓደ ካብቶም ነዊሕ እዋን ዝወሰዱን መረርትን ቃልስታት ንሃገራዊ ናጽነት ምዃኑ ንዝንገረሉ ናይ ሰላሳ ዓመታት (1961-1991) ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣስዓበ።

## እቲ ስኑዕ ፌደሬሽንን ኣፈራርሳኡን

ናይ 1950 ውሳነ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ዘየእተወ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዘይተሳተፎ፡ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ዘይተሓተተሉን ንመሰረታዊ መትከል ምሕላው መሰል ርእሰ-ውሳነ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበሩ ህዝብታት ዝጻረር ነበረ። እዚ ውሳነ'ዚ፡ ሕብረትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዝዓቀበ እኳ እንተኾነ፡ ንመሰል ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ጎስዩ ከም መርሖ ዕብለላ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣገልገለ።

ኣደለውቲ (ጸሓፍቲ) ውሳነ ውድብ ሕቡራት ሃገራት 390 A(V)፡ ንደረታትን ውሕስነት ትግባረን ናይቲ ፌደራላዊ ስርዓት፡ ኣካል ናይዚ ውሳነ'ዚ ኣይገበሩዎን። እዚ ብፍላጥ ዝተገብረ ጕድለት'ዚ፡ ኤርትራ ልኡላውነታን ርእሳ እትከላኸለሉ ባይታ ናይ ምፍጣር ዓቕማን ዝቕንጥጥ፡ ከምኡውን ኣብ ርእሰ-ምሕደራኣ ንዘጋጥሙ ጥሕሰታት እትቈጻጸረሉን እትምክተሉን ውሽጣዊ ይኹን ግዳማዊ ኣገባብ ዘየካተተን ነበረ። ኢትዮጵያ ነዚ ነቓዕ'ዚ ብምምዝማዝ፡ ኣንጻር ትሕዝቶን መንፈስን ውሳነ ፌደሬሽን ናይቲ ውድብ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጕዳያት ኤርትራ ብቐሉዕ ትኣቱ ነበረት። ከም ኣብነት፡ ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጣዊ ጕዳያት ብምእታዋ ኣባላት ባይቶ ኤርትራ ተቓውሞኦም ምስ ኣስምዑ፡

> *ንቤት ጽሕፈት ወኪል ንጉስ ኣብ ኤርትራ ብዝምልከት ውሽጣዊ ወይ ግዳማዊ ዝበሃል ጕዳይ የሎን፡ ንመጻኢውን ኣይህሉን። ኵሉ ጕዳይ ኤርትራ ንኢትዮጵያን ንንጉስን ይምልከት።*

ዝብል ግሉጽ መልሲ ተዋህቦም።

ስርዓት ፌደረሽን፡ ንኢትዮጵያ ዲሞክራስያዊ ስርዓተ-ፖለቲካ ንኸሃንጽን ቀጠባኣ ኽኣ ንኸተመሓይሽን ዕድል ዝኸፍተ ነበረ። ይኹን እምበር፡ ኢትዮጵያ ነዚ ዕድል'ዚ ተጠቂማ ብቑዕ ፌደራላዊ ሕብረት ብምፍጣር ኣብ ክንዲ ትዓቢ፡ ንርእሰ-ምሕደራ ኤርትራ ጎስያ ንኤርትራ ክትደቍስ መረጸት።

ፌደረሽን ከም ኣምር ኣብ መንጎ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ዝኾና ሃገራት ብድልየተን ዝፈጥርአ ሕብረት ኮይኑ፡ እዘን ሃገራት እዚኣተን ኣብ ዘቅ፡ማአ ላዕለዋይ ኣካል፡ ምዕሩይ ዝኾነ ስልጣንን ግደን ከም ዝህልወን ዝገብር ስርዓት እዩ። ብውሳነ ውድብ ሕቡራት ሃገራት 390 A(V) ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተሰገደደ ፌደረሽን ግና፡ ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዘውዲ ሃጸይ ሃይለስላሴ ዝኾረነ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ናይቲ ፌደረሽንን ናይ ኢትዮጵያን መንግስቲ ንክኸውን ዝፈቐደ ስኑዕ ስርዓት ነበረ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኢትዮጵያ፡ ብመገዲ እዚ ስርዓት ፌደሬሽን ኣቢላ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ልኡላውነት ክህልዋ፣ ንኣፍደገ ባሕሪ፡ ንፋይናንስ፡ ወደባት፡ ዝምድናታት ወጻእን ኣህጉራዊ ንግድ ኤርትራን ንኽትቈጻጸር ኣኽኣላ። እዚ ግና ንንጉሳዊ ስርዓት ኢትዮጵያ እኹል ኣይነበረን። ኢትዮጵያ፡ ናይ ምስፍሕፋሕ ሕልማ ክዉን ንምግባር ንስርዓት ፌደሬሽን ክትበታትን ጀመረት። ፌደረሽን ጌና ሰለስተ ዓመት ጥራይ ገይሩ ከሎ፡ ኢትዮጵያ ንኣዋጅ ፌደረሽን ጥሒሳ ነቲ ብምርጫ ዝመጸ መራሒ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ስልጣኑ ከም ዝእለ ብምግባር፡ ብዝምእዘዛ ካልእ መራሒ መንግስቲ ተክአቶ፣ በዚ ኣቢላ ንፍጹም ምፍራስ ፌደራሽን ከኣ ኣቀላጢፋቶ።

ኢትዮጵያ ኣንጻር እቲ ተካይዶ ዝነበረት ሕሱም ምትእትታው ንዝቐርቡ ዝነበሩ ጥርዓናትን ተቓውሞታትን ዕሽሽ ምባላ፡ ንዝበዝሑ ኤርትራውያን ኣቔጥዐ። ኢትዮጵያ፡ ንማሕበር ኣንድነት ከም ቀንዲ መሳርሒ ምትእትታው ኣብ ጕዳይ ኤርትራ ትጥቀመሉ እኳ እንተነበረት፡ ጸኒሓ ግና ነቶም ናይ ቀደም ተሓባበርታ ከይተረፈ ክትጠልም ተራእየት።

ካልኦት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ንመትከል ርእሰ-ውሳነ ተጠቂመን ካብ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ሓራ ብምኳን ንገዛእ ርእሰን ከመሓድራ በቒዐን። ኣብ ጕዳይ ኤርትራ መጺእካ ግና፡ ንመሰረታዊ መትከል ርእሰ-ውሳነ ብዝጻረር ኣገባብ፡ ነቲ ዝነበረ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ - ኣብ ክፍለ-ዓለም ኣፍሪቃ ሓድሽ ብዝኾነ ተመኩሮ- ብኻልእ ኣፍሪቃዊ መግዛእቲ ከም ዝትካእ ተገብረ። ብውክልና ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡

ኤርትራ ብስም ፌደሬሽን ገንሸል መስዋእቲ ስትራተጂያዊ ረብሓታት ኣሜሪካ ኮነት። እዚ ድማ፡ ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ህዝብታት እዚኣቶም ግርጭት ንኽለዓል ምኽንያት ኮነ። ግጉይ ስትራተጂ ኢትዮጵያ፡ ቍጥዐ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝግንፍልን ንብረታዊ ተጋድሎ ዘለዎ ደገፍ ከም ዝሹላዕን ብምግባሩ፡ ውጽኢቱ ኣንጻር ረብሓ ኢትዮጵያ ነበረ።

# ሳልሳይ ክፋል፡ ሰውራ ኤርትራን ጂኦፖለቲካ ገድልን

## 1. ምፍራስ ፈደሬሽንን ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎን

ግዜ ፈደሬሽን፡ ብሰንኪ ርሱን ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታት፡ ተማሃሮን ካልኦትን፡ ብሓፈሻ ፖለቲካዊ ዘይምቅዳዋት ዝዓብለሎ እዋን ነበረ። ስርዓት ሃይለስላሴ፡ በቲ እንዳሓየለ ዝመጽእ ዝነበረ ተቓውሞታት ኤርትራውያን ብምስጋእ ኣብ ህንጻ መንግስቲ ኤርትራ (ቅዋም ኤርትራ) ንዝሰፈሩ መሰረታውያን መሰላት ክጥሕስ ጀመረ። ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣዋፊሩ ንሃገራዊ ቃልሲ ክጭፍልቕ እኳ እንተፈተነ፡ እቲ ጸቕጢ ንጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝተርር ብምግባር ብምስጢር ተወዲቡ ኣብ ሰውራዊ ንጥፈታት ብዝሓየለ ከም ዝዋሳእ ገበሮ።

ቅድሚ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ፡ ኣብ 1950ታት፡ ህዝቢ ኤርትራ ንጥሕሰት ዓንቀጻት ፈደሬሽን ብትሪ ይቃወም እኳ እንተነበረ፡ ሰማዒ እዝኒ ግና ኣይረኸበን። ንግህሰት ኣዋጅ ፈደሬሽን ኣብ ምምካት፡ መራሕቲ ኤርትራ ዲፕሎማስያዊ ፈተነታትውን የካይዱ ነበሩ። ክሳዕ ኣብ ቅድሚ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቀሪቦም ከኣ ኢትዮጵያ ካብ ተግባራታ ንኽትቍጠብ ብጽሑፍ ተማሕጺኖ። ኣብ ሕዳር 1957፡ ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያምን ኣቶ ዑመር ቃዲን፡ ጥሕሰት ኢትዮጵያ ኣብ ርእሰ-ምሕደራ ኤርትራ ጠጠው ንኽብል ብምምሕጻን፡ ብቐጻሊ ዝካየዱ ዝነበሩ ዲፕሎማስያዊ ፈተነታት ኣብ ዕጹው መዓጾ እንተ በጺሖም ግና ምረት ህዝቢ ኤርትራ ዘንቀሎ ግጭት

ክለዓል ከም ዝኽእል ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣጠንቀቐ። ከምዚ ንዝበለ ልዙብ ምሕጽንታ ህዝቢ ኤርትራ፡ ስርዓት ሃይለስላሴ ደረቕ መርገጺ ብምውሳድ ተቓወሞ። ንጥሕሰታትን ምትእትታዋትን ስርዓት ሃይለስላሴ ብምቅዋም ኣብ 1957 ብተማሃሮ ዝተወደበ ሰላማዊ ሰልፊ ናብቲ ኣብ 10 መጋቢት 1958 ኣብ ከተማታት ኣስመራን ምጽዋዕን ዝተኻየደ ሓፈሻዊ ኣድማ ገጹ ዓረገ። ስርዓት ኣዲስ ኣበባ፡ ወተሃደራቱ ብቐጥታ ናብ ሰላማዊ ሰልፈኛታት ተኹሲ ከም ዝኸፍቱ ብምግባር ድማ ኣብ ልዕሊ ሓሙሽተ ሚእቲ ዝኾኑ ኤርትራውያን ጉድኣት ኣውረደ። እዚ ጨካን ግብረ መልሲ'ዚ፡ ብሰላማዊ መንገዲ ዝካየድ ተቓውሞ ፍረ ዘይብሉ ምዃኑ ኣግሃደ።

ኣብ ኤርትራ ብዝነበሮ ፖለቲካዊ ዕብለላ ዘይዓገበ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ኣተኲሮኡ ናብ ምዕናው ቍጠባ ኤርትራ ኣቕንዐ። ንጨቋኒ ሜላታቱ ብምቕጻል ከኣ፡ ንቑጠባዊ ትካላት ኤርትራ ብምዕናው ኣገደስቲ ንዝኾኑ ትካላትን ሰብ ዋኒን ከኣ ናብ ኢትዮጵያ ከም ዝግዕዙ ገበረ። ነዚ ተኸቲሉ፡ ብዙሓት ካብቶም ኣብዘን ትካላት እዚኣተን ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ናብ ኢትዮጵያን ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራትን ተሰዱ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ካብ ኤርትራ ዝተኣከበ ኣታዊታት ናብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ከም ዝሰጋገር ስለ ዝተገብረ ንቑጠባዊ ውድቀት መንግስቲ ኤርትራ ኣቀላጠፎ። ነዚ ብድሆ ንምፍታሕ ኢሉ መንግስቲ ኤርትራ ዘተኣታተዎ ተወሳኺ ግብሪ፡ ንተቓውሞ ህዝቢ መሊሱ ኣንሃሮ።

መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ከም ኣካል ናይቲ ንፖለቲካዊ ዘይምርግጋኣት ብጎነጽ ናይ ምፍታሕ ኣካይዳኡ፡ ንፖሊስ ኤርትራ ብምምብርካኽ፡ ጉጅለታት ሸፋቱ ኣብ መላእ ሃገር ዕግርግር ንኽፈጥሩን ንተቓወምቲ ናይቲ ስርዓት ኸኣ ንኽርዕዱን የተባብዕ ነበረ። ከም መርኣያ ናይቲ ሕንከት ዘይብሉ ህርፋን ዓብላልነቱ ድማ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ኣብ 12 ታሕሳስ 1958 ንባንዴራ ኤርትራ ብምውራድ ብባንዴራ ኢትዮጵያ ተክኣ። መጸውዒ መንግስቲውን ካብ "መንግስቲ ኤርትራ" ናብ "ምምሕዳር ኤርትራ" ተለወጠ። ባይቶ

ኤርትራ ብጾቕጥን ምፍርራህን ንድልየታት ስርዓት ሃይለስላሴ ከማልእ ተገደደ። ነዚ ዝተቓወሙ ኣባላት ባይቶ ኤርትራ፡ ዝወርዶም ዝነበረ ጸቕጥን ምፍርራህን ስለ ዝበርትዖም ኸኣ ዝበዝሑ ካብኣታቶም ንስደት ኣምርሑ።

ብስደት ኣብ ሱዳን ዝነበሩ ኤርትራውያን ኣብ 1958 ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ኣብ ሱዳን መስረቱ። ዕላማ ሓራካ ነቲ ናብ ናጽነትን ሕብረትን ተፈላልዩ ዝነበረ ህዝቢ ኣብ ሓደ ደንበ ኣሕቢርካ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ካብ ኤርትራ ብምጽራግ ናጽነት ኤርትራ ምርግጋጽ ዝብል ነበረ። ቀዳመይቲ ዋህዮ ሓራካ ድማ ብ2 ሕዳር 1958 ኣብ ፖርት ሱዳን ተመስረተት። ብምስጢራዊ ኣቃውማ ዋህዮታቱ "ማሕበር ሸውዓተ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ምንቅስቓስ፡ ዕጡቕ ሓይሊ እኳ እንተዘይነበሮ ኣብ ምልዕዓል ሃገራዊ ስምዒት ብዕቱብ ይነጥፍ ብምንባሩ ሰፊሕ ደገፍ ህዝቢ ነበሮ። ካብ ከበሳን መታሕትን፣ ኣስላምን ክርስትያንን ኣብ ሓደ መኣዲ ዝጸንበረት ሓራካ፡ ንቃልሲ ኤርትራ ካብ ፖለቲካዊ ናብ ብረታዊ ዘሰጋግር ድልድል ሃነጸት። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ስደት ዝነበሩ ኤርትራውያን ተማሃሮን፡ ፕረዚደንት ባይቶ ኤርትራ ዝነበረ እድሪስ መሓመድ ኣደም ዝርከቦም ካልኦት ሃገራውያንን ብምዃን፡ ሓምለ 1960 ኣብ ኤርትራ ብረታዊ ቃልሲ ናይ ምጅማር ተበግሶ ወሰዱ።

ኣብ መንጎ ሕቶ ናጽነት ኤርትራውያንን፡ ህርፋን ምስፍሕፋሕ ስርዓት ሃይለስላሰን ዝነበረ ዘይተዓረቕ ግርጭት እንዳገደደ ምስ ከደ፡ ሃይለስላሴ ንፍትሓዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ዕሽሽ ብምባል ብውሳነ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንዝቖመ ፌደሬሽን ሰሪዙ ንኤርትራ ክፍሊ ሃገር ኢትዮጵያ ገበራ። ስርዓት ኢትዮጵያ ይዥን ባይቶ ኤርትራ ንፈደሬሽን ናይ ምፍራስ መዚ ስለ ዘይነበሮም፡ ነዚ ይቕረ ዘይበሃሎ ዘይሕጋዊ ስጉምቲ ሃይለስላሴ ህዝቢ ኤርትራ ብትሪ ተቓወሞ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብዚ ነገር'ዚ ጣልቃ ብምእታው ንሓደ-ወገናዊ ምፍራስ ፌደሬሽን ጠጠው ከብሎ እዩ ዝብል ትጽቢት እኳ እንተነበሮም፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ማሕበረሰብ ዓለምን ንተኸታተልቲ መልእኽትታትን ምሕጽንታታትን ወከልቲ ኤርትራ ጸማም

እዝኒ ስለ ዝሃብዎ ትጽቢት ህዝቢ ኤርትራን መሪሕነቱ ሕልሚ ጥራይ ኰይኑ ተረፈ። ስርዓት ሃይለስላሰ ደገፍ ናይታ ዕዙዝ ኣህጉራዊ ጽልዋ ዝነበራ ኣሜሪካ ብምርካቡ፡ ንስርዓት ፌደሬሽን ኣፍሪሱ ንኤርትራ ብምጉባጡ እዚ እዩ ዝበሃል ኣህጉራዊ ተቓውሞ ኣይገጠሞን። በዚ መሰረት፡ ኤርትራ ብውዲት ኣሜሪካ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣተወት።

1 መስከረም 1961፡ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ንብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ብወግዒ ድሕሪ ምጅማሩ፡ ኣብ ምዕራብ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ዝነበረ ሓደ ነቝጣ ፖሊስ መጥዓዕቲ ብምክያድ ንዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብወግዒ ፈለመ። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ምሉእ ናጽነት ሃገር ምጭባጥ ዝብል ንጹርን ጽኑዕን ዕላማ ነበሮ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ዓሰርተታት ዓመታት ድሕሪ ዘቝጸረ ፊውዳላዊ ወራራትን ኣስታት ሰማንያ ዓመታት ዝወሰደ ባዕዳዊ መግዛእትን - መሰል ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ ዘካየዶም ሰላማዊ ተቓውሞታት ጭቡጥ ፍረ ክህቡ ስለ ዘይከኣሉ - ብረት ከልዕል ተገደደ። ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተቐባልነቱ ዓዚዙ ናህሩ እንዳወሰኸ ምስ መጸ፡ ስርዓት ሃይለስላሰ ዘየናሕሲ ግፍዕታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ኣውረደ።

## 2. ኣህላኽን ነዊሕን ጉዕዞ ንስምረት

ኣብ 1963፡ ኣባልነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ) ብቝጽርን ብዙሕነትን እንዳዓበየ ከደ። ኣብ ካይሮ ዝመደበሩ ላዕለዋይ ባይቶ ተሓኤ ንጥፈታት ሜዳ ኤርትራ ንምቍጽጻር፡ ንሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ብሄር፡ እምነትን መበቈል ዓድን መሰረት ዝገበረ ኣርባዕተ ክፍልታት ጸኒሑ ሓምሻይ ብምውሳኽ ወደቦ። ምቛም ክፍልታት፡ ካብ ተመኩሮ ሰውራ ኣልጀርያ (ሃገራዊ ግንባር ሓርነት ኣልጀርያ) ዝተወስደ ነበረ።

ምቛም ክፍልታት፡ ኣሃዱታት ተ.ሓ.ኤ ህዝቢ ብጻዕቂ ናብ ዝነብረሉ ሰፊሕ ከባቢታት ከም ዝዝርጋሕ ብምግባር፡ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ቃልሲ ንምዕዛዝን ነፍስወከፍ ክፍሊ ንከባቢኡ (ክፍሉ) ሓራ ኽገብርን ዝብል ዕላማ ነበሮ።

ዕብለላ ንምውጋድ ኣብ ሓደ ክፍሊ ብዝሒ ቍጽሪ ኣባላት ሓንቲ ብሄር ልዕሊ 30% ክኸውን ኣይፍቀድን ነበረ። መራሒ ነፍሲ-ወከፍ ክፍሊ ግና ተወላዲ ናይቲ ዝውክሎ ክፍሊ ከም ዝኸውን ተገብረ። ምቛም ክፍልታት፡ ንመግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ዝሰፍሖ ከባቢታት ተመጢቱ ዓቕሙ ከም ዝበታተንን ንመጥቃዕቲ ኸኣ ከም ዝቃላዕን ገበሮ።

ብቐንዱ ሰፊሕ ተሳታፍነት ህዝቢ ንምዕባይ ተባሂሉ ኣብ ብሄርን እምነትን መሰረት ዝገበረ ምቛም ክፍልታት፡ ናብ ናይ ግርጭትን ምዝመዛን ከባቢታት ተቐየረ። ኣብ ሜዳ ዝነበራ ክፍልታት ኣብ ክንዲ ምትሕብባርን ምውህሃድን፡ ኣብ ውድድር ሓድሕድ ስለ ዝተሸማ እዘን ክፍልታት ንቃለሰሉ ኣሎና ዝብላኦ ቀንዲ ሃገራዊ ዕላማ ብፍጹም ተረስዐ። መራሕቲ ክፍልታት፡ ንሰውራዊ ዕማማቶም ጎስዮም ዝያዳ ቍጠባዊ ሓይልን ዕብለላን ንምርካብ ናብ ምእካብ ግብርን ምውህላል ንብረትን ብምትኳሮም፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣቐዲሙ ብመግዛእቲ ተዳኺሙ ዝጸንሐ ህዝቢ ተወሳኺ በደልን ግፍዕን ኣውረዱ። እዚ ክውንነት'ዚ፡ ምቛም ክፍልታት ሓድነትን ንጡፍ ተሳትፎን ህዝቢ የደንፍዕ ኣብ ዝብል እምንቶ መሰረት ዝገበረ ኣተሓሳስባ ግጉይ ምንባሩ ኣግሃደ።

ኣብ መንጎ ክፍልታት ዝነበረ ምትህልላኽ እናበኣሰ ብምኻዱን ሓድሕድ ዘይምትእምማን፡ ብልሽውና ወዘተ ዝጠንቀም ግርጭታትን ወጥርን፡ ኣብ 1966 ንተ.ሓ.ኤ ኣብ ውሽጣዊ ቅልውላው ኣእተዎ። እዚ ሕንፍሽፍሽ ዝዓብለሎ ኩነታት ንኩለንተናዊ ጥርናፈ ተ.ሓ.ኤ ኣዝዩ ኣዳኸሞ። ንጹር ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዘይምህላው፡ ጕድለት ብቑዕ መሪሕነትን ኣድማዒ ትካላዊ ቅርጺ ዘይምንባርን ድማ ንገስጋስ ተ.ሓ.ኤ ዓንቀፎ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፡ ዝተኻየዱ ናይ ለውጢ ምንቅስቓሳት ሰዒቡ ንዝመጸ ውህደት ክፍልታት ከዐውቱ እኳ እንተኸኣሉ፡ ናይ ኩሎም ክፍልታት ደገፍ ክረክብ ግና ኣይከኣለን። ኣብ መንጎ እቶም ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝቕመጡ ብዕድመ ዝደፍኡ ሓለፍትን መንእሰያት ተጋደልትን ዝነበረ

ፍልልያት ፖለቲካዊ ኣረዳድኣ፡ ስምረት ምንቅስቓስ ናጽነት ንምዕዋት ንዝተኻየደ ቃልሲ ዝተሓላለኸ ገበሮ።

ኣብ ምጅማር 1970 ብርክት ዝበሉ ንኣካይዳ ተ.ሓ.ኤ ዝተቓወሙ ተጋደልቲ፡ ብመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ስለ ዝተሃድኑ ኣብ ገማግም ደንካልያ ተዓቚቦም። ሓምለ 1970 ድማ ቀዳማይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ኣቚሞም። ካልኣይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት'ውን ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ቖመት። ኣብ ለካቲት 1972 ቀዳማይን ካልኣይን ወገን ድሒሩ ምስ ዝቖመት ሳልሳይ ወገን በብቑሩብ ንኽሓብሩ ተሰማምዑ። እዚ ሕብረት ኣብ መወዳእታ 1973 ንህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ወለደ። እዚ መጸውዒ'ዚ ኣብቲ 1977 ዝተኻየደ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ (ህ.ግ.ሓ.ኤ) ተለወጠ። ካብ መወዳእታ ናይ 1970ታት ኣትሒዙ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዓብላሊ ሓይሊ ኣብ ኤርትራ ኮነ። ኣብ መንጎ ህዝባዊ ግንባርን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ንዝነበረ ምግርጫው ተኸቲሉ ኣብ 1981 ድሕሪ ዝተባርዐ ኲናት ሓድሕድ፡ ህዝባዊ ግንባር ንሓይልታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ካብቲ ኣብ ባርካ ዝነበረ ጽኑዕ ዕርዶም ስለ ዘልቀቖም ተደፊኦም ንመሬት ሱዳን ኣተዉ።

## 3. ኢትዮጵያ፡ ፈረስ ትሮይ ኣብቲ ዓቢ ጂኦፖለቲካዊ ቅልስ

ኣብ 1974 ሃጸይ ሃይለስላሴ ካብ ስልጣኑ ተኣልዩ ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ ኮሚተ (ደርግ) ምእታዋ ነጥበ-መቐይሮ ታሪኽ ናይታ ሃገር ነበረ። ዝተፈላለዩ ኣህጉራውን ከባብያውን ምኽንያታት ውድቀት ናይቲ ከም ተኸላኻላይ ሃጸይነት ዝሕሰብ ዝነበረ፡ ስርዓት ሃይለስላሴ ኣስዒቦም።

ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ትሕቲ እዚ ፊውዳላዊ ስርዓት፡ ንነዊሕ እዋን ኣደዳ ምልኪ፡ ጭቆናን ስእነትን ኲይኑ፣ ብድኽነት፡ ሕማምን ድንቍርናን ንዓመታት ተሳቒዩን ነበረ። በዚ ምኽንያት፡ ንመሰሉ ክቃለስ ተቐሰበ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ቃልሲ ኤርትራውያን ንናጽነትውን፡ ምስ'ቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኸስተ ቍጠባዊ ቅልውላው፡ ህዝባዊ ተቓውሞን ምልዕዓል ሰራዊትን፡

ሓደ ካብቶም መሰረታዊ ጠንቅታት ውድቀት ስርዓት ሃይለስላሴ ነበረ። ሽቃሎ፡ ሓረስቶትን ካልኦት ውጹዓትን ንማሕበራውን ፖለቲካውን መሰላቶም ዝከላኸለሎም ሓድሽ ፖለቲካዊ ስርዓት ይደልዩ ነበሩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ገስጋሲ ኣረኣእያ ዝነበሮም ጕጅለታትን ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓሳትን እኳ እንተነበሩ፡ ነቲ ሓያል ህዝባዊ ማዕበል ዘወሃህድ ፖለቲካዊ ውድብ ግና ኣይነበረን። በዚ ምኽንያት፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ በዞም ገስጋሲ ኣረኣእያ ዝነበሮም ሓይልታት ኣቢሉ ስልጣን ክጭብጥ ኣይከኣለን።

ኣብ መንጎ'ዚ እቲ ወተሃደራዊ ሓይሊ ናብ ስልጣን መጸ። ስርዓት ደርግ፡ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ብምእላይ መሰረታዊ ናይ ማሕበረ-ፖለቲካዊ ለውጢ ከም ዘምጽእ መብጽዓ ብምእታው ስልጣን ሓዘ። ካብ ሃጼያዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ናብ ወተሃደራዊ ስርዓት ደርግ ዝተኻየደ ምስግጋር ስልጣን፡ ዝተሓላለኸ ሓድሕድ ምጽልላው ናይ ዘቤታዊ ዘይዕጋበት፡ ከባብያዊ ምዕባለታትን ኣህጕራዊ ጽልዋታትን የመልክት። ስርዓት ደርግ፡ ኣብ ነዊሕ ጕዕዞ ሕብረተሰብ ኢትዮጵያ ጽልዋ ዘለዎ መሰረታዊ ልውጢ ኣየምጽአን።

ካብ 1946 ክሳዕ 1975 ወተሃደራዊ ሓገዝ ኣሜሪካ ንኢትዮጵያ 286.1 ሚልዮን ዶላር ዝበጽሕ ብመልክዕ ደገፍን ለቓሕን ነበረ። እዚ ወተሃደራዊ ሓገዝ'ዚ፡ ካብቲ ዋሽንግቶን ዓመታዊ ንኣፍሪቃ እትህቦ ወተሃደራዊ ሓገዛት ዓቢ ክፋል የጠቓልል። ብሓፈሻ ክሳዕ 1974 ኢትዮጵያ ካብ ዝኾነት ናይ ትሕተ-ሰሃራ ሃገር ዝበዝሐ ሓገዝ ኣሜሪካ ትቕበል ነበረት። ካብ መፋርቕ ናይ 1970ታት ኣትሒዙ ግና ከም ኬንያ፡ ኣይቮሪኮስትን ናይጀርያን ዝበላ ምዕቡል ትሕተ-ቕርጺ ዘውንናን ንወፍሪ ብዝያዳ ዝስሕባን ሃገራት ስለ ዝኾና፡ ኣገዳስነት ኣዲስ ኣበባ እናንቈልቈለ ኸደ። ማዕድናዊ ሃብትን ስትራተጅያዊ ኣገዳስነት ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ከምኡውን ድሕሪ ምውዳቕ ግዝኣት ፖርቱጋል ኣብ ሃገራት ሞዛምቢክ፡ ኣንጎላን ጊኒ ቢሳዎን ማርክሳዊ ስርዓታት ምቕልቃሉ ኣተኵሮ ዋሽንግቶን ሰሓበ።

ኣብቲ መወዳእታ ዓመት ምሕዝነት ኣሜሪካን ኢትዮጵያን፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ንሓይልታት ኤርትራ ንምምካት ካብ ዋሽንግቶን ሓገዝ ኣጽዋር

ሓቲቱ ነይሩ። ይኹን እምበር፡ ብሰንኪ'ቲ ድሕሪ ኩናት ቬትናም ዘጋጠመ ቍጠባዊ ጸገማት፡ ኣሜሪካ ብመሸጣ እምበር ብሓገዝ ንሃገራት ኣፍሪቃ ትገብሮ ዝነበረት ወተሃደራዊ ደገፋት ኣጕዲላቶ ነበረት። ኢትዮጵያ ካብቲ ዝወረዳ ከቢድ ደርቂ ጌና ከይተገላገለት ከላ፡ ኣብ 1975 ስርዓት ደርግ ነቲ ካብ ኣሜሪካ ዝዕድጎ ኣጽዋር ብዝተዓጸጸፈ ምውሳኹ፡ መርኣያ ለውጢ ፖሊሲ ወጻኢ ጕዳያትን ከባብያዊ ኪዳን (ምሕዝነት) ነበረ።

ምስ ምምጻእ ሓደስቲ ተክኖሎጂ መራኸቢታት፡ ኣገዳስነት መደበር ቃኘው ጕደለ፣ ኣብ መንጎ ኣሜሪካ ኢትጵያን ዝነበረ ውዕል ዘብቅዓሉ ግዜ 1978 'ውን ተቓሪቡ ብምንባሩ እዚ ናይ ኣስመራ ማእከል መራኸቢታት ተዓጽወ። ጽንሕ ኢሉ፡ ፕረዚደንት ካርተር ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ዘተኰረ ፖሊሲ ወጻኢ ጕዳያት ስለ ዝተኸተለ፡ እቲ ኣጋጣሚ ንግልቃ ኣታውነት ሕብረት ሶቬት ኣብ ጕዳያት ኢትዮጵያ ዕድል ከፈተ። ሕብረት ሶቬት ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንረብሓታታ ዘገልግል ስርዓት የድልያ ብምንባሩ፡ ንስርዓት ደርጊ ንምድጋፍ ኣይተማትአትን። በዚ መሰረት፡ ስርዓት ደርጊ ኣንጻር ምንቅስቓስ ናጽነት ኤርትራ ዝቐንዐ ኣጽዋር፡ ወተሃደራዊ ስልጠናታትን ፖለቲካዊ ደገፍን ካብ ሶቬታውያን ረኸበ። ንህዝቢ ኤርትራን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ግዳይ ዝተናውሐ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ቅልውላውን ግጭትን ዝገበረ ምትእትታው ሕብረት-ሶቬት ከኣ በዚ ተጀመረ።

ኣብ ቀዳሞት ዓመታት ናይ ዝሑል ኩናት፡ ሕብረት ሲቬት ንመሰል ርእሰ-ውሳነ ኤርትራ ትድግፍ እኳ እንተነበረት፡ ስርዓት ሃይለስላሴ ኣብ 1974 ካብ ስልጣኑ ምስ ተኣለየ ደገፉ ናብ ኢትዮጵያ ለወጠት። ምስ ሃገራት ደቡብ የመንን ሊብያን ሰሚራ ኸኣ ንወተሃደራዊ ሃቐነታት ኢትዮጵያ ብምድንፋዕ ምንቅስቓስ ናጽነት ኤርትራ ንምጭፍላቕ ቀንዲ ደጋፊታ ኰነት።

በዚ መሰረት፡ ኣብ 1977 ኣሜሪካን ሕብረት ሲቬትን ንኢትዮጵያ ኣብ ምድጋፍ ዝነበረን መርገጺ ብፍጥነት ተቐያዪረን፡ ሰውራ ኤርትራ - ዳርጋ ብዘይዝኾነ ይኹን ናይ ደገ ደገፍ - ኣንጻር እቲ ሓድሽ ሓገዛት ሕብረት ሶቬት ዝረኸበ ስርዓት ኢትዮጵያ ደው በለ። ናይ ፊለማ ዲፕሎማሲያዊ

ጻዕርታት ኤርትራ ናይ ከም በዓል ኩባ ዝመሰላ ናይ ጸጋም ስነ-ሓሳብ ዝኽተላ ንኣሽቱ ሃገራት ደገፍ ክኸስብ ክኢሉ ነበረ። ብሰንኪ ድሒሩ ዝሰዓበ ውሽጣዊ ምክፍፋላትን ምቕያር መርገጺ ደገፍን ግና ዝምድና ኩባ ክቕጽል ኣይከኣለን።

ሰውራ ኤርትራ ደገፍ ዝኾነ ልዕለ-ሓያል ሃገር ስለ ዘይነበሮ፡ ንጕጅለታት ኣንጻር ወገን ምድጋፍ ንዝብል ልሙድ ናይ ዝሑል ኲናት ኣተሓሳስባ ገዲፉ፡ ኣብ ብረታዊ ተጋድሎን ናብ ውሽጢ (ህዝቢ) ዝቐንዐን ጎስጓስ ኣብ ምክያድን ተጸምደ። በዚ መሰረት፡ ምስቲ ዝለዋወጥ ዝነበረ ማሕበራውን ፖለቲካውን ኵውንነት ዝሳነ መስመር ብምኽታሉ፡ ሰውራ ኤርትራ ብጽንኵር ባህርያውን ሰብ-ሰርሖ ብድሆታት እኳ ይሓልፍ እንተነበረ፡ ኣብ ጭቡጥ ኵነታት ዝተሰረተ ንጹር ራእይ ከቐምጥን ኣብነታዊ ምዕባለታት ከዕውትን ከኣለ።

ካብ መወዳእታ ናይ 1976 ኣትሒዙ፡ ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይሊ ናብ ሰውራ ኤርትራ ስለ ዝዛዘወ ምሕራር ገጠራትን ከተማታትን፡ ኣቓዲሙ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ደረጃ፡ ወሰኸ። ኣብ መወዳእታ 1977 ልዕሊ 90% ካብ መሬት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ሰውራ ኤርትራ ኣተወ። መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኸኣ ካብ ብዙሓት ስትራተጅያውያን ቦታታት ሃገርና ተደፊኡ ኣብ ውሑዳት ከተማታት ጥራይ ተደረተ። እዚ ዓወት'ዚ ምምሕዳር ዓድታት ዝብል ሓድሽ ምዕራፍ ስለ ዝኸፈተ ኣብ መንጎ ተጋደልትን ኣብ ከተማታት ዝነብሩ ሲቪልን ጥቡቕ ዝምድና ክፍጠር ከኣለ። በዚ መሰረት፡ በብኸባቢኡ ዕዮ ምኽባር ሕግን ስርዓትን ከም ዝካየድ፡ ህዝባዊ ምምሕዳራት ከም ዝቖማን ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ከም ዝህነጽን ተገብረ።

ንሰውራዊ ዓወታት ብባህላውን ስነ-ጥበባውን ኣገባባት ምዝካርን ምብዓልን፡ ኣብ ምህናጽ ሃገራዊ መንነት ኣገዳሲ ተራ ነበሮ። እዞም ስነ-ጥበባዊ ስርሓት፡ ንዝተጨበጡ ዓወታት፡ ዝረኣዩ ለውጥታትን ካልኣትን ናብ ህዝብን ተጋደልትን የቃልሑ ነበሩ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ሰውራ ኤርትራ፡ ኤርትራዊ መንነት ንምዅስኳስን ሃገራውነት ንምድንፋዕን ትእምርታዊ (symbolic)

ንጥፈታት የካይድ ነበረ። ንህዝባዊ ቦታታት ብስም ሰውኣት፡ ታሪኻዊ ዓውደ-ውግኣትን ኣገደስቲ ድፋዓትን ምስማይ፣ ኣብ ዝተሓረሩ ከባቢታት ሜዳ ስውኣት ወይ መቓብር ስውኣት ምድላው ወዘተ ሃገራዊ ስምዒት ከም ዝዓቢ ብምግባር፡ ህዝቢ ኣብ ዝተፈላለዩ ዕዮታት ሰውራ ብንጥፈት ከም ዝዋሳእ ገበሮ።

ክብ ኢሉ ከም ዝተገለጸ፡ ድሕሪ ምውዳቕ ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ሕብረት ሶቬት ኣብ ጎድኒ ስርዓት ደርግ ኮነት። ንስርዓት ደርግ ወተሃደራዊ ኣጽዋርን ኣማኸርትን ስለ ዘዕጠቐት ድማ ሚዛን ሓይሊ ንረብሓ ስርዓት ደርግ ተለወጠ። ኣብ ምምካት እዚ ሓድሽ ሓይሊ ስርዓት ደርግ፡ ስምረት ሰውራዊ ውድባት ወሳኒ ተራ እኳ እንተነበሮ፡ መጥቃዕትታት ኢትዮጵያ ቀዲሙ ስለ ዝመጸ ግና ሰብካን ኣጽዋርካን ብዝከኣል ዓቂብካ፡ ኣብ ዝጥዕም ጽኑዕ ደጀን ዓሪድካ፡ ንጸላኢ ኣብ ዝተናውሐ ኲናት ምስዓር ብዝብል ዕላማ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ተገብረ። ኣብ ሓጺር ግዜ ድማ ስርዓት ደርግ ንከተማታት ኤርትራ ክቈጻጸር ከኣለ። ስርዓት ደርጊ ንከተማታት ምሓዙ ንሰውራ ኤርትራ ዝዕንቅፍ እኳ እንተነበረ፡ ኣቓዲሙ ኣብ ህዝቢ ዝሰረጸ ሃገራዊ ስምዒትን ተዘክሮታት ሰውራን ግና ነባሪ ኣሰር ገዲፉ ነበረ።

## 4. ማሕበራዊ ለውጢ፡ እቲ ካልኣይ ገጽ ሰውራ ኤርትራ

ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ፡ ማዕረ-ማዕረ እቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ማሕበራዊ ለውጥታት ናይ ምምጻእ መደባት'ውን ይካየዱ ነበሩ። እዞም መደባት እዚኣቶም ምውሓስ ምዕሩይ ተጠቃምነት መሬት፡ ምድንፋዕ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ፡ ምስፋሕ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ጥዕናን ትምህርትን፡ ምቛም ህዝባዊ ምምሕዳራት ይርከብዎም።

ኣብ ማሕበራዊ ለውጢ ብቐዳምነት ዝስራዕ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ምዃባር እዩ። ድሕረ-ባይታ ናይ ሰባት ብዘየገድስ፡ ንኻልኦት ሃገራት ዘሳቐየ ኣፈላላይ ኣወጊድካ ንጸገማትካ ብምፍታሕ ስምርቲ ዝኾነት ናጻ ኤርትራ ኣብ ምምስራት ኣዝዩ ኣገዳስነት ነበሮ። ህ.ግ.ሓ.ኤ ንኣገዳስነት ሓድነት ህዝቢ

ካብ ፈለማኡ ብልክዕ ኣለልዩ፡ ሓድሕድ ምክብባር ህዝቢ ኤርትራ ንምዕዋት ከኣ ጽዒቱ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ ማሕበረ-ቍጠባዊ መዳይ ንመለሳ መሬት ዝምልከት ለውጥታት ኣተኣታትዩ። መሬት ኣብ ቍጠባዊ ዕብየት ኣገዳሲ ተራ ስለ ዘለዎ፡ ኣቐዲሙ ዝስርሓሉ ዝነበረ ስርዓት ትሕዞ መሬት ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዘይዕጋበት ፈጢሩ ነበረ። ኣብ መፋርቕ 1970ታት ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ ዝቈጻጸሮም ከባቢታት ከበሳ ኣብ ያታዊ ስርዓት መሬት “ዴሳ” መሰረት ዝገበረ ለውጢ ኣተኣታትዩ። በዚ መሰረት፡ መሬት ዘይነበሮም ብዙሓት ገባሮን ድኻታት ሓረስቶትን ደቀንስትዮን መሰል ተጠቃምነት መሬት ረኺቡ። ገለ ክፋል መሬት ዓድታት ንሓባራዊ መዓላ ከም ዝውዕል ብምግባር ብኣታዊታቱ ከም ማእከላት ጥዕና፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ዓስቢ መምሃራንን ሰብ ሞያ ጥዕናን መኽፈሊ፡ መግዝኢ ናውትን ናይ ሕርሻ መሳርሒታትን ይሽፈን ነበረ።

‘ብዘይ ተሳትፎ ደቀንስትዮ ሰውራ ክዕወት ኣይክእልን’ ካብ ዝብል መሰረታዊ እምነት ተበጊሱ ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ ኣግእዞ፡ ምሉእ ተሳታፍነትን ውዳበን ደቀንስትዮ ንምዕዋት ሓያል ቃልሲ ኣካዪዱ። ኵሉ መዳያዊ መሰላት ደቀንስትዮ ኣብ ፕሮግራም ህ.ግ.ሓ.ኤ ብንጹር ዝሰፈረ ኰይኑ፡ ጅግንነትን ንጡፍ ተሳታፍነትን ደቀንስትዮ ናብ 30% ክበጽሕ ክኢሉ። ምስ ምስላፍ ሓደስቲ ደቀንስትዮ ናብ መሳርዕ ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ እዚ ኣሃዝ'ዚ በብግዚኡ እንዳወሰኸ ከደ።

ኣገልግሎት ጥዕና፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ ካብ ዘተኵረሎም ህዝባዊ ኣገልግሎታት ነበረ። ምቛም ሆስፒታላት፡ ክሊኒካትን ካልኦት ትካላት ጥዕናን ንተጋደልቲ ጥራይ ዘይኮነ ንህዝቢውን ኣገልግሎት ጥዕና ይህባ ነበራ። ኣብ ትሕተ-ቕርጺ ጥዕና መሰረታዊ ለውጢ ብምግባር፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኣገልግሎት ጥዕና ተሓሪምዎም ዝነበሩ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝነብሩ ዜጋታት፡ ሰበኽ ሳግምን ደቀንስትዮን መሰረታዊ ኣገልግሎት ጥዕናን መድሃኒትን ከም ዝረኽቡ ተገብረ። ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ቀንዲ ብድሆ ንዝነበረ ቀረብ መድሃኒት

ንምፍታሕ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ መሰረታዊ መድሃኒታት ዘፍሪ ፋብሪካ መድሃኒት ኣብ ሜዳ ኣቖመ።

ማሕበራዊ ለውጢ ኣብ ምዕዋት ህዝቢ ክመሃር ኣለዎ ካብ ዝብል እምነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ብምብጋስ፡ ምጥፋእ መሃይምነት ከም ቀዳማይ ዕላማ ተወሲዱ ተሰሪሑሉ። ካብ መግዛእቲ ዝተወርሰ ስርዓተ-ትምህርቲ ኣብ ውልቃዊ ዕብየት ዘተኮሩ ውሑዳት ምሁራት ምፍራይን፡ ንሞያዊ ኢደ ስርሓት ግና ኣትሒቱ ዝርእይን ነበረ። ቋንቋ ኣምሓርኛ ናይ መምሃሪ ቋንቋ ምስ ኮነ፡ ብዙሓት ኤርትራውያን ትምህርቶም ንኸይቅጽሉ ዕንቅፋት ኮኖም። ንኹሉ ዘሳትፍ ስርዓተ-ትምህርቲ ምትእትታው፡ ትምህርቲ ንረብሓ ሓፋሽ ከም ዝውዕል ምግባር፡ ሞያዊ ስልጠናታት ምዕባይ ዝብሉ ኣብ ምሕንጻጽ መደባት ትምህርቲ ቀንዲ ረቛሕቲ ነበሩ።

ካልእ ኣገዳሲ ኣተኩሮ ሰውራ ምምስራት ህዝባዊ ምምሕዳር ነበረ። ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሓራን ሓውሲ-ሓራን ከባቢታት ኣካላት ህዝባዊ ምምሕዳር ከም ዝቖሙ ብምግባር ህዝቢ መሰረታዊ ኣገልግሎታት ንኽረክብ ጻዕርታት ኣካየደ። በዚ መሰረት፡ ባይቶታት፡ ሽማግለታትን ንህዝቢ ኣገልግሎት ዝህባ ካልኦት ኣካላትን ከም ዝቖማ ተገብረ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ንተጋደልትን ህዝብን ዘገልግሉ ናውቲ ዘፍርያ ዝተፈላለያ ማእከላት ቍጠባ ሃነጸ። ስርሓት መጓዓዝያን ህንጻንውን ካብን ናብን ንምንቅስቓስን ኣድለይቲ ትሕተ-ቅርጻዊ ስራሓት ኣብ ምውዳስ ተራ ነበሮም። እዞም ስርሓት እዚኣቶም፡ መርኣያ ንጹር ራእይ ህዝባዊ ግንባር ዘመልክቱ ነበሩ።

ኣብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተኻየደ ምምሕያሽ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ውድባዊ ቅርጽን፡ ንምቛም ሓዳስ ምብራቕ ኣፍሪቃዊት ሃገር ዘገልግል ርግጸኛ መሰረት ነበረ። መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ንለውጥታት ግምት ብምሃብ ከኣ ሰውራዊ ቃልሲ ናብ ስርዓተ-መንግስቲ ኣብ ምስግጋር ምድላዋት ክገብር ጀመረ። እዚ ጉባኤ፡ ወተሃደራዊ

ዓወታት ምምዝጋብ ጥራይ ዘይኰነ ኣብ ምምሕዳር ህዝብን ጠለባቱ ምምላእን ሓደስቲ ፖሊሲታትን ስትራተጂን ከም ዘወጹ ገበረ።

## 5. ምዕዋት እቲ ዝዓበየ ዕላማ፡ ርእሰ-ውሳነን ናጽነትን

ድሕሪ ናይ ሰላሳ ዓመታት ዕጥቃዊ ቃልሲ፡ ሰፍ ዘይብል ሰብኣዊ ክሳራ፡ መስዋእቲ 65,000 ተጋደልቲ፡ ገድሊ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ 1991 ብወተሃደራውን ፖለቲካውን ዓብላልነት ኤርትራ ተዛዘመ። እዚ ዓቢ ዓወት'ዚ፡ ንፖለቲካውን ወተሃደራውን ኵዉንነት ቀርኒ ኣፍሪቃ ፈጺሙ ቐየረ። ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ብቐጻሊ ዝለዓል ዝነበረ፡ ሕቶ መሰል ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ መወዳእታ ብመሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ወግዓዊ ተቐባልነት ረኸበ።

ህዝባዊ ግንባር፡ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ብምቛም ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ረፈረንደም ከም ዘካይድ ብምግላጽ፡ ኣብ ወሰንቲ ጽላታት ንዝነበሩ ናይ ኢትዮጵያ ሰበ-ስልጣን ቀልጢፉ ተክኦም። መጻኢ ኤርትራ ብውሳነ ህዝቢ ክሳዕ ዝረጋገጽ ከኣ፡ ኵሎም ተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ ብዘይ ዝኾነ ዓስቢ ከገልግሉ ጸንሑ። ኣሃዱታት ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ ኣብ ምጽጋንን ምስራሕ ሓደስትን ጽርግያታት፡ ኣብ ዝተረስዑ ከባቢታት ኣገልግሎታት ጥዕናን ትምህርትን ምውዳድ፡ ሕርሻዊ ንጥፈታት፡ ምግራብ ቃልዕ ቦታታት፡ ምኽላስ ስርዓተ-ትምህርቲ፡ ኣብ ዜናዊ ንጥፈታትን ካልኦትን ብኣድማዕነት ተዋሲኦም። ንእዋን ቃልሲ ዝመርሐ መትከል ርእሰ-ምርኰሳ፡ ድሕሪ ናጽነትውን፡ ኤርትራውያን ናይ ግዳም ደገፍ ከይተጸበዩ ንዳግመ ህንጻ ኤርትራ ቀዳምነት ሂቦም ከም ዝዓዩ ገበረ።

ኣብ ነዊሕ ጉዕዞ ምውሓስ መሰል ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራን ምጭባጥ ሃገራዊ ናጽነትን፡ ብሰንኪ ብጽልዋ ገዛእቲ ሓይልታት፡ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእን ምብትታንን፣ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መንጎ ደገፍቲ ናጽነትን ተቓወምትን ብዝነበረ ግርጭት ሓሊፉ። ከምዚ ዝበለ ፍልልያት፡ ብዝተጸንዐን ንሓድነት ህዝቢ ዘማእከለን ሓባራዊ ቃልሲ ብዓወት ተመኪቱ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ ሰፊሕ ተሳትፎ ዝነበሮ ሰውራ መሪሑ፡ መሰል ርእሰ-ውሳነን ናጽነት መላእ ሃገርን ብምውሓስ ነቲ ሃገራዊ ቃልሲ መኸተምታ ገበረሉ። ኣብዚ ጽንኩር መስርሕ'ዚ ንዝነበሩ ብድሆታት ንምስጋር ዝተሓልፉ ሓባራዊ ተመኩሮታት፡ ንኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት መሊሶም ኩልዕዎ።

ምስ ምውዳቕ ምልኪ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ንነዊሕ ዓመታት ዝጸንሐ ዝምድና ተጻራርነት ተደምደመ። መሰል ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ኣህጉራውን ክፍለ-ዓለማውን መድረኻት ተቐባልነት ረኸበ። እዚ ተመክሮ'ዚ፡ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ንዝሰዓቡ ኣህጉራውን ክፍለ-ዓለማውን ግርጭታት ኣብ ምፍታሕ ዘገልግሉ ኣገባባት ምኽላስ ከም ዝድልዮም ኣርኣየ። ውድቀት ናይዚ ምልካዊ ስርዓት'ዚ፡ ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ሃገራት ሓድሽ እዋን ምድግጋፍን ሽርክነትን ከም ዝጀመር ገበረ።

## 6. ዝምድና ምስ ካልኦት ምንቅስቓሳት ሓርነት

ንኣገዳስነት ሰላም፡ ፍትሕን ሓባራዊ ልምዓትን ናይዚ ከባቢ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ ማዕረ-ማዕረ ምምራሕ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ዝነበሩ ከም ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን (ህወሓት) ምንቅስቓስ ሓርነት ኦሮሞ (ኦነግ) ቐጻሊ ርክባት ብምግባር ንጨቋኒ ስርዓት ደርግ ዝትክእ ካልእ ዲሞክራስያዊ ኣማራጺ ኣብ ምንዳይ ይዓዪ ነበረ። መሰረት ናይዚ ዝምድና'ዚ፡ ምርግጋጽ ምሉእ ናጽነት ኤርትራን፡ ደገፍ ህዝቢ ዘለዎ ስርዓት ኣብ ኢትዮጵያ ምትካልን ንሓድሕዶም ዝዛመዱ ዕላማታት እዮም ካብ ዝብል ጽኑዕ እምነት ዝነቐለ ደኣ እምበር፡ "ናይ ጸላኢየይ ጸላኢ፡ ፈታዊየይ'ዩ" ኣብ ዝብል ኣተሓሳስባ ዝተሰረተ ኣይነበረን። በዚ ምኽንያት፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ ክብ ኢሉ ምስ ዝተገለጸ ዕላማ ምስ ዝሰማምዑ ክደጋገፍን፡ ነዚ ዕላማ ዝዕንቅፉ ድማ ክነቅፍን ክቃወምን ጸኒሑ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ ሓድነትን ማዕርነትን ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት ኢትዮጵያ ኣተኩሮ ብምግባር፡ ንሓድነት ኢትዮጵያ ዝዓዪ መሪሕነት ከም ዘድሊ

ጎስጕሱ። ኣብ ብሄር መሰረት ዝገበረ ፍልልያት ክውገድን ሓድነት ህዝቢ ኢትዮጵያ ክዕቀብን ከም ዘድሊ'ውን ኣስሚሩ።

ንጥቡ'ቕ ዝምድና መጻኢ ኤርትራን ኢትዮጵያን መሰረት ብምግባር፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ ምንቅስቓሳት ኢትዮጵያ ዘሎዎ ግሉጽ ሓሳባትን ርእይቶታትን ይህብ ነበረ። ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ ናጽነት ኤርትራ ኣብ ምዕዋት፡ ምስ ቃልሲ ህዝብታት ኢትዮጵያ ተወሃሂድካ ምስራሕ የድሊ ዝብል እምነትውን ነበሮ። ብተመሳሳሊ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራውን ኣብ ምዕዋት ምንቅስቓስ ህዝብታት ኢትዮጵያ ደጋፊ ድርኺት ምኻኑ ይኣምን ነበረ። ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ ንኣገዳስነት ጽኑዕ ምሕዝነት ክልቲኡ ህዝብታት ብምርዳእ፡ ምስ ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓሳት ኢትዮጵያ ንዘሎዎ ዝምድና ብተገዳስነት ይኸስኩሶን የሐይሎን ነበረ።

## 7. ድልየት ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ምትግባር

ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ ከም ሰላማዊ ፍታሕ ሕቶ ኤርትራ፡ ረፈረንደም ንኽካየድ ኣብ 1980 ጸዊዑ። ብኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ዝምራሕ ስርዓት ደርጊ ግና፡ ነዚ ሕቶ ሰላም ነጺግዎ። እዚ ኣካል ናይቶም ኤርትራውያን ብቐጻሊ ዝወስድዎም ዝነበሩ ተበግሶታት ንምዕዋት መሰል ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ኰይኑ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ግና ነዚ ዕድመ ህ.ግ.ሓ.ኤ ብወተሃደራዊ ሓይልን ዲፕሎማስያዊ መናውራታትን ኣሉታዊ ምላሽ ሃበሉ።

ሓምሳ ዓመት ድሕሪ ዝወሰደ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ፡ ንመጻኢኡ ባዕሉ ንኽውስን ዘኽእሎ ትግባረ መሰል ርእሰ-ውሳነ ኣብ ኢድ ህዝቢ ኤርትራ ወደቐ። ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ 1991 ንኤርትራ ካብ ኣርዑት መግዛእቲ ሓራ ምስ ኣውጽአ፡ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ ናጽነት ኤርትራ ብርእሰ-ውሳነ ናይ ህዝቢ ከም ዝውሰን ገበረ። በዚ መሰረት፡ ግዝያዊ መንግስቲ ብምቛም ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ረፈረንደም ንምክያድ መደብ ኣውጽአ። ብኣዋጅ 22/1992 ኣቢሉ ድማ፡ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ፡ ንኮምሽን ረፈረንደም ብሕጊ ኣቑመ።

ታሪኻዊ መስርሕ ረፈረንደም ኤርትራ፡ ኣብ ዕለታት 23-25 ሚያዝያ 1993 ተኻዪዱ። ነዛ ዕለት ብዓቢ ሃንቀውታ ዝጽበዩ ዝነበሩ ኤርትራውያን ናይ ምዝገባ ወረቐቶም ብምሓዝ ፍጹም ሰላማዊ ብዝኾነ ኣገባብ ናብቶም 1,010 ነቑጣታት ምርጫ ገስገሱ። ከተማታት፡ ቍሸታትን ገጠራትን ብባንዴራ ህዝባዊ ግንባርን፡ ዜጋታት ናብ ነቑጣታት ምርጫ ብምኻድ ድምጾም ንኽህቡ ብዝጕግጕሱ ፖስተራትን ደሚቐን ነበራ።

መስርሕ ረፈረንደም ክሳዕ እቲ ዝደቐቐ ዝርዝራቱ ኣዝዩ ዝተወሃሃደን ንብቕዓት፡ ክእለትን ሰፊሕ ሕጋዊ ተቐባልነት ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራን ህ.ግ.ሓ.ኤን ዘርኣየ መስርሕ ነበረ። ምዝገባ ብቑዓት ኣድመጽቲ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 1992 ምስ ተዛዘመ ንኣገባብ ምሃብ ድምጺ ዝምልከት ኣስተምሮ ብዅሎም ቋንቋታት ሃገርና ካብ ታሕሳስ ክሳዕ ሚያዝያ ተኻየዱ። ህዝቢ ተመሳሳሊ ተመኵሮ እኳ እንተዘይጸንሖ፡ ኮምሽን ረፈረንደም ጻዕርታት ብምክያዱ ዕዉት ዕማም ከካዪድ ክኢሉ።

በዚ መሰረት፡ ካብ 1,102,410 ኣድመጽቲ ብፍጹም ዓብላልነት 99.8% እወ ንናጽነት ከም ዘድመጹ ዕለት 27 ሚያዝያ 1993 ብወግዒ ተቓልሐ። እዚ ውጽኢት'ዚ፡ መርኣያ ዘየማትእ ምርጫ ህዝቢ ኤርትራን ሓድነቱን እዩ። ሕጋውነት ረፈረንደም ኤርትራ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ውድብ ሕብረት ኣፍሪቃ ማሕበረሰብ ዓለምን ተረጋገጸ። ኣብ 27 ሚያዝያ 1993 ፍሉይ ኮምሽነር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝነበረ፡ ሳሚር ሳምባር፡ ረፈረንደም ኤርትራ ናጻን ፍትሓውን ምንባሩ ብወግዒ ገለጸ። ረፈረንደም ኤርትራ፡ ብብዝሒ እወታዊ ድምጺ (99.8%) ከምኡውን ተሳትፎ ብቑዓት ኣድመጽቲ ሓደ ካብቶም ብእወታ ዝግለጹ መስርሓት ረፈረንደም ከም ዝኾነ ብሰፊሑ ይንገረሉ።

# ራብዓይ ክፋል፡ ልኡላዊት ኤርትራን "መኸተምታ ታሪኽን"

## 1. ምቕያር ስርዓት ኣካዪዳ ጂኦፖለቲካ ከባቢና

እዚ ጽሑፍ'ዚ ዘመልክቶ ዝዓበየ ሓቂ (ኵውንነት)፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ናይ ታሪኽ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ መጻኢኡ ንኸይውስን ብተደጋጋሚ ከም ዝተኸልከለ እዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ መሬት ኤርትራ ሓግሒጉ ድሕሪ ምውጽኡ፡ ናይ ካልእ ባርኾት ከይተጸበየ፡ ናጽነት ኤርትራ ብወግዒ ክእውጅ ምኽኣለ። ድሕሪ ኵሉ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወረደ መከራን ናጽነቱ ንምጭባጥ ዝተኸፍለ መስዋእትን፡ ረፈረንደም ምክያድ ዝብል ሓሳብ ብገለ ኤርትራውያን ቅቡልውን ስለ ዘይነበረ፡ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ብቑዕ መረዳእታ ኣብ ምፍጣር ጻዕርታት ኣካዪዱ። ረፈረንደም ኤርትራ፡ ክንዮ ብቓልሲ ንዝተረጋገጸ ናጽነት ሕጋውነት ምልባስ፡ ንዘላቒ ሰላም ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘገልግል መሰረት ዘንጸፈ ሓድሽ ምዕራፍ ኣብ ታሪኽ ቀርኒ ኣፍሪቃ እዩ።

ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርግ፡ ብህ.ወ.ሓ.ት ዝምራሕ ናይ ኢትዮጵያ ህዝብታት ወያናይ ደሞክራሲያዊ ግንባር (ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ) ንኢትዮጵያ ናብ ደሞክራሲ ንምስግጋር ዘገልግል ቻርተር ንምድላው ዋዕላ ሰርዐ። ኣብቲ ዋዕላ ዝጸደቐ ቻርተር፡ ብረፈረንደም ዝረጋገጽ መሰል ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ቅቡል ምዃኑ ዝገልጽ ትሕዝቶ ዘካተተ ነበረ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ሕዳር 1992፡ ብኢህወደግ ዝምራሕ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ

ኤርትራ ረፈረንደም ንኸካየድ ብወግዒ ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ሓተተ። ተዓዘብቲ ረፈረንደም ኤርትራ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ውድብ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ማሕበር ሃገራት ዓረብ፡ ምንቅስቓስ ዘይሻራውያን ሃገራት ከምኡውን ኢትዮጵያ ትርከበን ሰላሳን ክልተን ሃገራት እቲ ረፈረንደም ናጻን ርትዓውን ምንባሩ መስከሩ። መንግስቲ ኤርትራ ኸኣ፡ ብኢትዮጵያውያን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ንዝወረደ በደል ብወገን ኤርትራ ካሕሳ ከም ዘይሕተት ገለጸ።

ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ንተጋደልቲ ይሕግዙ ኣብ ልዕሊ ዝበሉዎም ዓድታት ሕነ ናይ ምፍዳይ ስጕምቲ ብቐጻሊ ይወስድ ነበረ። ዖና፡ በስገዲራን ወኪድባን ገለ ካብ ብዙሓት ኣብነታት ናይ ከምዚ ዝበለ ግፍዕታት እየን። ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ብ1 ታሕሳስ 1970 ካብ ከተማ ከረን ክልተ ኪሎ ሜተር ርሒቓ እትርከብ ዖና እትብሃል ዓዲ ኣልማማ ተኹሲ ብምኽፋት፡ ነፍሰ-ጾራት፡ ህጻናትን ኣረጋውያንን ዝርከብዎም ልዕሊ 800 ዝኾኑ ዜጋታት ብጭካነ ቀተለ። ብ30 ሕዳር 1970፡ በስገዲራ ኣብ ትበሃል ከባቢ ከረን እትርከብ ቍሸት፡ ኣብ መስጊድ ተዓቚቦም ኣብ ልዕሊ ዝነበሩ ሰባት ተኹሲ ከፊቶም ትሕቲ ዕድመ ዝርከብዎም 120 በርጌስ ጃምላዊ ህልቂት ፈጸሙ። ኣብ ወኪድባ፡ ልዕሊ 100 ዝኾኑ ኣብ ቤተክርስትያን ተዓቚቦም ኣብ ዝነበሩ ዜጋታት ዘስካሕክሕ ህልቂት ፈጸሙ። ኣብቲ ዓመት'ቲ ወኪድባ ክልተ ግዜ መጥቃዕቲ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ወሪድዋ።

ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምሕያልን ንውህደት ክልቲኦተን ሃገራት ባይታ ዘንጽፍን ስምምዕ ምሕዝነትን ምትሕግጋዝን ኣብ መንጎ መንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ሓምለ 1993 ተፈረመ። ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ ስምምዕ'ዚ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል።

- ሀ ቅድሚ ናጽነት ኤርትራ ዝነበረ ዋሕዚ ንብረት፡ ርእሰ-ማልን ምንቅስቓስ ህዝብን ክቕጽል፡
- ለ ኢትዮጵያ ቀጻልነት ዘለዎ ነጻ ተጠቃምነት ወደባት ኤርትራ ክትረክብ፡

ሐ ኣብ ገንዘባዊ (monetary) ፖሊሲ ክተሓባበራን፡ ኤርትራ ናታ ባጤራ ክሳዕ እትገብር ብባጤራ ኢትዮጵያ (ብር) ክትጥቀም፡
መ ምውህሃድ ናይ ግምሩኽ ፖሊሲ ከምኡውን
ረ ኣብ ፖሊሲ ጉዳያት ወጻኢ ምትሕብባርን ምምኽኻርን።

ሓባራዊ ባጤራ፡ ናጻ ንግድን ክፉት ዶባትን ዝብሉ ስምምዓት ብፍላይ ነቶም ኣብ ከባቢ ዶባት ብሓባር ዝነብሩ ህዝብታት ኣብ ግምት ዘእተወን፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ጸገማት ኣብ ዘጓንፉሉ ምፍታሖም ይከኣል ካብ ዝብል እምንቶ ዝተገብሩ ነበሩ።

ንከባቢኣዊ ጸገማት ከባብያዊ ፍታሕ ንምግባር፡ መንግስቲ ኤርትራ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብምትሕብባር ግርጭታት ሶማልያ፡ ሱዳንን ዓበይቲ ቀላያትን ንምፍታሕ ተፈቲኑ። ስትራተጅያዊ ኣገዳስነት ሰላምን ድሕንነትን ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኤርትራ ኣብ መጀመርታ ናይ ተስዓታት፡ ኣብቲ ሽዑ እዋን ሞት ናይ ልዕሊ 30,000 ሰባት ንዘስዓበ ደማዊ ውግእ ሶማል ብሰላም ንኽዓርፍ ምቕሉል ዲፕሎማስያዊ ተበግሶታት ወሲዳ። ተበግሶታት ሰላምን ድሕንነትን ቀርኒ ኣፍሪቃ ትካላዊ ንምግባሮም ኤርትራ ምስ ሃገራት ናይዚ ከባቢ ብምዃን ኣብ 1996 መንነ መንግስታዊ ብዓል ስልጣን ንልምዓት (Intergovernmental Authority on Development - IGAD) ኣቖማ። መሰረታዊ ተልእኾ ናይዚ ብዓል ስልጣን'ዚ፡ ኣባል ሃገራት ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ፡ ዕቀባ ኣከባቢ፡ ሰላም፡ ድሕንነት፡ ቍጠባዊ ምትሕግጋዝን ውህደትን ዘካይዳኦ ጻዕሪ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ብዝኸይድ ምትሕግጋዝ ኣቢሉ ምድጋፉን ዝብል እዩ።

## 2. ምቕያር ስርዓት ኣካዪዳ ኣህጉራዊ ረዲኤት

ኣብ 1994 ህ.ግ.ሓ.ኤ መጸውዒኡ ናብ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን (ህ.ግ.ደ.ፍ) ዝቐየረሉ፡ ሃገራዊ ቻርተር ኣውጺኡ። እዚ ቻርተር'ዚ፡ ሃገራዊ ፖሊሲ ልምዓት ካብ ዝምርሓሎም መትከላት ሓደ “ርእሰ-ምርኮሳ' ምዃኑ ይጠቅስ። ሰውራ ኤርትራ ብመትከል ርእሰ-ምርኮሳ ህዝባዊ ግንባር ከም ዝተዓወተ ድሕሪ ምግላጽ፡ ነዚ መትከል'ዚ ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጾ።

*ኣብ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ስትራተጂ፡ ከምኡውን ኣብ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ፡ ናይ ዝኾነ ይኹን ሞዴል ከይቀዳሕና፡ ምስ ተመኩሮናን ኩነታትናን ዝሰማማዕ ትልሚ ብምሕንጻጽ ስለዝሰራሕና፡ ተዓዊትና። ኣብ ዕለታዊ መደባትናን ህይወትናን ንዘጋጥሙና ጸገማት፡ ድሕነትን መዋጽኦን ካብ ናይ ወጻኢ ትሕዝቶን ክኢላታትን ከይተጸበና፡ ብጻዕርናን መሃዝነትን ፈቲሕናዮ። ንጕዳይ ...ምህናጽ ቍጠባ ብዝምልከት ኣብ ኩነታትና ዝሰርሕ ናይ ገዛእ ርእስና መደባት ክንሕንጽጽ [ኣሎና።]*

ኣብ ዝቐደሙ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ሰውራ ኤርትራ ብቐንዱ ርእሰ-ምርኮሳ መሰረት ገይሩ ይቃለስ ምንባሩ ተገሊጹ ኣሎ፣ መሰረቱ ግና ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ዝጸንሐ ኣተሓሳስባ ህዝቢ ኤርትራ ነበረ። ገለ ካብ ልምዳዊ ኣበሃህላታት ህዝቢ ኤርትራ "ካብ ሰብ ዝደሊ፡ ከም ጨርቂ ይበሊ"፡ "ሃበኒ ህበይ ይገብር" ንህዝባዊ ሰረት ናይዚ መትከል ብዝግባእ ይገልጹ። ኣተኩሮ ኣብ ርእሰ-ምርኮሳ፡ ማዕርነት፡ ሓርነትን ዘላቕነትን ኣብ ዝብሉ ንሓድሕዶም ዝምድና ዘለዎም ሰለስተ ረቛሕቲ ዝተሰረተ እዩ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሓደ እዋን፡ "ንፈልጠልካን እዚ እዩ ዘድልየካን ዝሕመረቱ ዝምድና ወሃብን-ተቐባልን ኣየስርሕን'ዩ። ዝሕሸና ናይ ምውሳን ሓርትና፡ ብቐድመ-ኹነት ምሃብ ረዲኤት፡ ክገሃስ የብሉን። መሰረታዊ ሕቶ ሰብኣዊ ክብረት፡ ብግዝያዊ ድልየታት ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ክኣቱ ስለዘይክእል፡ ዝምድና ወሃብን-ተቐባልን ናይ ግድን ሚዛናዊ ክኸውን ይግባእ" ክብል ገሊጹ ነይሩ። ናይ ግዳም ረዲኤት፡ ዝጸንሑ ጸገማት ብዝያዳ ከም ዝጋደዱ ብምግባር ጠንቂ ማሕበረ-ቍጠባዊ ድሕረትን ፖለቲካዊ ጽግዕተኛተትን ከም ዝኾነ ጕሉሕ ተመኩሮ ሃገራት ኣፍሪቃ የረድእ። ነዚ ግብራዊ ተመኩሮ'ዚ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ኤርትራ ንጽግዕተኛነት ኣብ ረዲኤት ኣወጊዳ፡ ወናኒት መደባት ልምዓታ ኰይና ኣብ እተውጽኦም መደባት ዝተሰረቱ ልምዓታዊ ሽርክነታት ክትነጥፍ ምሕራያ ባህርያዊ እዩ። እዚ ሓሳብ'ዚ፡ ኣብ ሓደ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ብኸምዚ ዝስዕብ ተገሊጹ ንረኽቦ።

*ኤርትራ ብኣጠቓላሊ ንዝቐርቡ መደባት ረዲኤት ከም ዘለውዎ ኣይትቕበሎምን። እቶም መደባት ኣብ ቀዳምነታት ኤርትራ ዝተኰሩን ኣብ ሓባራዊ ሽርክነት መሰረት ገይሮም ዝተሳእሉን (ዝተሓንጸጹን) ምስ ዝኾኑ ግና መንግስቲ ኤርትራ ይቕበሎምን የጽድቖምን። እንተ ዘይኰይኑ፡ ዋጋ ዘኽፍልውን እንተኾነ፡ ምንጻጎም ከም ዝመርጽ ብተደጋጋሚ ኣርእዩ እዩ።*

ኵሉ ዓይነት ረድኤት ንወሃብቲ ሃገራት ዘርብሕን ሃገራት ስሉስ ዓለም ፖለቲካውን ቍጠባውን ሓርነተን ንምጭባጥ ዘካይዳኦ ጻዕሪ ዝዕንቅጽን ብምዃኑ፡ ሽርክነት ወሃብን-ተቐባልን ቅኑዕ (ሓቀኛ) ሽርክነት ክኸውን ኣይክእልን ዝብል ምጕት ብገለ ወገናት ይቐርብ። ነዚ ሓሳብ'ዚ ከም ዘለዎ ምውሳድ፡ ቅኑዕ ገምጋም ናይ ወድዓዊ ኵውንነት ኣይኰነን። ረድኤት፡ ብቐንዱ ንውሽጣዊ ዓቕሚ ናይተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኣብ ምዕባይን ምሕያልን ከምኡውን ነዚ ውሽጣዊ ዓቕሚ'ዚ ተጠቒምካ መደባትካ ምንጻርን ምትግባርን ዘኽእል ምስ ዝኸውን፡ ሽርክና ወሃብን-ተቐባልን ከተባብዕ፡ ፖለቲካውን ቍጠባውን ናጽነት ከደንፍዕን ዘላቒ ልምዓት ከውሕስን ይኽእል። ሃገራዊ ቻርተር ንውሽጣዊ ዓቕሚ ኤርትራ ብኸምዚ ዝስዕብ ገሊጽዎ ኣሎ።

*ምስጢር ዓወት ሃገራዊ ቃልስና፡ ኣብቲ ንሓደ ዕላማ ነብሱ ረሲዑ ዝተወፈየ ተጋዳላይ እዩ ዝርከብ። ዓለም ብዓለማ ኣይከኣልን ንዝበለቶ ቃልሲ ኣንጻር'ቲ ብሓያላት ዝተደገፈ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ከም ዝከኣል ዝገበረ ውፉይ ሰብ። ...ኣብ ምህናጽ ቍጠባውን እቲ ወሳኒ ሰብ እምበር፡ ባህርያዊ ሃብቲ፡ ርእሰማል ወይ ናይ ወጻኢ ሓገዝን ወፍርን ኣይኮነን።*

ኤርትራ፡ ሓያል ባህጊ ልምዓት ዘለዎ፡ ነዚ ባህጊ'ዚ ንምዕዋት ዝኽፈል መስዋእትነት ዝርዳእን ነቲ ዝሕተት መስዋእትነት ንምኽፋል ኸኣ ድሉው ዝኾነ፡ ጻዕረኛን ብዲሲፕሊን ዝተሃንጸን ህዝቢ እትውንን ሃገር እያ።

ትካል ረዲኤትን ስደተኛታትን ኤርትራ፡ "ተራ፡ ደረትን ኣሰራርሓን ኣህጉራዊ ዘይመንግስታዊ ትካላት ኣብ ኤርትራ" ብዝብል ኣርእስቲ ለካቲት 1997 ኣብ ዘውጽኦ ፖሊሲ፡ ንጥፈታት ትካላት ረዲኤት ኣብ ጽላታት ትምህርትን ጥዕናን ጥራይ ዝተሓጸሩ ምዃኖምን፣ ጽላታዊ ፖሊሲን ስትራተጅን ምሕንጻጽን፡ መደባት ምትግባርን ድማ ፍሉይ መዚ ናይ ዝምልከተን ሚኒስትሪታት ምዃኑ ይገልጽ። ብመሰረት መሓበሪ ሰብኣዊ ልምዓት ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UN Human Development Index) ናይ 2005 ጸብጻብ፡ ካብ 1993-2003፡ ካብ ጠቕላላ 1.9 ቢልዮን ዶላር 30% ህጹጽ ሓገዛትን ዳግመ ህንጻን፡ 12.4% ንመንግስታውን ሲቪል ማሕበራትን፡ 10% ንኮማዊ ረዲኤትን ሓፈሻዊ መደባት ምትሕግጋዝን፡ 8.3% ንትምህርቲ፡ 7.3% ንሕርሻ፡ 6.4% ከኣ ንጥዕና። ንገምጋም ትግባረ ራእይ ናይዚ ፖሊሲ'ዚ ንጎኒ ገዲፍካ፡ ንዓወት ኤርትራ ኣብ ትግባረ ሽቶታት ልምዓት ሚለንዩም የመልክት።

## 3. ዝሰመረ ትንቢት፡ ሓድሽ ተጻብኦ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ

ተጻብኦታት ኣሜሪካ፡ ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ደኣ እምበር ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ ጥራይ ዝቐንዐ ዘይምዃኑ ክፍለጥ ይግባእ። እቲ ሓቂ ንሱ ስለ ዝኾነ ድማ እዩ፡ ኣሜሪካ ኣብ 1940 ኣንጻር ድልየት ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ መርገጺ ዝወሰደት፡ ሽዑ መንግስቲ ኤርትራ ኣይነበረን። ብወገን ኣሜሪካ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ እንተደኣ ረኺቡ ንረብሓታት ኣሜሪካ ተማእዛዚ ኣይክኸውንን'ዩ ዝብል ስክፍታ ዝነበረ ይመስል። ኣሜሪካ ድሕሪ ዘካየደቶም፡ ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ዝቐንዐ፡ ተኸታተልቲ ተጻብኦታት፡ እቲ ዝነበረ ስክፍታ ርጉጽ ነገር ኮነ።

ኣብ 1991 ንርእሰ-ከተማ ኣስመራ ንምቁጽጻር ሓንቲ ቅላዕ ጥራይ ተሪፉ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ናጽነት ኤርትራ ንምዕጋት፡ ኣሜሪካ ናይ ዓቕሊ ጽበት ምኽንያታት ተቐርብ ነበረት። ህ.ግ.ሓ.ኤ ረፈረንደም ናይ ምክያድ መደቡ እንተደኣ ኣቋሪጽዎ፡ ንኢትዮጵያ ከም እተመሓድርዋ ክንገብር ኢና ብምባል

ኣሜሪካ መብጽዓ ኣትያ ኔራ ዝብሉ ዕላላትውን ኣለዉ። ብዝኾነ፡ ናጽነት ኤርትራ ውዱእ ነገር ብምንባሩ፡ ብዘይካ ምቕባሉ ንኣሜሪካ ካልእ ምርጫ ኣይነበራን።

ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት፡ ፖሊሲ ጉዳያት ናይዘን ክልተ ሃገራት ዝሰማምዑሉ ብርክት ዝበሉ ኣርእስትታት ነይሮም። ኣሜሪካ ኣብ ሶማልያ ኣትያ ዘሕንኽ ውርደት ድሕሪ ምስካማ፡ ገለ ናይ ኣረኣእያ ፍልልያት እኳ እንተነበሩ፡ ሽግር ሶማል ከባቢኣዊ ፍታሕ ንኽናደየሉ ብሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ንዝተወሰደ ተበግሶ ኣሜሪካ ብሓጎስ ተቐበለቶ። ኣብ ጉዳይ ሱዳንውን ተመሳሳሊ መርገጺ ነበረን። ሱዳን ኣብ ትሕቲ ኣልበሽር-ቱራቢ ተካይዶ ንዝነበረት፡ ምትእትታው ፖለቲካ ምስልምና ኣብ ሃገራት ናይቲ ዞባ፡ ኣብ ውሽጣዊ ሓድነትን ጥምረትን ኣድሂባ ኵልሳዕ ብእትዓዪ ኤርትራ ቅቡል ኣይነበረን። ብወገን ኣሜሪካውን፡ ድሕሪ ናይ ኣፍጋኒስታን ዓወታ፡ ጉዳይ ሱዳን የሻቕላ ነበረ። ኤርትራን ኣሜሪካን ኣብ ምርግጋእ ሓደገኛ ኵነታት ዞባ ዓበይቲ ቀላያትውን ብሓባር ተዋሲኣን። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ስርዓት ሞቡቱ ሰሰሴኮ ናይ ዛየር ንዞባ ዓበይቲ ቀላያት ናብ ከቢድ ደማዊ ግርጭት ክሸምም ተዳልዩ ነበረ።

ምስ ምጅማር ናይ 1998 ኲናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ግና ጸገማት ክቀላቐሉ ጀመሩ። ጠንቂ ናይዚ ኲናት'ዚ ኣብ ካልኦት ኣጋጣሚታት ብሰፊሑ ስለ ዝተገለጸ ንሕጂ ንኃኒ ገዲፍና፡ ኣሜሪካ ከም መሓዛ ክልቲኤን ሃገራት መጠን፡ ነቲ ዘጋጠመ ኵነታት ናይ ምትህድዳእ ስጉምቲ ክትወስድ ትኽእል ነይራ። ይኹን እምበር፡ ምናልባት በቲ ልሙድ ተጻብኦ ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ተደሪኻ፡ ምስ ኢትዮጵያ ብምውጋን ንውጥን ሰላም ኣሜሪካን-ሩዋንዳን ሓናኸረቶ። ኣብ ዝቐጸሉ ሽድሽተ ኣዋርሕ፡ ኣሜሪካ ነቓዓት ንዝመልኦ ውጥን ሰላም፡ ኤርትራ ንኽትቅበሎ ኣብ ምፍርራህ ተጸሚዳ ነበረት። ብኣንጻሩ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ነቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ግዝያዊ ምቍራጽ ተኹሲ ተጠቂሙ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቝጸሩ ወተሃደራት ብምኽታትን ማእለያ ዘይብሉ ናይ እዋን ዝሑል ኲናት ኣጽዋር ኣኻኺቡን

ንካልኣይ ዙርያ ኲናት ይዳሎ ነበረ። እቲ ኲናት ብሞት ናይ ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰራዊት፡ ምፍንቓል ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ በርጌስን ብቢልዮናት ዶላራት ዝግመት ንብረት ድሕሪ ምዕናውን ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ 2000 ንውዕል ሰላም ኣልጀርስ ኸተማ። ብመሰረት እዚ ውዕል ሰላም'ዚ፡ እቲ ክርክር ዶብ ናብ ኣህጉራዊ ሽምግልና ኣምሪሑ፡ ኣተኵሮ ናይቲ ኲናት ዝነበረት ባድመ ኸኣ - ብውሳነ ኦምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን - ንኤርትራ ተዋህበት። በዚ ዘይተሓጐሰት ኢትዮጵያ፡ ውዕላዊ መብጽዓኣ ብምጥላም በቲ ናይ መወዳእታ ብይን ንኸይትቕየድ ሓንገደት። ኣሜሪካ ከም ሳምዕ ናይዚ ውዕል መጠን፡ ኢትዮጵያ በቲ ኣህጉራዊ ብይን ንኽትቅየድ ጸቕጢ ኣብ ክንዲ ምግባር፡

*ብመሰረቱ፡ ኢትዮጵያ ነዚ ብይን'ዚ ተቐቢላቶ እያ። ይኹን እምበር፡ እቲ ምምልካት ዶብ ኣባይቲ፡ ስድራቤታትን ኮማትን ክመቅል ስለ ዝኽእል ኣብ ትግባረ ናይቲ ምምልካት ክትዛተ ትደሊ ኣላ፡*

ብዝብል ምስምስ ካብዚ ኣህጉራዊ ግዴታኣ ትመልቑሉ ኣገባብ ክትተሓጋገዝ መረጸት። ነቲ ምምልካት ዶብ ድማ ዓንቀፈቶ። ኣምባሳደር ኣሜሪካ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝነበረ ጆን ቦልቶን ኣብ መጽሓፉ፡

*ንዓይ ብዘይርድኣኒ ምኽንያት፡ ፍረዘር [ተሓጋጋዚት ጸሓፊ ጕዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ፡ ኣብ ጕዳይ ኣፍሪቃ ዝነበረት] ንኣንፈት ናይቲ ጕዳይ ብምቕያር፡ ጕዳይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዳግም ተኸፊቱ ክርኢ፡ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝሃቦ ግጉይ ብይን ኽልወጥን፡ ዝበዝሐ ክፋል ናይቲ ዘከራኽር ቦታ ኸኣ ንኢትዮጵያ ከም ዝወሃብ ክግበርን ብምባል ኣብ መጀመርታ ወርሒ ለካቲት 2002 ሓቲታ፡*

ክብል ጽሒፉ። ብኡንብኡ፡ ሃገራት ምዕራብ ንኤርትራ ምቕጻዕ ብዝብል ዕላማ፡ ኤርትራ ካብተን ዝኸፍአ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝካየደለን ሃገራት እያ፡ ንዘይምርግጋጸ ትዓዪ፡ ግብረ-ሽበራ ትድግፍ ዝብሉ ኣሰይጣኒ ፕሮፓጋንዳታት ክነዝሓ ጀመራ።

# 4. ሕማቕ ኣብነት ናይ ጽቡቕ ኣብነት

ግዳይ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰ ናይ ጸለመ ፕሮፓጋንዳ ካብ ዝኾኑ መደባት ሓደ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት እዩ። ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ 1998-2000 ዝተወልዐ ኲናት ኢትዮጵያን ኤርትራን፡ ኣብ ምኽባር ልኡላውነትን ምውሓስ ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዝተጻወትዎ ወሳኒ ግደ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ግዳይ ናይ ከምዚ ዝበለ ጸለመ ምዃኑ ዘገርም ኣይኰነን። ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ኤርትራ፡ ኣብ ካልኣይ ፍርቂ መበል 20 ዘመን ናይ ዝቐሰሙቶ መሪር ተመኵሮ ንጹር ውጽኢት እዩ። ብመሰረት ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት ቍጽሪ 82/1995 ዓንቀጽ 5፡ ዕላማ ናይዚ መደብ'ዚ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል።

- ሀ ህላወ ናጻን ልኡላዊትን ኤርትራ ንምርግጋጽ ዝኽእል ህዝባዊ መሰረት ዘለዎ ድልዱል ሓይሊ ምክልኻል ምቛም፡
- ለ ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ህዝብና ዘርኣዮ ናይ ቃልሲ ትብዓት፡ ቆራጽነትን ጀግንነታዊ ባህልን ዓቂብካ ንተረካቢ ወለዶ ምውራስ፡
- ሐ ፊታው ስራሕ፡ ብዲሲፕሊን ዝተሃንጸ፡ ሃገሩ ንምህናጽ ዕቱብ ተሳትፎ ዝገብርን ዘገልግልን ሓድሽ ትውልዲ ምፍራይ፡
- መ ዕቑር ሃብቲ ሃገር ዝኾነ ህዝብና ብዝተወደበን ዝሰልጠነን መገዲ ኣብ ልምዓታዊ ስርሓት ኣዋፊርካ ቍጠባ ሃገር ምምዕባልን ምሕያልን፡
- ረ ኣብ መሰልጠኒ ማእከላት ንተሳተፍቲ ምዱብ ወተሃደራዊ ታዕሊምን ቀጻሊ ልምምዳትን ብምሃብ ሞያዊ ክእለትን ኣካላዊ ብቕዓትን ከም ዝጥረን ከም ዝድንፍዕን ምግባር፡
- ሰ ሓድነት ኣብ ሃገራውነት እናኹስኰስካ፡ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታት ብምጥፋእ ውህደት ህዝብና ከም ዝድልድል ምግባር።

ይኹን እምበር፡ ላዕለዋይ ኮምሽን ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንሃገራዊ ኣገልግሎት ገዲፎም ዝስደዱ ኣብ ፍሉይ ሓደጋ ኣለዉ ብዝብል ምኽንያት፡ ኣብ ኣህጉራዊ ስርዓት ቅበላ ስደተኛታት ፍሉይ ውሕስነት

ዘድልዮም ብምባል ይገልጾም። ከምዚ ዝበለ ዘይቅኑዕን ሓደገኛን መግለጺ፡ ንብዙሓት ኤርትራውያንን (ኤርትራውያን ኢና ዝብል ምኽንያት ንዘቕርቡ ኢትዮጵያውያንን) ብኢድ እቶም ንሕስያ ዘይብሎም ኣሰጋገርቲ፡ መሪር ጒዕዞ ምድረ-በዳ ሰሃራን ሓደገኛ ፈተነ ምስጋር ማእከላይ ባሕርን ሓሊፎም ናብራ ስደት ኤውሮጳ ንኽቋምቱ ቀሲብዎም። ነዚም ስደተኛታት ዝቕበላ ዝነበረ ሃገራት ኤውሮጳ፡ ንኣሉታዊ ሳዕቤን ናይዚ ግጉይ ፖሊሲ'ዚ ድሒረን ምስ ነቕሓሉ፡ ዝበዝሓ ካብኣተን ካብ መገደን 180 ዲግሪ ብምጥዋይ፡ ፍጹም ዝተፈለየ ፖሊሲ ክኽተላ ይረኣያ። ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ብሪጣንያ (UK Home Office) መጋቢት 2015 ዘውጽኦ መምርሒ ከም ሓደ ኣብነት ናይ ፖሊሲ ለውጢ ሃገራት ኤውሮጳ ይጥቀስ። በዚ መሰረት፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኤርትራ መወዳእታ ዘይብሉ ስለ ዘይኮነ፡ ከም ግዱድ ዕስክርና ስለ ዘይውሰድን ዝኸፍአ ኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛ የብሉን ብዝብሉ ምኽንያታት ኣቐዲሞም ንዝወጹ መምርሒታት ቀዪሩ ሕጋዊ ስደተኛ ንምዃን ከም ቅቡል ምኽንያት ከም ዘይውሰድ ይገልጽ።

ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ንዝውርወር መጥቃዕትታት ምኽንያት ዝኾነ ካልእ ኣርእስቲ ምስጓጐ እምነታት ዝብል እዩ። ኣሜሪካ ብውሽጣዊ ሕግታታ ኣቢላ ንዥነታት ምኽባር ናጽነት እምነታት ናይ ሃገራት ዝምልከት መግለጺ እንዳውጽኣት፡ ነተን ናጽነት እምነት ኣየኽብራን ዝበለተን ብፍሉይ ዝጥመታ ሃገራት (Country of Particular Concern) ዝብል ሕላገት ትገብረለን። በዚ መሰረት፡ ሃገራት በርማ፡ ቻይና፡ ኪዩባ፡ ኤርትራ፡ ኢራን፡ ሰሜን ኮርያ፡ ኒካራጓ፡ ፓኪስታን፡ ሩስያ፡ ስዑዲ ዓረብ፡ ታጃኪስታንን ቱርክሜንስታንን ኣብቲ ዝርዝር ይርከባ። ብመሰረት እዚ ዝርዝር'ዚ፡ ስክፍታ ምኽባር ናጽነት እምነት ናይ ኣሜሪካ ኣብ ጂኦፖለቲካዊ ረብሓታት ኣሜሪካ መሰረት ዝገበረ ምዃኑ ንምርድኡ ኣየጸግምን። ንኤርትራ ብዝምልከት፡ ኣሜሪካ ከምዚ ዝስዕብ ትገልጽ።

> ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ዝኸፍአ ክብረ-ወሰን ምኽባር ናጽነት እምነት ዘለወን ሃገራት ኣፍሪቃ እያ።...ሓደስቲ ትካላት እምነት ብወግዒ

ኣይተመዝገባን። ኣብታ ሃገር ክዓያ ዝተፈቕደለን ኣርባዕተ ናይ እምነት ትካላት፡ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ሱና ምስልምና፡ ሮማዊ ካቶሊክ ቤተ-ክርስትያንን ወንጌላዊት ሉተራዊት ቤተ-ክርስትያንን ጥራይ እየን።

ይኹን እምበር፡ ኤርትራ ናይ ዘመናት ዕድመ ዘለዎ ታሪኽ ስኒት እምነታት እትውንን ሃገር እያ። ክርስትና ኣብ 4ይ ዘመን፡ ምስልምና ድማ ኣብ 7ይ ዘመን ናብ ኤርትራ ኣተዉ። ኤርትራውያን፡ ንዝተፈላለዩ ልምድታት እምነቶም ዓቒቦም ንሓድሕዶም ብምክብባርን ምርድዳእን ብሰላምን ስኒትን ተወሃሂዶም ብሓባር ይነብሩ። ብዘይካ'ቲ ኣብ እዋን ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ዘጋጠመን፡ ብውሕልነት ለባማትን ዓበይቲ ሽማግለታትን ንሓዋሩ ዝተፈትሐን፡ ካልእ ምግርጫው እምነታት ኣብ ኤርትራ ኣጋጢሙ ኣይፈልጥን። እዞም ሓቅታት እዚኣቶም ምስቲ *ዝኽፍአ ክብረ-ወሰን ምኽባር ናጽነት እምነት ኣብ ኣፍሪቃ* ዘለዋ ተባሂሉ ንኤርትራ ዝተዋህበ መግለጺ ብፍጹም ኣይሳነዩን። ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ተደጋጊሙ ከም ዝተገለጸ፡ ኣብ ናጽነት እምነታት ስክፍታ ኣሎና ብምባል ዝቐርቡ መግለጺታት፡ ንሃገር ናይ ምብትታንን ምድኻምን ሕቡእ ዕላማ ከም ዘለዎም ኤርትራውያን ካብ ሕሉፍ ተመኩሮኣም ብዝግባእ ዝነቕሑሉ ጉዳይ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ድማ'ዩ፡ መትከል ሃገራዊ ሓድነት፡ ኣብ ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ ከም መሰረት ኵሉም መደባት ዝተገለጸ። *"ንኹሉ ከፋፋሊ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታትን ተግባራትን ብምንጻግ፡ ንሃገራዊ ረብሓ ልዕሊ ኵሉ ምስራዕ'* ከም ዘድሊ ድማ ሃገራዊ ቻርተር ብንጹር የስምረሉ። ኵሉ ከም ዝፈልጦ፡ ንሓድሕዳ ዝተኸፋፈለት ቤት ክትቀውም ኣይከኣላን'ዩ!

ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝቐርብ ካልእ ጠቕነ ንግብረ-ሽበራ ብምድጋፍ ምኽንያት ዘይምርግጋእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኰይና ዝብል እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ 23 ታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ናይ ኣጽዋር እገዳ፡ ምድስካል ሕሳባት ከምኡውን ክልከላ መገሻታት ሓለፍቲ መንግስቲ ዝገብር ውሳነ ኣሕሊፉ። ምኽንያት ናይዞም እገዳታት፡

ኤርትራ ኣብ ሶማልያ ንዝርከብ ዕጡቕ ሓይሊ ትድግፍ'ያ ከምኡውን ንሰራዊታ ካብ ዶባት ጅቡቲ ንኽትስሕብ ብባይቶ ጸጥታ ንዝተገብረ ጻውዒት ኣይተቐበለትን ዝብሉ ነበሩ። እቲ መግለጺ ውሳነ ኣስዒቡ፡

*ኤርትራ፡ ንሰራዊታ ናብቲ ምስ ጅቡቲ ቅድሚ ምግርጫዉ ዝነበሮ ስፍራ ክትመልሶ፡ ነቲ ናይ ዶብ ሕቶ ብምቕባል ኸኣ ምስ ቤት ጽሕፈት ዋና ጸሓፊ ናይቲ ውድብ ክትተሓባበር ባይቶ ጸጥታ ደጊሙ ይሓትት። ብተወሳኺ፡ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ንሶማል ናይ ምህዋኽን ንመሰጋገሪ ፌደራላዊ መንግስቲ ሶማል ናይ ምዕላውን ስጕምትታቱ ደው ንኸብል ንጸውዕ፡ ይብል።*

እዞም እገዳታት እዚኣቶም፡ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ውዕል ሰላም ምስ ተፈረመ፡ ብውሳነ ባይቶ ጸጥታ ቍጽሪ 2444 ኣብ 2018 ተላዒሎም። ኣቐድም ኣቢሉ፡ ባይቶ ጸጥታ ኣብ 2014 ብዝገበሮ ገምጋም፡ በዚ ባይቶ ንዝተመሓላለፉ ውሳነታት ኤርትራ ከም ዝጣሓሰት ዘረድእ ዝኾነ መርትዖ ኣይተረኽበን ብምባል ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወሰኑ እገዳታት ንኽለዓሉ እማመ ቀሪቡ ነይሩ። ኩለን ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ነዚ እማመ ክድግፋ ከለዋ፡ ኣሜሪካ ግና ናይ ቀውፊ መሰላ ተጠቒማ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወሰነ እገዳ ከም ዝቕጽል ገበረት።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ 2005፡ ንንጥፈታት ዘይመንግስታዊ ትካላት ዝምልከት ኣዋጅ ቍጽሪ 145/2005 ኣውጺኡ። በዚ መሰረት፡ ዘይመንግስታዊ ትካላት ኣብ ዕማማት ረድኤትን ተሓድሶን ጥራይ ብዝምልከቶ መንግስታዊ ኣካል ተማእዚዘን ክዓያ፡ ወጻኢታት መካየዲ ስርሐን ካብ ጠቕላላ ባጀት 10% ከይዛይድን ስሩዕ ዓመታዊ ጸብጻብ ሕሳብ ከቕርባን ዝብሉ ድንጋገታት ተገብሩ። ብኡንብኡ ማዕከናት ዜና ምዕራብ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ዝጐድእ፡ ድኻ ንዝኾነት ሃገር ዘየዋጽእ ብዝብሉን ካልኦትን ነዚ ኣዋጅ ተቓወምኦ። ሰሊኹ ካብ ዝወጸ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ጸሓፊት ጕዳያት ወጻኢ ኣሜሪካ ዝነበረት ሂላሪ ክሊንተንን ኣምባሳደር ኣሜሪካ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ሮናልድ ማክመለንን፡ ሂላሪ ክሊንተን

ንኤርትራ "ሕማቕ ናይ ጸቡቕ ኣብነት ምሕደራ" ብምባል ከም ዝገለጸታ ዊኪሊክስ ኣቃሊዑ።

## 5. ናይ መጻኢ ጕደና

ንኣሜሪካ ብዘይዝኾነ ተቐናቓኒ ልዕለ-ሓያል ዓለምና ዝገበረ፡ ዘመነ እንኮ ቍጥባዊ፡ ስርዓት ናብ ምውዳእ ገጹ ይኸይድ ኣሎ። ታሪኽ፡ ልዕሊ ኲሉ፡ ኣየኽተመን!! ኣሜሪካ ንዓቢ ይኹን ንእሽቶ ሃገር ሓይላ ንኸተርኢ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳኸበዳ ይመጽእ ኣሎ። ብፍላይ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ንጕዳይ ዩክሬን ብዝምልከት ኣብ ሓፈሻዊ ጕባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምስ ረብሓ ኣሜሪካ ዘይሳነ ድምጺ ይህባ ምህላወንን፡ ተመሳሳሊ ተቓውሞታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳሰፍሐ ይኸዱ ምህላዎም፡ ሓደ መርኣያ ምንቕልቃል ምልኪ ኣሜሪካ እዩ። ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት፡ ከምዚ ዝበለ ምሃብ ድምጺ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝሕሰብ ኣይነበረን። ሓፈሻዊ ጕባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዓብላሊ ድምጺ ንምሉእ ኣባልነት ፍልስጤም ምቕባሉን፡ ኣሜሪካ ምስ ውሑዳት ሃገራት ጥራይ ምቅዋማን ካልእ ኣብነት ውድቀት ዕብለላ ኣሜሪካ ኣብ ኣህጕራዊ መድረኽ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ገዚፍ ሃገራዊ ዕዳን ተተፋናኒ ዘቤታዊ ፖለቲካን ቅርጻዊ ብድሆታት ኣሜሪካ እዮም።

ከምዚ ክንብል ከሎና ግና፡ ኣሜሪካ ፈጺማ መሪሕነታ ኣጥፊኣ ኣላ ማለት ኣይኰነን። ኣሜሪካ፡ ክሳዕ ሕጂ ብቑጠባ ኣብ ቀዳማይ ተርታ ትርከብ፡ ዝዓበየ ዓቕሚ ሰራዊት ትውንንን ኣብ ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጅን መራሒት ዘላ ሃገር እያ። ሓቂ እዩ፡ ካልኦት ሃገራት ቕልጡፍ ብዝኾነ ናህሪ የርክባኣ ኣለዋ።

ምውዳቕ ኣሜሪካ ከም እንኮ ሓያል ሃገር፡ ንጽልዋታታን ተጻብኦን ኣሜሪካን ይድርትን፡ ንኻልኦት ሃገራት ከኣ ዕድል ዝኸፍትን ኣጋጣሚ እዩ። ይኹን እምበር፡ ስግኣታትውን ኣሎዎ። ብቐዳምነት፡ ልዕለ-ሓያል ሃገር ንዓብላልነቱ ብቐሊሉ ከም ዘይሓድግ ታሪኽ ዘመልክቶ ሓቂ እዩ። ኣሜሪካ ምስ ቻይና ተርእዮ ዘላ ምፍጣጥ ከም ኣብነት ናይዚ ክውሰድ ይከኣል። ስነ-ፍልጠታውን

ቴክኖሎጅያውን ገስጋሳት፡ ብፍላይ ኣብ ስነ-ኣጽዋር ኩናት ኣዝዩ እናተራቐቐ ይኸይድ ምህላዉ መጻኢ ዕጫ ደቂ ሰባት ኣብ ኣዝዩ ኣሰጋኢ ኩነታት ምህላዉ የመልክት።

ብኣካልኣይ ደረጃ፡ ሓደስቲ ሓይልታትን ሓደስቲ ሓይላት ዝመስላን ነዚ ዝተፈጥረ ሃጓፍ ንምምላእ ዝገብርኦ ውድድር ከባብያውን ዓለማውን ሰላምን ድሕንነትን ናይ ምዝራግ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎዎ። ንቐይሕ ባሕርን ከባቢኡን ንምቍጽጻርን ዝግበር ጽዑቕ ዞባዊ ውድድር ኣብ ህዝብታት ናይዚ ከባቢ (ሱዳን፡ ሶማልን የመንን) ዘውረዶ ሳዕቤን ጭቡጥ ኣብነት ናይዚ ስግኣት እዩ። ንጉዳይ ሱዳን እንተርኢና፡ ቀንዲ ምንጪ ናይቲ ጸገም ጕድለት ምሕደራን ብኩራት መደባት ህንጸት ሃገርን ተኸታተልቲ ስርዓታት ናይታ ሃገር እዩ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ግርጭት ሱዳን ንሓደ ወይ ነቲ ካልእ ተጻራሪ ወገን ብምድጋፍ ዝግበር ዘሎ ግዳማዊ ምትእትታው ሓደስቲ ሓይልታት ከባቢና፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሱዳን ብቐሊሉ ዘይሓዊ ስቓይ የውርድ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ንኸባቢና ብኣሉታ ክጸሉ ዝኽእል ምብትታን ሱዳን ናይ ምውራድ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎዎ። ኣብ ዞባና፡ ግዳይ ናይ ከምዚ ዝበለ ሓደገኛ ምትእትታዋት ሱዳን ጥራይ ዘይምኳና ኸኣ እቲ ብዝያዳ ዘሻቕል ጕዳይ እዩ።

ኣብ መንጎ እቶም ኣብ ምምዕባል ዝርከቡ ውጹዓት ህዝብታት ዓለምና እንዳዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ንቕሓትን ሓድነትን፡ ልዕሊ ምውዳቕ እንኮ ቍጥባዊ ስርዓት ዓለምና ልዑል ተስፋ ዜሕድር ምዕባለ እዩ። ቍጠባዊ ጸገማት፡ ከባብያዊ መዓት፡ ዘየቋርጽ ኲናትን ከም ሞትን ዕንወትን ዝበሉ ተዛመድቲ ስቅያትን ንዝሰፍሐ ህዝቢ ዓለም ካብ ድቃሱ ኣበራቢሩ፡ ንለውጢ ከም ዝዕጠቕ ገይርዎ ኣሎ። ከምዚ ዝበለ ናይ ለውጢ ጠለብ፡ ካብቶም ብሰንኪ ምዝመዛ ሓድሽ መግዛእቲ (neo-colonialism) ግዳይ ዝኸፍኡ ስቓይ ዝኹኑ ዘለዉ ህዝብታት ብዝያዳ ይስማዕ።

ከምዚ ክንብል ከሎና ግና እወታዊ ለውጢ ብዘይ ጸገም ክመጽእ እዩ ማለትና ኣይኮነን። ኣብዚ ዘሎናዮ እዋን፡ ከም መውጽኢ ሕርቃን ኤውሮጳ፡ የማናዊ

ስነ-ሓሳብ ዝኽተሉ ሰልፍታት ኣብ ምርጫታት ኤውሮጳ ብሰፊሑ ይዕወቱ ኣለዉ። ኤውሮጳውያን፡ ብፍላይ መንእሰያት፡ ንጸገማትና ይፈትሑልና እዮም ብምባል ኣብ ልዕሊ ዝጸንሑ ልሂቓን ዝነበሮም እምነት ተጸንቂቑ እዩ። ይኹን እምበር፡ ፍልጠቶም (ንቕሓቶምን)፡ ውዳበን ናይ ምግባር ዓቕሞምን ኣሐዱሎም ነቲ ዝብህግዎ ለውጢ ባዕላቶም ኣብ ክንዲ ዘምጽኡ፡ እምነቶም ኣብ ልዕሊ ሕሉፋት የማናውያን ብምንባር ዝቐለለ ኢሎም ንዝሓሰብዎ ግጉይ ምርጫ ክወስዱ ንዕዘብ ኣሎና።

ሃገራዊ ቻርተር *“ኣብ ኤርትራ ሰላም፡ ፍትሕን ራህዋን እንተዘይሰፊኑ፡ እቲ ብኸቢድ መስዋእቲ ዝተረኽበ ናጽነት ትርጉም ኣይህልዎን’ዩ”* ይብል። ምርግጋጽ ሰላም፡ ፍትሕን ራህዋን ናይ ኤርትራ ንበይኑ ብዘይ ሰላም፡ ፍትሕን ራህዋን ከባቢናን ክንዮኡን ኣድማዒ ውጽኢት ከምጽእ ኣይክእልን። ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ እንተንጽቡቕ፡ እንተንሕማቕ ብሓባር ምጉዓዝ ዕጫአን እዩ። እዚ ናይ ሓባር ጉዕዞ’ዚ፡ ካብ ታሪኻዊ ጌጋታት ግቡእ ትምህርቲ ምቕሳም፡ ግዳይ ንዝገብረካ ሃቐነታት ምልኪ ብትብዓት ምንጻግን ካብ ናይ ጽግዕተኛ ኣተሓሳስባ ሓራ ምዃንን ይሓትት።

ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ንዝተፈጥረ ጂኦፖለቲካዊ ለውጢ ኣሰራርዓ ናይ ከባቢናን ዓለምን ኣብ ረብሓአን ንምውዓል፡ ብሓባር ክዓያን ሕቡእ ኣጀንዳታት ከለልያን እዋኑ ዝጠልቦ ግዴታአን እዩ። ህዝቢ ናይዚ ከባቢ’ዚ፡ ወሳኒ ዕድሉ ባዕሉ ንኪኸውን፡ ነዚ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ሸለል ብምባል ክሕልፎ ብዝኾነ መለክዒ ዘዋጽእ ኣይኰነን።

# መወከሲ ጽሑፋት

‘IGAD - Intergovernmental Authority on Development’, https://archive.uneca.org/oria/pages/igad-intergovernmental-authority-development, (visited on the 17th of July, 2024).

A.A. Abdussalam and F.S.Abusedra, ‘The Colonial Economy: North Africa: Libya, Egypt and the Sudan’ in A.Abdu Boahen (ed), *General History of Africa: Africa under Colonial Domination 1880-1935* (California: University of California Press, 1985) vol. 7, 440-457.

Adu Boahen, ‘Africa and the Colonial Challenge’, in A. Adu Boahen (ed), *Africa under Colonial Domination 1880*-1935, (California: University of California Press, 1985) vol. 7, 1-18.

Adulis, *The EPLF and its relations with democratic movements in Ethiopia*, Vol. no.11 1985 review of African Political economy, found at http://www.jstor.org/stable/4005589 (accessed July 30th, 2024,).

Alemseged Tesfai, Aynfelale, 2001.

Amanuel Biedemariam, The History of the US in Eritrea: From Franklin D. Roosevelt to Barak Obama and How Donald Trump Changed the Course of History’, lulu.com, 2020.

Awet T. Weldemichael, *African Diplomacy of Liberation. The Case of Eritrea’s Search for an “African India”*, Cahiers d’études africaines [Online], 212 | 2013, Online since 16 December 2015, connection on 10 December 2020; DOI

https://doi.org/10.4000/etudesafricaines.17542, (accessed July 30th, 2024).

Barrera G. Patrilinearity, race, and identity: the upbringing of Italo-Eritreans during Italian colonialism. Italian colonialism. 2005:97-108.

Bartolini G, editor. A history of international law in Italy, (Oxford University Press; 2020).

Basil Davidson, Lionel Cliffe and Bereket Habteslassie, *Behind the War in Eritrea*, Spokesman publishers, 1980.

Bereketeab R. '*Eritrea: The making of a nation 1890-1991'* (Doctoral dissertation, Acta Universitatis Upsaliensis).

Chelati Dirar U. Colonialism and the construction of national identities: The case of Eritrea. Journal of Eastern African Studies. 2007 Jul 1;1(2):256-76.

Dan Connell, Against All Odds: The Second Siege of Eritrea, Eritrean Studies Review, Vol. 3 No. 2, 1999, pp 191-192.

Dan Connell, *Against all odds; A Chronicle of the Eritrean Revolution,* The Red Sea Press Inc*. 1993.*

Dulles, John Foster, United States Representative to the Fifth General Assembly of the UN.

Elias Götz, et al, 'How African states voted on Russia's war in Ukraine at the United Nations — and what it means for the West', https://www.diis.dk/en/research/how-african-states-voted-on-russias-war-in-ukraine-the-united-nations-and-what-it-means, (visited on the 24th of July, 2024).

Eritrean Liberation Front, *Eritrea: The national democratic revolution versus Ethiopian Expansionism*, Foreign information centre 1979.

Eritrean People's Liberation Front, *Memorandum*, Hoover institution 1978.

Eritrean People's Liberation Front, *National Democratic Program,* 1987.

Eritrean People's Liberation Front, *Political Report & National Democratic Programme adopted in 1987*, Hdri Publishers, 2007.

*Eritrean Referendum: Reinforcement of the Bullet by Ballot,* article written on Shabait.com.

Ewan Sutherland, 'The Scramble for Africa' (Paper presented for the 35th Telecommunications Policy Research Conference, George Mason University, Arlington 28-30 September 2000, available at http://www.3wan.net/.

Fausto Biloslavo, The Scam of Fake Eritrean Refugees who are actually Ethiopians, https://tesfanews.com/scam-false-eritrean-refugees-actually-ethiopians/ (accessed 23 July 2024).

Gaim Kibreab, Critical reflections on the Eritrean War of Independence, The Red Sea Press Inc., 2008.

George W. Shepherd, 'Free Eritrea: Linchpin for Stability and Peace on the Horn', Africa Today, Vol. 40, No. 2, The Horn of Africa: Reconstructing Political Order, 1993.

Ghelawdewos Araya, 'Eritrea: A Political Economy of Transition', A paper presented at Economic Policy Conference on Eritrea, Organized by the University of Asmara, 1991.

Göte Hansson, 'Building New States: Lessons from Eritrea', Discussion Paper No. 2001/66, World Institute for development Economics Research.

Habtu Ghebre-ab, 'Massacre at Wekidiba: The Tragic story of a Village in Eritrea', Red Sea Press, 2013.

Haggai Erlich, *The struggle over Eritrea 1962-1978: War and Revolution in the horn of Africa*, Hoover press publication 1983, 43-54.

Haile B., 'The collusion on Eritrea' (2000).

Hess RL. Italy and Africa: colonial ambitions in the First World War. The Journal of African History. 1963 Mar;4(1):105-26.

Inter-Allied Declaration Against Acts of Dispossession Committed in Territories under Enemy Occupation or Control, PP 443-444.

Isaias Afewerki, ‘Achieving Global Human Security: Eritrea’s View’, a paper presented at the biennial on International Development Conference, Washington, DC, 1995. Reprinted in the Eritrea Profile, the 31st of January, 1995.

Isaias Afewerki, President of the State of Eritrea, Public question and answer session, 1998.

James Firebrace & Stuart Holland MP, *Never Kneel Down; Drought, Development and Liberation in Eritrea*, The Red Sea Press Inc*. 1985.*

John Bolton, ‘Surender is Not an Option: Defending America at the United Nations and abroad, Threshold Editions, 2007.

Kidane Mengisteab, ‘Some Latent Factors in the Ethio-Eritrean Conflict’, Eritrean Studies Review Vol. 3, No.2(1999).

Kjeti Tronvoll, ‘The Eritrean referendum: Peasant Voices’, Eritrean Studies Review V1No.1(1996).

Lambert Ebitu, ‘Eritrea paying the price for daring Africa to become self-reliant’, African Interest, https://africainterest.org/eritrea-paying-the-price-for-daring-africa-to-become-self-reliant/#google_vignette, (visited on the 20th of July, 2024).

Lass-Westphal, Ingeborg. "Protestant Missions During and After the Italo-Ethiopian War, 1935-1937." *Journal of Ethiopian Studies* 10, no. 1 (1972): 89-101.zh.

Leenco Lata, ‘The Ethiopia-Eritrea War’, Review of African Political Economy, Vol. 30, No. 97, The Horn of Conflict (2003).

Lionel Cliffe & Basil Davidson, The long struggle of Eritrea for independence and constructive peace, The Red Sea Printing Press Inc. 1988.

Longrigg, Stephen H., HalfYearly Report by the Military Administrator on the Occupied Enemy Territory of Eritrea 1942.

Los Angeles Times, 'Eritrea aspires to be self-reliant, rejecting foreign aid', https://www.latimes.com/world/la-fg-eritrea2oct02-story.html, (visited on the 20th of July, 2024).

Macro-policy, The Government of the State of Eritrea, 1994.

Mary Dines, The Long Struggle of Eritrea for Independence and Constructive Peace, Lionel Cliffe and Basil Davidson (ed), 1988.

Michael and Trish Johnson, 'Eritrea: The National Question and the Logic of Protracted Struggle', 80 (319) African Affairs 181 (1981).

Michela Wrong, 'I Didn't Do It for You: How the World Betrayed a Small African Nation', London and New York Fourth Estate, 2005.

Mohammad AS. Competing identities and the emergence of Eritrean nationalism between 1941 and 1952. InAfrican Dynamics in a Multipolar World: 5th European Conference on African Studies–Conference Proceedings 2014 (pp. 1376-1408). Centro de Estudos Internacionais do Instituto Universitário de Lisboa (ISCTE-IUL).

Morten J, Strangio D, Weisdorf JL. A Case of Its Own? A Review of Italy's Colonisation of Eritrea, 1890-1941. The Journal of European Economic History. 2021;50(1/2021):99-132.

Musisi S. and Kinyanda E., 'Long-Term Impact of War, Civil War, and Persecution in Civilian Populations — Conflict and Post-Traumatic Stress in African Communities', 11 Frontiers in Psychiatry, https://doi.org/10.3389/fpsyt.2020.00020

Negash, T. "Italian colonialism in Eritrea, 1882-1941: Policies, praxis and impact." (1990): 0218-0218.

Nuhad Jamal, 'Development Aid: Eritrea's Practice as an Alternative Model', Prepared for the Eritrean Studies Association (ESA) International Conference "Independent Eritrea: Lessons and Prospects", Asmara, 2001.

Office of International religious Freedom, 'Countries of Particular Concern, Special Watch List Countries, Entities of Particular Concern', https://www.state.gov/countries-of-particular-concern-special-watch-list-countries-entities-of-particular-concern/, (visited on the 20th of July, 2024).

Okbazghi Yohannes, 'Eritrea: A Country in Transition', Review of African Political Economy, No. 57, The Politics of Reconstruction: South Africa, Mozambique & the Horn (Jul., 1993).

Okbazghi Yohannes, *Eritrea, a Pawn in World Politics,* The University of Florida Press., 1991.

Pakhust, Sylvia, 'Eritrea on the Eve', Woodward Green, 1952.

People's Front for Democracy & Justice (PFDJ), *History of Eritrea from ancient times up to independence*, Textbook 2012, 213.

Peter A.K., Politics and Liberation: *The Eritrean Struggle 1961-86*, University of Aarhus 1987, 58.

PFDJ National Charter, adopted at the 3rd National Congress of the EPLF/PFDJ, 1994, Translation by Milena Bereket.

Press Statement, US Department of State, https://www.state.gov/23rd-anniversary-of-the-algiers-agreement-between-the-governments-of-ethiopia-and-eritrea/, (visited on the 19th of July, 2024).

Pretelli M. Education in the Italian colonies during the interwar period. Modern Italy. 2011 Aug;16(3):275-93.

Proclamation No. 145/2005, A Proclamation to Determine the Administration of Non-Governmental Organizations.

Proclamation No. 82/1995, National Service Proclamation.

Provisional government of Eritrea, *Eritrean Referendum Proclamation N. 22, Gazette of Eritrean Laws 1992.*

Redie Bereketeab, 'The Eritrea-Ethiopia Conflict and the Algiers Agreement: Eritrea's Road to Isolation, https://www.researchgate.net/publication/280010587_The_Eritrea-Ethiopia_Conflict_and_the_Algiers_Agreement_Eritreas_March_Down_the_Road_to_Isolation, (visited on the 19th of July, 2024).

Redie Bereketeab, *The Making of a Nation 1890-1991*, Uppsala University, 2000.

Report of the United Nations Commission for Eritrea, General Assembly, Official Records: 5th session, Supplement no.8 (A/1285), 1950. (Four point commission).

Roy Pateman, *Eritrea; Even the stones are burning*, Red Sea Printing Press Inc. 1990.

Ruth Iyob, 'The Ethiopian—Eritrean Conflict: Diasporic vs. Hegemonic States in the Horn of Africa, 1991-2000', Journal of Modern African Studies, Vol. 38, No. 4 (Dec., 2000).

Ruth Iyob, *The Eritrean Struggle for Independence; Domination, Resistance & Nationalism 1941-1993,* African Studies series 82, 88-94.

Saleh A.A. Younis, 'The Eritrean-Ethiopian Conflict or How Ethiophilia Blinded Susan Rice', Eritrean Studies Review, Vol. 3 No. 2, 1999.

Shawn O. Utsey et.al., 'Assessing the Psychological Consequences of Internalized Colonialism on the Psychological Well-Being of Young Adults in Ghana', 41(3) Journal of Black Psychology 195 (2014).

Simon Weldemichael, 'Ona massacre', https://shabait.com/2020/12/05/ona-massacre/ (visited on the 17th of July, 2024).

Siphamadla Zondi and Emmanuel Rejouis, ‘The Ethiopian-Eritrean Border Conflict and the Role of the International Community’, African Journal on Conflict Resolution, Vol. 6 No.2, 2006.

Tate HR. The Italian Colonial Empire. Journal of the Royal African Society. 1941 Apr 1;40(159):146-58.
Teferi Michael et-al, Managing Aid Exit and Transformation Eritrea Country Case Study, 2008, p 31, https://library.alnap.org/system/files/content/resource/files/main/managing-aid-exit-and-transformation-eritrea-coun.pdf, , (visited on the 19th of July, 2024).

Tekie Fessehatzion, *Eritrea: From Federation to Annexation 1952-1962*, Eritreans for peace and democracy publication committee 1990.

Tekie Fessehazion, ‘The Eritrean Referendum of 1993, Eritrean Studies Review Vol. 1, No.1(1996).

Terrence Lyons, ‘Post-Cold War U.S. Policy toward Africa: Hints from the Horn’, The Brookings Review, Vol. 10, No. 1, 1992.

The Economist, ‘A myth of self-reliance’, https://www.economist.com/middle-east-and-africa/2006/04/27/a-myth-of-self-reliance, (visited on the 20th of July, 2024).

The Guardian, ‘Home Office Eritrea guidance softened to reduce asylum seeker numbers’, https://www.theguardian.com/uk-news/2017/jan/22/home-office-eritrea-guidance-softened-to-reduce-asylum-seeker-numbers, (accessed 23 July 2024).

The New York Times, ‘The U.N. General Assembly adopts a resolution in support of Palestinian statehood’, https://www.nytimes.com/live/2024/05/10/world/israel-gaza-war-hamas-rafah, (visited on the 24th of July, 2024).

The Secretary of State for Foreign Affairs, Memorandum to the British Cabinet, 18 April 1946, p 14, British National Archives (BNA).

Trevaskis, G.K.N., Eritrea: A Colony in Transition: 1941-1952, Oxford University Press, London, 1960.

Tseggai A. The economic viability of an independent Eritrea. The University of Nebraska-Lincoln; 1981.

UN General Assembly, 17 May 1949. Http://www.un.org/documents/ga/res/3/ares3.htm.

UN High Commissioner for Refugees (UNHCR), UNHCR Eligibility Guidelines for Assessing the International Protection Needs of Asylum-Seekers from Eritrea, April 2009, https://www.refworld.org/policy/countrypos/unhcr/2009/en/66801 (accessed 23 July 2024).

UN News, 'Eritrea sanctions lifted amid growing rapprochement with Ethiopia: Security Council', https://www.un.org/africarenewal/news/eritrea-sanctions-lifted-amid-growing-rapprochement-ethiopia-security-council, (visited on the 24th of July, 2024).

UN Resolution 390 (A), 1950.

United Nations Economic Commission for Africa, et al, 'Africa MDGs Report 2015 - Lessons Learned', https://www.undp.org/ghana/publications/africa-mdgs-report-2015-lessons-learned, (visited on the 26th of July, 2024).

United Nations Security Council, Resolution 1907, http://unscr.com/en/resolutions/1709, (visited on the 24th of July, 2024).

United Nations, 'At Emergency Special Session, General Assembly Overwhelmingly Backs Membership of Palestine to United Nations, Urges Security Council Support Bid', https://press.un.org/en/2024/ga12599.doc.htm, (visited on the 24th of July, 2024).

United States Commission for International Religious Freedom, https://www.uscirf.gov/countries/eritrea, (visited on the 20th of July, 2024).

US department of State, Incoming Telegram Control 8528, No. 171, 19 August 1949.

USAID/Eritrea, The Investment Partnership between The United States Agency for International Development and the State of Eritrea, October 1997.

Vestal, Theodore M, Consequence of the Brtisih Occupation of Ethiopia during World War II, Rediscovering the British Empire Barry Ward (eds.), Melbourne, FL Krieger, 2001.

Woldeab Woldemariam, *A short history of Eritrea*, Oslo, Norway 1987.

**ዘምህረት ዮሃንስ፤ "መኸተ ኣንጻር ኢጣልያዊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ"፤ ኣሕተምቲ ሕድሪ ኣስመራ** 2010.

